ኢፕድ

# ወጋሕታ

1ይ ዓመት ቑፅሪ 024 14 ሚያዝያ 2013 ዓ.ም ሓሙስ ብር 10.00



# ‹‹ ንሕርሻ ትግራይ ዓብይ ትኹረትን ህፁፅ ሓገዝን የድልይ ››

- ዶክተር ኣባዲ ግርማይ
ሓላፊ ቢሮ ሕርሻ ክልል ትግራይ

**መሰረት ገ/ዮሃንስ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ሐዚ ክንዘርእን ክንሓርስን እንተዘይኺእልና ኣብ ዝመፅእ ሰለስተን ሓሙሽተን ዓመታት ኣብ ዓብይ ፀገም ክንወድቕ ስለንኽእል ንሕርሻ ትግራይ ዓብይ ትኹረትን ህፁፅ ሓገዝን ምሃብ ከምዘድሊ ሓላፊ ቢሮ ሕርሻ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ዶክተር ኣባዲ ግርማይ ገሊፆም።

ዶክተር ኣባዲ ንጋዜጣ ወጋሕታ ከምዝገለፅዎ፣ ምርግጋዕ ኣብ ዘለዎን ዝተወሰነ ኸባቢ ንምሕራስ እናተሞከረ እንተኾነ'ውን እዚ ንምግባር ዘድልዩ ነገራት ማለት ‘ውን እኹል ማዳበርያን ዘርእን የለን።ሓረስታይ ናብ ማሕረስ ንምእታው ድማ ሓገዝ ገንዘብ የድሊ።

መሓውር ሕርሻ ትግራይ ብምፍራሱ የለን ዝበሉ ዶክተር ኣባዲ፣ንዚ ናብ ዝነበሮ ንምምላስ ብር 200 ሚሊዮን ከምዘድልዮ ገሊፆም።ሓገዝ ተዘይተረኺቡ ብጣዕሚ ከቢድ ከምዝኾነ ሓቢሮም።

እቲ መሬት ሐዚ ክሕረስ ከምዘለዎ ዝገለፁ ዶክተር ኣባዲ፣ ንዚ ድማ ናውቲ ማሕረስ፣ማዳበሪያን ዘርኢን ግድን እዩ ኢሎም።ኮይኑ ግና እቲ ዓብይ ፀገም ግዘ እናምለጠና ከምዝኾነን እዚ እዋን እንተሓሊፉ ንምስትኽኻል ኣፀጋሚ ከምዝኾን እቶም ሓላፊ ኣፍሊጦም።

ኣብዚ እዋን ብፍላይ ዘርኢ ኣድላይ ከምዝኾነን፣



ንብጣዕሚ ዘተጎድኡ ኸባቢታት ካብ ዝተፈላለዩ ሓገዝቲ ትካላት ገንዘብ በምትእኽኻብ ክዕደግ ከምዝተገበረን ዝገለፁ ዶክተር ኣባዲ፣ ቀዲሉ መሬት ምሕራስ ክጅመር ነይረዎ ኮይኑ ግና ምስ ዝተፈጠረ ዘይምርግጋዕ ሰላም ንድሕሪት ከምዝተረፈ ሓቢሮም።

ኣብ ትግራይ ንማሕረስ ዝኸውን ብዕራይ ከምዘየለ ዝገለፁ ዶክተር ኣባዲ፣ሓደ ብዕራይ ንምዕዳግ ካብ ብር 25ሽሕ ስጋብ 30 ሽሕ ከምዘድልን ንዚ ድማ ብር 350 ሚሊዮን ከምዘድልይ ኣመልኪቶም።እዚ ንምስትኽኻል እኹል ሓገዝ ተተረኺቡ ትራክተር ብምክራይ ናብ 15ሽሕ ሄክታር መሬት ንምሕራስ እናተሓሰበ ከምዝኾነ ገሊፆም።

ንዚ ድማ ብር 120 ሚሊዮን ከምዘድሊ ሓቢሮም።

ዘርኢ በዝምልከት ካብ ዝተፈላለዩ ሓገዝ ውሃብቲ 120ሽሕ ኩንታል ንምግዛእ ዘኽእል ሓገዝ ቃል ከምዝተኣተውን፣ ኮይኑ ግን ንሕርሻ ትግራይ 600 ሽሕ ኩንታል ዘርኢ ከምዘድልይን ንዚ ድማ ብር 2.4 ቢሊዮን ከምዘድሊ ገሊፆም።ማዳበሪያ ድማ ብውሕነት ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ 800 ኩንታል ግዝኢት ከምተፈፀመ ገሊፆም።

ሓረስታይ'ውን በርቲዑ እንተሓጊዙና ንሕና'ውን እቲ እንኽእሎ ክንገብር እንተኺኢልና ሕርሻ ክጅመር ክኽእል ኣለዎ ዝበሉ ዶክተር ኣባዲ፣እንተናኣሰ ኣብ ቐፃሊ ዓመት ናይ ባዕልና ዘርኢን ቀለብን ንክህልወና ክንሰርሕ ይግባእ ኢሎም።

ትግራዋይ ብፃዕሩ ዝሓልፈሉ ህዝቢ እዩ፣ኣብዚ እዋን ንእሽተይ ሓገዝ እዩ ዘድልዮ ዝበሉ እቶም ሓላፊ፣ ሰላምን ምርግጋዕን ምህላው'ውን ብጣዕሚ ኣገዳሲ እዩ ኢሎም።

ኣብዚ ኸዚ እዋን እናተሓሳሰበና ዘሎ ብእዋኑ ሓሪስና ክንዘርእ ዶ ንኽእል? ዝብል ንኹሉ ዘጨነቕ ጉዳይ እንተኸውን እተን ዝረኸብናየን እታወታት በምጥቃም እቲ ሓረስታይ'ውን ተስፋ ንክገብርን ዘለና ዓቕሚ ተጠቒምና መንግስትን ሕብረተሰብን ብምትሕብባር ሎሚ ዘመን ናብ ሕርሻ ንምእታው ፃዕሪ እናገበርና ክብሉ ገሊፆም።

ንዝተፈለላዩ ትካላት ሓገዝ ንክገብሩ እናሓተትና

‹‹ ንሕርሻ ትግራይ ... 9



## ‹‹ናብ ሱዳን ዝተሰደዱ ኢትዮጵያውያን ንኽምለሱ ድሴት'ኳ እንተሃለዎም ትኽክለኛ ሓበሬታ ክረኽቡ ኣይተገብረን››

- ኣምባሳደር ይበልጣል ኣእምሮ

**መኣግር ገ/ሄር**

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ ክልል ትግራይ ዝተኻየደ ወፍሪ ምኽባር ሕጊ ስዒቡ ካብ መረበቶም ተማዛቢሎም ኣብ ሱዳን ዓቚቦም ዝርከቡ ኢትዮጵያዊያን ተጋሩ ናብ ሃገሮም ክምለሱ ድሌት'ኳ እንተሃለዎም ትኽክለኛ ሓበሬታ ክረኽቡ ኣይተገብረን ክብሉ ኣብ ሱዳን ባዓል ሙሉእ ስልጣን ኣምባሳደር ኢትዮጵያ ይበልጣል ኣእምሮ ገሊፆም፡፡

ኣምባሳደር ይበልጣል ምስ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ኣብ ዝገበርዎ ቓለ መሕትት ከምዝገለፅዎ፣ እዞም ተፋናቐልቲ ናብ ሃገሮም ንክምለሱ ድሌት እኳ እንተሃለዎም ብምኽንያት ናይ ሓሶት ፕሮፖጋንዳ ተመሊስኩም እንተኸይዱኩም ጉድኣት ክበፅሐኩም እዩ ስለ ዝባሃሉ ናብ ሃገሮም ክምለሱ ኣይከኣሉን፡፡

«ሚኒስቴር ሰላም ኢትዮጵያ ብዘለዎ ተመዛበልቲ ናብ ዝርከብዎ ብምኻድ ብኣካል ረኺብና ብዛዕባ ሃገሮም ነባራዊ ኩነታት ንምርዳእ ፈቲና ኢና» ዝበሉ እቶም ኣምባሳደር፣እዞም ዜጋታት ናይ ሓበሬታ ክፍተት ስለ ዘለዎም ብወገን ኢትዮጵያ ዝቐረበ ፃዕሪ ዕውት ከምዘይኮነ ገሊፆም፡፡ ኣብዚ ኩነታት እዚ መንግስቲ

«ናብ ሱዳን... 9

## ኣርባዕተ ቋንቋታት ኢትዮጵያ ዓለምለኽ ኣፍልጦ ንክረኽቡ እናተሰርሐ ከምዝኾነ ተገሊፁ

**መሰረት ገ/ዮሃንስ**

ኣዲስ ኣበባ፡-ኣርባዕተ ቋንቋታት ኢትዮጵያ ብብርኪ ዓለም ለኸ ኣፍልጦ ንክረኽቡ እናሰርሐ ከምዝኾነ ማእኸል ኣርቴፊሻል ኢንተለጀንስ ኢትዮጵያ ኣፍሊጡ፡፡

ዋና ዳይሬክተር እቲ ማእኸል ኢንጅነር ወርቁ ጋቸና ከምዝገለፅዎ ፣ኣብ ኢትዮጵያ ኣርባዕተ ቋንቋታት ማለት እውን ኣምሓርኛ ፣ኣፋን ኦሮሞ ፣ሶማልኛን ትግርኛን ዓለምለኸ ኣፍልጦ ንክረኽቡ ንምግባር ናብ ተግባር ከምዝኣተወ ተዛሪቦም እዮም፡፡

እቲ ማእኸል ንቅድሚት ካልኦት ቋንቋታት በምጥቃም ካብቲ ዘፈር ክረክብ ዝግበኦ ጥቕሚ ንምርካብ ከምዝሰርሕ ዝጠቆሙ ኢንጅነር ወርቁ፣ብጥዕና ፣ብግብርና ፣ብኢንዱስትሪ ፣ፋይናንስ ፣ቋንቋ ፣ትራንስፖርት ፣ትንበያ ኣየርን ብኤይሮ እስፔስ ብትኹረት ንምስራሕ ዓብይ ፃዕሪ እናተገበረ ከምዝርከብ ተዛሪቦም እዮም፡፡

ሰብ ሰራሕ ምስትውዓል ምንነትን ግንዛበን ኣብ ሕብረተሰብ ንምፍጣር ኣድላይ ምኳኑ ስለዝተኣመነሉ እቲ ማእኸል ናይ መጀመርያ ዓውደ መፅናዕትን ዓውደ

ኣርባዕተ ቋንቋታት ... 9



« ኣብ ወፃኢ ዝነብሩ ተጋሩ ብግልፂ ፀረ ትግራይ እዮም »

- ኣይተ ባርያጋብር ኣባይ

ገፅ 5

«ንዝሞተ ህወሓት እናሞተ ዝፅበ ኣካል ክህሉ ኣይግባእን »

- ሌተናል ጄነራል ባጫ ደበሌ

ገፅ 7

ወጋሕታ ዜና

# 20 ኪሎ ሜትር የማን ፀጋም መንገዲ ደብረሲና ኮምቦልቻ ብረት ሒዝካ ምንቅስቓስ ተኣጊዱ

**መሰረት ገ/ዮሃንስ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ሚኒስቴር ምክልኻል ፌዴሪኢ ኣብ ክልል ኣምሓራ ዞባታት ሰሜን ወሎ፣ኦሮሞ ብሄረሰብን ሰሜን ሸዋን ኮማንድ ፖስት ምጥያሹን ካብ ደብረሲና ክሳብ ኮምቦልቻ ኣብ ኣወሰንቲ ወረዳታት መንገዲ የማንን ፀጋምን ክሳብ 20 ኪሎ ሜትር ውሽጢ ኣፅዋር ኩናት ሒዝካ ምንቅስቓስ ከምዘይካኣል ገሊፁ።

እቲ ሚኒስቴር ኣብ ዘውፀዎ መግለፂ ከምዝሓበሮ፣ መንገዲ ምዕፃዉ ሓዊሱ ኣብያተክርስትያናት፣ ትካላት መንግስትን ፣ንብረትን መንበርን ውልቀን ሰባትን ምዕናው ወይድማ ንዚ ተግባር ብጉጅለ ይኹን ብውልቀ ምንቕስቃስ በጥብቂ ዝተኸልከለ ከምዝኾነ ኣፍሊጡ።

ኮማንድ ፖስት ናይቲ ከባቢ ፀጥታ ኣብ ምህዋኽ ስራሕ ዝሳተፉ ጉጅለ ጥፍኣት ስጉምቲ በምውሳድ ልዕልነት ሕጊ ናይ ምርግጋፅ ስራሕ ይሰርሕ ኣሎ ክብል ገሊፁ።

ሰራዊት ምክልኻል ፌዴሪኢ ኣብ ክፋል ሰሜን ሃገርና ክልል ትግራይ ውፅኢታዊ ተልእኾ ምኽባር ሕጊ ብጀግንነት እናሰርሐ ኣብ ዝርከበሉ ኣብዚ ኸዚ እዋን ፣ኣብ ሓደ ሓደ ክፍሊ ሃገርና ፀገም ፀጥታ እናተስተውዓለ ይርከብ።እዚ ኾነ ተባሂሉ ሕገመንግስቲ ተልእኾ ሰራዊት ንምዕንቃፍ ተሓሲቦም ዝተሰርሑ ጥፍኣት ተንኮል ብሰላም ፎታይ ህዝብናን ምክልኻል ሰራዊትናን ብዝተጣመረ ስራሕ ከይተሳኽዐ ተሪፉ ክብል እቲ ሚኒስቴር ገሊፁ እዩ።

ኣብ መስመር መተማ ንዘመናት ሓቢሮም ዝነበሩ ኣብ መንጎ ቅማንትን ተወለድቲ ኣምሓራን ዝተፈጠሩ ፀገም ፀጥታ ሓይሊ ፀጥታ ፌደራልን ናይቲ ክልልን ምስ ሕብረተሰብን ሽማግለታት ዓድን ብሓባር በምስራሕ ዝተፈጠሩ ፀገማት ፀጥታ ንምፍታሕ እናተሰርሐ እዩ።

ኣብ ወለጋ ቡሬ መስመር ፣በጊዳ ኣያና ፣ኣንገር ጉቴ ኣዋሰንቲ ኸባቢታት ንነዊሕ እዋን ሓቢሮም ዝነበሩ ነበርቲ ክልል ኣምሓራን ኦሮምያን ኾነ ተባሂሉ ጎንፂ ንክፍጠር ዝተገበረ ፈተነ በቲ ኸባቢ ሕብረተሰብ ምትሕብባር ናብ ሰላማዊ ኩነታት ንምምላስ ከምዝተኽኣለ እቲ ሚኒስቴር ኣፍሊጡ።

ምንቅስቓስ ኣታዊን ወፃኢን ንግዲ ኢትዮጵያ ንምትእጉዳል በምሕሳብ ኣብ ሶማሌን ዓፋር ኢሳ ህዝብታት ንምጉናፅ ዝተሰርሐ ሽርሒ ብምትሕብባር ናይቲ ኸባቢ ህብረተሰብ ናብ ሰላማዊ ኩነታት ከምተመለሰ ኣመልኪቱ።




ኣብዚ ሰሙን ኣብ ዞባታት ሰሜን ሸዋ፣ ደቡብ ወሎ፣ ፍሉይ ዞባ ኦሮሞ ወረዳታት ብፍላይ ኣብ ኣጣዬ ከተማን ኸባቢኡን ብዝተዓጠቑ ሓይልታት ኣብ ህይወት ሰብን ንብረትን ብዝበፅሐ ዕንወት ሚንስቴር ምክልኻል ፌዴሪኢ ዝተሰመዖ ሓዘን እናገለፀ በዚ ሓደጋ ዝተጎድኡ ወገናት ፅንዓት ንክህቦም ተመንዩ።

ኣብዚ ፀገም ፀጥታ ተሳተፍቲ ዝኾኑ ገበነኛታት ኣብ ትሕቲ ቑፅፅር ንምውዓልን ከምኡ'ውን ብረት ብምሓዝ ኣብ ፀጥታ ኣካላት ተኹሲ ዝኸፈቱ ፣ናይቲ ሰራዊት ምቕስቃስ ዝዓገቱ ፀረ ሰላም ሓይልታት ሰራዊት ስጉምቲ ምውሳድ ከምዝጀመረ ዝገለፀ፣ እቲ ሚንስቴር ፣መንገድ ምዕፃው ሓዊሱ ሕብረተሰብ ብምህዋኽ ዝተዋፈሩ ኣካላት ካብ ተግባሮም ንክቑጠቡ ሚኒስቴር ምክልኻል ፌዴሪኢ ብጥብቂ ኣታሓሳሲቡ እዩ።

ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘሩ ኣብ ቀፃሊ እቲ ኮማንድ ፖስት ንሕብረተሰብ ዝገልፆ ክልከላታት ጢሒሱ ዝተረኸበ ፓርቲ ፖለቲካ ፣መንግስታዊ መሓውርን ጉጅለን ሕጋዊ ስጉምቲ ዝውሰድ ምኻኑ ክፍለጥ ኣለዎ ክብል ኣብቲ መግለፂ ሓቢሩ እዩ።

ኣብ መወዳእታ መላእ ሕብረተሰብ ከምወትርኡ ኹሉ ምስ ኣካላት ፀጥታ ብምስላፍ ንሃገርና ሰላምን ድሕንነትን ናይ ግድኡ ንክሰርሕ ፃውዒት ኣቕሪቡ ።

# ዜጋታት ካርድ መረፃ ወሲዶም ዴሞክራሲያዊ መሰሎም ክጥቀሙ ይግባእ ተባሂሉ

**መሰረት ገ/ዮሃንስ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ዜጋታት ካርድ መረፃ ወሲዶም ዴሞክራሲያዊ መሰሎም ክጥቀሙ ከምዝግባእ ቤት ፅሕፈት ቀዳማይ ሚኒስትር ኣተሓሳሲቡ።

እቲ ቤት ፅሕፈት 6ይ ሃገራዊ መረፃ ኣመልኪቱ ኣብ ዘውፅኦ መግለፂ፣ካብ 2010 ዓ.ም ጀሚሩ ሃገር እናመሓደረ ዝርከብ ኣመራርሓ ፖለቲካዊ ምህዳር ንምስፋሕን ኣብ ፍልጠት ዝተመርኮዘ ዴሞክራሲያዊ ዝኾነ ምዕሩይ ከባቢ ንኽህሉን ብቆራፅነት ጎዳና ዴሞክራሲያዊነት ሒዙ ከምዝርከብ ኣፍሊጡ።

እቲ ሽቶ ብዘይ ዝኾነ ይኹን ማሕለኻ ከምዘይዕወት ዝገለፀ ቤት ፅሕፈት ቐዳማይ ሚኒስትር፣መንግስቲ ፌዴራል ዴሞክራሲያዊነት ሒዙ ንምጉዓዝ ፅኑዕ ድሌት ከምዘለዎ ኣብሪሁ።

ነባር ምምሕዳር ዴሞክራሲያዊ ኣገዛዝኣ ካብ ዘይምህናፅ ብዝብገስ፣ ኣብዚ ሕዚ እዋን ኢትዮጵያ ጥንኩርን ጥዑይን ዴሞክራሲያዊ ባህሊን ልምዲን ንኽህልዋ ኣድለይቲ ትካላትን ኣተሓሳስባታትን ንምህናፅ ፈታኒ ኩነታት ተጋፊጣ ኢያ ኢሉ።

‹‹ኢትዮጵያውያን 'ውን ሃገሮም ንታሪኻን ንድሌት ኩሩዕ ህዝባን ዝምጥን፤ ከምኡ'ውን ዘለዋ መሊኡ ዝተረፈ ዓቕሚ ዕቤት ብዘማእኸለ ኩነታት ሃገሮም ናብ ሓዱሽ ምምሕዳርን ዘበነ ምዕባለን ንምስግጋር ዕድል ቀሪቡሎም ኣሎ” ክብል ገሊፁ።

እቲ ቤት ፅሕፈት ኣብ መግለፂኡ፣ ሰላማዊን ሕጋዊን መረፃ ንምክያድ ካብ ፖሊስ ፌዴራል፣ ላዕለዋይ ዓቃቢ ሕጊ፣ ኣገልግሎት ብሄራዊ ሓበሬታን ድሕንነትን፣ ሚኒስቴር ምክልኻልን ኣመራርሓታት ክልላትን ዝተውፃእፀአ ሃገር ለኸ ኮሚቴ ድሕንነት መረፃ ከምዝተጣየሸ ኣብሪሁ።

ዜጋታት ብናፅነት ናይ ምምራፅ ሕገ-መንግስታዊ መሰሎም ንኽጥቀሙ ግደ መንግስቲ እንታይ ክኸውን ከምዘለዎ ልዝባት እናተኻየዱ ከምዝፀንሑ'ውን ገሊፁ።

እቲ ኮሚቴ፣ ቅልውላው ክፍጠር ከምዝኽእል ኣንፈት ዝተርኣየሎም ከባቢታት ንምፍላይ ስጉምቲታት ወሲዱ ኢዩ።

ምስ መረፃ ተተሓሒዞም ዝለዓሉ ቅሬታታት ንምትእንጋድ ድማ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ፌዴራል ቅሬታ መረፃ ዝሰምዐሎም መጋባእያታት ከምዘጣየሸ ተገሊፁ።

ፓርቲታት ፖለቲካ ኣብ መላእ ሃገር ጎስጓስ መረፃ እናካየዱ ከምዝርከቡ ዝሓበረ እቲ መግለፂ፣ መረፅቲ ኣብ ፍልጠት ዝተመርኮሰ ውሳነ ምሃብ ንኽኽእሉ ረብሓኦም ዝተመስከረሎም ዘይሻራዊ ትካላት መራኸብቲ ሓፋሽን ትካላት ሲቪክ ማሕበረሰብን ዝሳተፉሎም ክትዓት ፓርቲታት ፖለቲካ እናተኻየደ ከምዝኾነ ኣፍሊጡ።

ቐዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ'ውን ዴሞክራሲ ንኽስፋሕፋሕ ብዝብል ምስ ፕሬዚዳንታት ክልልን ኣመራርሓታት ቦርድ መረፃን ዝገብሩዎ ኣኼባ ክቕፅል ብምግባር፣ ከይዲ ምድላው ቅድመ መረፃ ዝረአዩ ማሕለኻታትን ፀገማትን ብምፍላይ ናይ ምፍታሕ ፃዕሮም ቐፂሎምሉ ኣለዉ ኢሉ።

ብመሰረት እዚ ድማ 18 ለካቲት 2013 ዓ.ምን 8 ሚያዝያ ዓ.ምን እቶም ቐዳማይ ሚኒስትር ብመርበብ ሓበሬታ ዝተሓገዘ ኣኼባ፣ በቢክልሉ ኣፈፃፅማ ጉዳያት ፀጥታን ድሕንነትን ኩነታት ምድላው ጣቢያታት መረፃን ተኸታቲሎም ኢዮም።

መረፃ ዝካየደሉ ግዘ ውሑዳት ሰሙናት ዝተረፉዎ ስለዝኾነ፣ ዜጋታት ዝተረፈ ግዜኦም ብምጥቃም ካርድ መረፃ ወሲዶም ዴሞክራሲያዊ መሰሎም ንኽጥቀሙን ኣብ ሓፈሻዊ ከይዲ መረፃ ሃናፂ ተሳትፎ ብምግባር ናፃን ፍትሓዊን መረፃ ንኽካየድ ሓበራዊ ፃዕሪ ንኽገብሩ ፀዊዑ።

# ‹‹ ኢትዮጵያ እትብልፅገሉ እዋን ርሑቕ ኣይኮውንን ››

ቐዳማይ ሚኒስትር
ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ

**ትርሓስ ፍቃዱ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ልክዕ ከም ኤጀንሲ መረብ ኢንፎርሜሽን ደሕንነት ዓበይቲ ማሕለኻታት ከምዘጋጠምዎ፤ኢትዮጵያ ፈተናታት እንተጋጠምዋ'ውን እዞም ፀገማት ሓሊፉ እትብልፅገሉ እዋን ርሑቕ ኣይክኸውንን እዩ ክብሉ ቐዳማይ ሚኒስትር ፌዴሪኢ ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ ገሊፆም።

ቐዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ ኣብ ክፍለ ከተማ ቂርቆስ ወሎ ሰፈር እናተብሃለ ዝፅዋዕ ኸባቢ፤ኤጀንሲ መረብ ኢንፎርሜሽን ደሕንነት ዘህነፆ ገዚፍን ዘበናውን ህንፃ ዋና ቤት ፅሕፈት መሪቖም እንትኸፍቱ ከምዝገለፅዎ፤እቲ ኤጀንሲ ብርክት ዝበሉ ፀገማት ሓሊፉ ዘሳኸፆም ውፅኢታት ብልፅግና ኢትዮጵያ ግድን ከምዝኾነ ዘመላኽት እዩ ኢሎም።

ትካል ኤጀንሲ መረብ ኢንፎርሜሽን ደሕንነት ንምቕያር ዝነበሮ ውፃእ ውረድ፤ሐዚ ኣብ ኢትዮጵያ ዝርኣይ ዘሎ ወድዓዊ ኹነታት ዝፍለይ ኣይኮነን ዝበሉ እቶም ቐዳማይ ሚኒስትር፤ኤጀንሲ መረብ ኢንፎርሜሽን ደሕንነት ሶፍትዌር ንሃገራት ወፃኢ ሸይጡ ሽርፊ ወፃኢ ምርካብ እናተኽኣለ፤ስርዓት ክፍሊት ባንኪ ንግዲ ኢትዮጵያ ዘበናዊ እንትገብር፣ኣብ ዝተወሰነ ክፋል ኣዲስ ኣበባ ሲስተም ካሜራ ምትካል እንትከኣልን፤ኣብ ዝተፈላለዩ ትካላት ብርክት ዝበሉ ስራሕቲ እንትስርሑ እቲ ትካል እናጋጠምዎ ዝነበሩ ፈተናታት እናሓለፈ ኸይዱ፤ኣብዚ ከምዝበፅሐን ኢትዮጵያ ሐዚ ንዘጋጠማ ምድፍፋኣት፣ሓሜትን ሓሊፉ ብልፅግና ጋህዲ ክትገብር እያ ኢሎም።

እቲ ኤጀንሲ ሰብ ብሩህ ኣእምሮ ምእካብ ጥራሕ ዘይኮነስ እዞም ሰባት ናይ ባዕሎም ኩባንያ ሃልይዎም ክህፍትሙን ኢትዮጵያ ምርዳእ ንኽኽእሉ ዘመቻቸው ትካል ክኸውን ከምዘለዎ ዝገለፁ እቶም ቐዳማይ ሚኒስትር ፤እቲ ኤጀንሲ ብርክት ዝበለ ሃፍቲ ንሃገር ንምምፃእን መጥቃዕቲ ሳይበር ንምምካት ብብርኪ ዓለምለኸ ተወዳዳሪ ዘፈር ክኸውን ከምዘለዎ ጠቑሞም።

ዋና ዳይሬክተር ኤጀንሲ መረብ ኢንፎርሜሽን ደሕንነት ዶክተር ሹመቴ ግዛው ብወገኖም፤ እቲ ዘበናውን ገዚፍን ህንፃን ነቲ ኤጀንሲ ሓዊሱ ሚኒስቴር ሰላም፣ማእኸል ኣርቴፊሻል ኢንተለጀንስን፣ማእኸል መረዳእታ ደሕንነት ፋይናንስን ብቢሮነት ዘገልግል ከምዝኾነ ብምዝኽኻር፤እዞም ትካላት ኣብ ዓመት ንኺራይ ቢሮ ፅሕፈት ዘውፅእዎ 150 ሚሊዮን ብር ዘትርፍን ከምኡ'ውን ምቸው ስራሕ ኸባቢ ንኽሰርሑን ዝገብርን እዩ ኢሎም።

ብልዕሊ ብር ኸልተ ነጥቢ ሰለስተ ቢሊየን ኣብ ክፍለ ከተማ ቂርቆስ ወሎ ሰፈር እናተብሃለ ዝፅዋዕ ኸባቢ ዝተሃነፀ እቲ ዋና ቤት ፅሕፈት፤እቲ ትካል በብዓመቱ ንኺራይ ቤት ፅሕፈት ዘውፅኦ ዝነበረ ልዕሊ 87 ሚሊዮን ብር ወፃኢ ከምዘትርፍ ተገሊፁ።

ኣፍቲ ስነ ስርዓት ምርቓ ቐዳማይ ሚኒስትር ፌዴሪኢ ዶክተር ኣብይ ኣሕመድን ኻልኦት ላዕለዎት ሰበ ስልጣን መንግስትን ሓለፍትን ተረኺቦም። ስራሕቲ እቲ ህንፃ ብኢንተርፕራይዝ ኮንስትራክሽን መከላኸሊ ዝተኻየደ እንትኸውን፤ ስራሕቲ ምምኻር ዘካየደ ድማ ኤምኤቹ ትካል መመኻሪ ከምዝተሳተፉ ገሊፆም።እቲ ህንፃ ልዕሊ ሓሙሽተ ሽሕ ሰራሕተኛታት ክሰርሑሉ ከም ዝኽእሉን ዝተፈላለዩ መፅናዕትታት፣ቤተ ፈተነታትን ማእኸላት ምርምርን ከምዘለውዎ ተገሊፁ።

ኣብ ዝሓለፉ 11 ዓመታት እቲ ኤጀንሲ ናብ ሓደ ሚሊዮን ብር ዝፅጋዕ ኸራይ ኣውፂኡ እዩ።

# ርእሰ ኣንቀፅ

## ንሓረስታይን ሕርሻ ትግራይን ንሓግዝ

መንግስቲ ፌደራልን ግዝያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ ኣብ ዳግም ህንፀት ትግራይ ትኹረት ገይሮም እናሰርሑ እዮም።ይኹን'ምበር ምስቲ ኣጋጢሙ ዘሎ ሰፊሕ ፀገም መንግስቲ በይኑ ዘይኮነስ መንግስታዊ ዘይኮኑ ትካላት፣ዓለም ለኸ ማሕበረሰብ፣ ብፍላይ ኣብ ዓድን ኣብ ወፃእን ዝነብሩ ተጋሩ ከምኡ'ውን መላእ ኢትዮጵያውያን ክሕግዙ ይግባእ።ሓረስታይን ሕርሻ ትግራይን ድማ ዚያዳ ክሕገዙ ይግባእ።ኣብ ትግራይ ዝርከብ ህዝቢ'ውን ዋላ'ኳ ፀገማት ይሃልው ጠንኪሩን ተወዲቡን ክተሓጋገዝ ኣለዎ።

ትግራይ ናብ ዝነበረቶ ሰላም ንምምላስ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ እናተሰርሑ ይርከቡ። ዋላ'ኳ ናይ ዳግም ህንፀትን ምጥያሽን ስራሕቲ ይሰርሑ እቲ ዝበፅሐ ጉድኣትን ኣብ ትግራይ ዘሎ ከቢድ ኩነታትን ብዝተፈለየ መልክዑ ዘተሓሳስብ እዩ።ብፍላይ ሓረስታይን ሕርሻ ትግራይ ዓብይ ትኩረት ክወሃቦም ይግባእ።ዝመፅእ ዘሎ ክራማት ኣብ ዘበነ ምህርቲ 2013/14 መሬት ትግራይ ተሓሪሱ ምህርቲ ክሕፈስ ኣለዎ። እዚ እንተዘይኮይኑ « ሓደ ሰነ ዝነቐሎ ሸውዓተ ሰነ ኣይመልሶን» ከምዝብሃል ኣብ ቐፃሊ ዓመታት ኣብ ትግራይ ዓብይ ፀበባ ከጋጥም እዩ። ፀገም ቅድሚ ምግጣሙ ሎሚ ዘበን ንሓረስታይን ሕርሻ ትግራይ ምሕጋዝ ግድን እዩ።

ሓላፊ ቢሮ ሕርሻ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ዶክተር ኣባዲ ግርማይ ከምዝገልፅዎ፣ ሐዚ ክንዘርእን ክንሓርስን እንተዘይኺእልና ኣብ ዝመፅእ ሰለስተን ሓሙሽተን ዓመታት ኣብ ዓብይ ፀገም ክንወድቕ ስለንኽእል ንሕርሻ ትግራይ ዓብይ ትኹረትን ህፁፅ ሓገዝን ምሃብ የድሊ። እኹል ማዳበርያን ዘርእን የለን።ሓረስታይ ናብ ማሕረስ ንምእታው'ውን ሓገዝ ገንዘብ የድሊ።

ካብ ክልል ስጋብ ጣቢያ ዝነበረ መሓውር ሕርሻ ትግራይ ፈሪሱ እዩ።ንዚ ናብ ዝነበሮ ንምምላስ እንተንኣሰ ብር 200 ሚሊዮን የድሊ፣ሓገዝ ተዘይተረኺቡ መሓውር ሕርሻ ትግራይ ናብ ዝነበሮ ንምምላስ ብጣዕሚ ከቢድ ይኸውን። ነዚ ናብ ንቡር ንምምላስ ሓገዝ የድሊ።

ኣብ ትግራይ ሕርሻ ንምክያድ ናውቲ ማሕረስ፣ማዳበሪያን ዘርኢን ግድን እዩ።ኮይኑ ግና ንማሕረስ ዝኸውን ኣብዑርን ፣ዘርኢን ማዳበሪያን ክንድቲ ዝድለ የለን።እቲ ምምሕዳርን ቢሮ ሕርሻን ንቲ ፀገም ንምፍታሕ እናፀዓሩ እንተሃለው'ኳ እቲ ፀገም ኣዚዩ ከቢድ ስለዝኾነ ሓገዝ ዘይመንግስታዊ ትካላትን ዜጋታትን ግድን እዩ።ንህዝቢ ትግራይ ብፍላይ ድማ ንሓረስታይ ትግራይ ዝፈቱ ኣብዛ ናይ ፀበባ እዋን ኣብ ጎኑ ክስለፍ እየ ዝብል ዝኾነ ሰብ ወይ 'ውን ውዳበ ፈጢሩ ብተግባር ኣብ ጎን ገባር ትግራይ ምኻኑ ከረጋግፅ ዝግብኦ።

ኣብዚ ሐዚ እዋን ብፍላይ ዘርኢ ኣድላይ እዩ። ንብጣዕሚ ዘተጎድኡ ኸባቢታት ካብ ዝተፈላለዩ ሓገዝቲ ትካላት ገንዘብ በምትእኽኻብ ዝተወሰነ ክዕደግ ዋላ'ኳ እንተተገበረ እኹል ኣይኾነን።ዘርኢ በዝምልከት ካብ ዝተፈላለዩ ሓገዝ ውሃብቲ 120ሽሕ ኩንታል ንምግዛእ ዘኽእል ሓገዝ ቃል ከምዝተኣተውን፣ ኮይኑ ግን ንሕርሻ ትግራይ 600 ሽሕ ኩንታል ዘርኢ ከምዘድልይን ንዚ ድማ ብር 2.4 ቢሊዮን ከምዘድሊ ዶክተር ኣባዲ ገሊፆም እዮም።ማዳበሪያ ድማ ብውሑነት ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ 800 ሽሕ ኩንታል ዕድጊት ከምተፈፀመ ሓቢሮም።ኮይኑ ግና እዚ እኹል ኣይኮነን።ብፍላይ ኣብ ዝተፈላለዩ ኩርናዕ ሃገርናን ኣብ ወፃኢ ዝርከቡ ተጋሩ ክሕግዙ ይግባእ።ሐዚ ንህዝቢ ትግራይ ዝጠቕም ሓገዝ'ምበር ጭርሖ ሒዚካ ሰልፊ ምውዓል ኣይኮነን።ንሰልፊ ወፃኢ ዝኾውን ገንዘብ ናብ ዘርእን ማዳበርያን ከምኡ'ውን ንሕርሻ ዝኸውን ኣቡዑር ንምዕዳግ ተዝውዕል ዓብይ ሓገዝ ምኾነ፤ሓረስታይ ትግራይ ምሕጋዝ ፖለቲካ ኣይኮነን።ህዝቢ ካብ ጥሜትን ፀበባን ምድሓን እዩ።

ኣብ ትግራይ ሐዚ ንማሕረስ ዝኸውን ብዕራይ የለን።ሓደ ብዕራይ ንምዕዳግ ካብ ብር 25ሽሕ ስጋብ 30 ሽሕ የድሊ።ዋላ'ኳ ካብ ዕዳጋ ትግራይ ብዕራይ ንምግዛእ ተዘይተኻኣለ ካብ ዝኾነ ቦታ ንምግዛእ ብር 350 ሚሊዮን የድሊ።እዚ ብመንግስቲ ጥራይ ዝከኣል ኣይኮነን፤ስለዚ ሓገዝ የድሊ።

ከም መፍትሒ ሕርሻ ትግራይ ፆሙ ከየሓድርን እኹል ሓገዝ ብምትእኽኻብ ትራክተር ብምክራይ 15ሽሕ ሄክታር መሬት ንምሕራስ ቢሮ ሕርሻ እናተሓሰበ እዩ።ነዚ እውን ብር 120 ሚሊየን የድልዮ። ኣብዚ'ውን እንተኾነ ሓገዝ ተጋሩን ዘይመንግስታዊ ትካላት ኣድላይ እዩ።ስለዚ ንተሓጋገዝ።

ኣብ ቦትኡ ዘሎን ዝተመዛበለን ሓረስታይ ትግራይ ካብ ካልኦት ዝረኽቦ ሓገዝ ብዘየገድስ በፃዕሩ በርቲዑ ክሰርሕ ይግባእ።ዝተመዛበለ ናብ ቦታኡ ተመሊሱ እንተናኣሰ ኣብ ቐፃሊ ዓመት ናይ ባዕሉ ዘርኢን ቀለብን ንክህልዎ ክሰርሕ ኣለዎ።ትግራዋይ ብፃዕሩ ዝሓልፈሉ ህዝቢ እዩ፣ኣብዚ እዋን ንእሽተይ ሓገዝ እዩ ዘድልዮ።ኩሉ ትግራዋይን ፈታዊ ትግራይን ንሓረስታይን ሕርሻ ትግራይ ይሓግዝ።


# ወጋሕታ

3 ሕዳር 2013 ዓ.ም ተመስሪታ

**ዋና ስራሕ ፈፃሚ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ**

ቀፅሪ ስልኪ - 011-126-42-22

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ፍቃዱ ሞላ

**ኣድራሻ**

የካ ክ/ከ
ወረዳ 14
የቤት ቁጥር 520/20
ኢሜይል - fekadumola@press.et
ስልክ ቁጥር - 011-1-56-98-77

**ኣሰናዳእቲ**

ማዕረግ ገ/ሄር
መሰረት ገ/ዮሃንስ
ትርሓስ ፍቃዱ
ኣማንሚካኤል መስፍን

**ዘፈር ልምዓትን ዕዳጋን ፕሮሞሽን**

ኢሜይል - epapromotion@press.et
ስልክ - 011-156-98-73
ፋክስ - 011-126-58-12

**ክፍሊ መቐበሊ ምልሳይ**

ስልክ ቁጥር - 011-156-98-65
ፋክስ - 011-157-44-40

**መተሓባበሪ ምልሳይ ዕዳጋ**

ስልክ - 011-1-26-43-39

**መከፋፈሊ**

ስልክ ቁጥር - 011-157-02-70


# ነፃ ሓሳብ

እዚ ዓምዲ ኣብ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ጉዳያት ዜጋታት ናፃ ሓሳቦም ዝህብሉ እዩ:: ኣብዚ ዓምዲ ዝወፅኡ ፅሑፋት ናይ ክፍሊ ምስንዳእ ቀዋም ኣይኮኑን::

## ተነሓናሕቲ ፓርትታት ነዚ ዘበን ዝምጥኑ ክኾኑ ይግባእ

**ትርሓስ ፍቃዱ**

ኣብ ምስረታ ሃገረ መንግስቲ ዓለም (state formation) ካብ 18 ክፍለ ዘበን ጀሚሩ እስካብ 19 ክፍለ ዘበን ዝነበሩ መፈለምታ ዓመታት ኣናእሽተይ ዝነበራ መንግስታትን ኢምፓየራትን ናብ ዓበይቲ መንግስታት ወይ ድማ ሃገር ዝመስረቱ እንትኸውን፤ሎሚ ኣብ ዓለም 206 ሉኣላውያን ሃገራት ወይ ድማ መንግስታት ይርከባ።ካብ መንጎአን ኢትዮጵያ እታ ሓንቲ ሉኣላዊት ሃገር እያ።

ፈለማ፤ ምስረታ ሃገረ መንግስቲ ክንብል ከለና ሓንቲ ሃገር ብመዳይ ፖለቲካ ጠፊኡ ዝነበረ ህልውንኣ መሊሳ ክትረክብ ምግባር ወይ ድማ ቅድሚ ሐዚ ዘይነበረ ሃገር ምምስራት፤ ከምዘመላኽት ሃብታሙ ኣለባቸው (2009) ኣልቤርቶ ኤልሲና (2015) ጠቒሶ የቕምጥ።ካብዚ ተበጊስና ሓደ ሃገረ መንግስቲ ከመይ ይምስረት ንዝብሉ ዝተፈላለዩ ሓሳባት ምርኣይ ይከኣል።

እቲ ሓደ ናይ ፈቓደኛነት ሓሳብ (Voluntary theory) እዩ።እዚ ሓሳብ ዝተፈላለዩ ጉጅለታት ብፈቓደኛነት ንሓደ ብሄራዊ ድልየት ናይ ባዕሎም መንግስቲ ከምዝምስርቱ ይገልፅ።ብኣንፃሩ ድማ ናይ ጎንፂ ሓሳብ (conflict theory)ሓደ ህዝቢ ብሓይሊ ወይ ብፅዕንቶ ሃገረ መንግስቲ ከምዝምስርቱ የቐምጥ።ብተወሳኺ ድማ ዘበናዊ ኣፈጣጥራ መንግስቲ ዝምልከቱ ሓሳባት ዘለዉ እንትኸውን ብሓፈሻ ኣብ ህንፀት ሃገረ መንግስቲ ውፅኢት ስራሕ ሰባት ከምዝኾነ ክፍለጥ ኣለዎ።ስለዝኾነ ድማ ብስራሕ ወዲ ሰብ ፍፁማውነት ምፅባይ ለዋህነት እዩ።ካብዚ ተበጊስና ኹነታት ኢትዮጵያ ክንርኢይ ኸለና ሓደ ሓዲኦም ብዲፕሎማሲያዊ መገዲ ገለገሊኦም ድማ ብሓይሊ፤ ኣካላት ማእኸላዊ መንግስቲ ኾይኖም እዮም።

ካብ መፈለምታ 18 ክፍለ ዘበን ጀሚሩ ኣብ ዓለም ካብ ሃገራት ኣፍሪካን ኤስያን ወፃኢ፤ዓርሰን ካብ ናይ ወፃኢ ፀላኢ ንምክልኻልን ኢኮኖሚያዊ ዕብየት ንምምፃእን ናይ ሊቃውንቲ ኣስተዋፅኦ (intellectual elites) ንምስረታ ሃገረ መንግስቲ ዓብዪ ትኹረት ዝተውሃበሉ እዋን እዩ ነይሩ።በዚ መሰረት ተመኩሮ ሃገረ መንግስቲ ኣሌክሳንደር ሃሚልተን (1755-1804) ክንርኢ ከለና ንምጥጣዕ ፌደራሊዝም ኣድላይነት ጥንኩር መንግስቲ ዝተኣመነሉን ብሄራዊ ኢኮኖሚ ኣድላዪ ዝኾነሉ እዋን ብምኳኑ ኣብ ኸይዲ ምስፍሕፋሕ ፖሊሲ(expanition) ወይ ድማ (manifest destiny) ውን ብ1803 ጥንክርትን ሓያልን ኣሜሪካ ንምፍጣር ብምሕሳብ ንኣብነት ሉዚኒያን (Lousiniana) ብምሽጥራዊ ዲፕሎማሲያውን ኢ-ዲሞክራሲያውን ብዝኾነ መገዲ ብምግዛእ፤ብ1810 ምዕራብ ፍሎሪዳ ብዲፕሎማሲያውን ብወተሃደራውን ሓይሊ፤ብ1815 ነባር ህዝብታት ሜክሲኮ (Native Americans)ብጅምላ መቕተልቲ (Mass killing) ወዘተ እዮም ኣሜሪካውያን ክምስረቱ ዝኸኣሉ።

ከምኡ 'ውን ጁሴፒ ማዜኒ (1805-1872) ጣልያን ካብ 1861 እስካብ 1870 ብልዑል ፖለቲካዊ ፅቕጥን ወተሃደራዊ ስጉምቲን እያ ዩናይትድ ኪንግደም ዝተመስረተት።ብኣንፃሩ ድማ ኦቶ ቮን ቢስማርክ (1815-1898)ኣብ ኦስትሪያን ፈረንሳይን ብዝረኸቦ ወተሃደራዊ ዓወትን ኣፍልጦን ብዝፈጠረሉ ኣጋጣሚ ብሰላማውን ብምትሕብባርን ፌደሬሽን ጀርመን መስሪቱ እዩ።ብኣንፃሩ ድማ ፈረንሳይ፤ ብሓይሊ ፈረንሳይኛ ንዘይዛረቡ ኹሎም ብምክታት ሃገረ ፈረንሳይ መስሪቶም፤ንኣብነት ብ1789 ኣብ ፈረንሳይ ካብ ዝነብሩ ዝነበሩ ልዕሊ ፍርቂ ተዛረብቲ ፈረንሳይኛ ኣይነበሩን።

ህንፀት ሃገረ መንግስቲ ኢትዮጵያ'ውን ካብ ጫፍ ሰሜን እስካብ ጫፍ ደቡብን፤ ካብ ጫፍ ምዕራብ እስካብ ጫፍ ምብራቕ፤ ብርክት ዝበሉ ቋንቋታት ዝዛረቡ ክፋላት ማሕበረሰብ ዘተኣኻኸበ ሓደ ሃገረ መንግስቲ መስሪትና ኢና።ብምኳኑ ድማ መሰረተ መንግስቲ ጣልያን እንትልዓል ጁሴፔ ማዚኒ ናይ ጀርመን ቢስማርክ ከምዝልዓሉ፤ ሃገረ መንግስቲ ኢትዮጵያ እንትልዓል ድማ ሃፀይ ሚኒሊክ ክልዓሉ ግድን እዩ።ስለዚ ሃገረ መንግስቲ ኢትዮጵያ፤ጀርመን፣እንግሊዝ፣ፈረንሳይ፣ህንድን ወዘተ ሎሚ ከም ሃገር ንዘለወን ዘየወላውል ቑመና ዝርከባ ሃገራት ብዝተመስረታሉ ስርዓት (Nation building) እየን ተመስሪተን።

ህንፀት ብሄር ድሕሪ ምዝዛም ምስረታ ሃገር ስዒቡ ዝመፅእን ንነዊሕ እዋን ዝቕፅል ተግባር ከም ዝኾነ ሃብታሙ (2009) ይገልፅ።ህንፀት ብሄር ማለት ሓደ ህዝቢ ኣብ መንጎ ብዙሕ ኣፈላላይ ሓደ ጥቕሉል ብሄራዊ ዝኾነን ዘተኣሳስርን ድሌት ሓድነትን ወይድማ ኣፈላላይን ናይ ምፍጣር ኸይዲ ከምዝውክል ሃብታሙ(2009) የቕምጥ።ካብ መንጎ እቶም ህንፀት ብሄር ዘሳልጡ መሳርሒታት ሃይማኖት፣ትምህርቲ፣ቋንቋ፣ርክብ ንግድን ምስረታ ማእኸላዊ መንግስት ምምሕዳራዊ ትካላት ምጥንኻርን ወዘተ ንህንፀት ብሄር ከም መሳርሒ ኾይኖም የገልግሉ።ንኣብነት ፌደሬሽን ሩስያ ንምምስራት ናይ ኦርቶዶክስ ሃይማኖት ልዑል ተራ ነይርዋ።(if Russian isn't your mother, God can't your father) ዝብል ቅዋም ነይርዋ፤ከም ፈረንሳይ ዝበላ ሃገራት ፈረንሳይኛ ከም ቋንቋ ላዕለወት መደብ ተገይሩ ስለ ዝቑፀር፤ እቶም ዘይዛረቡ'ውን ብሓይሊ ፈረንሳይኛ ንኽዛረቡ ብምግባር እዮም ህንፀት ብሄረ ፈረንሳይ ዝጀመሩ።

ጀርመንን ኣሜሪካን ካብ ቋንቋ ብተወሳኺ ትምህርቲ፣ብሄራዊ ኹርዓትን ባህልን ንህንፀት ብሄር ኣብ ጥቕሚ ኣውዒሎሞ እዮም።ብመንፅር ቋንቋ መብዛሕቲአን ሃገራት ዓለም ኣመሰራርታ መንግስተን ኣብ 1880ታት ጆን ጆሴፍ (2008)ዝነበሩ ቋንቋታት ኣብ ኣርባዕተ ይመቕሎም።ንሳቶም ድማ ምዕቡል ወይ ድማ «ስታንዳርድ» ዝኾኑ ቋንቋታት ንኣብነት ቻይና፣ጃፓን እንትኾኑ ኣሜሪካን እንግሊዝን ብኻልኣይ ብርኪ ዝማዕበለ እንትኸውን፤ ይኹን 'ምበር ኻሊእ መማረፂ ዝነበሮም ከም ዩናይትድ ኪንግደም፣ሩስያ፣ኦስትሪያ-ሃንጋሪ፣እቲ ሳልሳይ ምዕቡል ኮይኑ ግና ብስፍሓት ዘይዝረብ፤ንኣብነት ጣልያን ኣብ መወዳእታ ናይ ነገስታት ቋንቋ ኾይኖም ንህንፀት ብሄር ዘወዓሉ መብዛሕቲኦም ኣብ ኤስያን ኣብ ኣፍሪካን ከም ኣብነት ምጥቃስ ይከኣል።

ናብ ኢትዮጵያ ክንመፅእ ከለና ሃይማኖት ብፍላይ ቤተ ክርስትያን ኦርቶዶክስ ህዝብታት ብሓድነት ንምትእስሳር ንሓድነት ኢትዮጵያ ልዑል ተራ ተፃዊታ እያ።ነዚ እዩ ድማ ሎሚ ኣብ ስኒ ፅንፈኛታትን ብሄርተኛታትን፤ከምኡውን ኣኽረርቲ ሃይማኖተኛታት ክትኣትው ዝኸኣለት።እቲ ስርዓተ ትምህርቲ ይኹን ቋንቋ ኣምሓርኛ ኢትዮጵያ ከም ሃገር (As a nation) ጠጠው ንኽትብል ልዑል ተራ ተፃዊታ እያ።ልክዕ ከምቲ ኦርቶዶክስ ሃይማኖት ኣብ ስርዓት ትምህርቲ ብፍላይ ኣብ ቐዳማይ ብርኪ ስርዓተ ትምህርቲ፤ብዓይነታት ትምህርቲ ታሪኽን ሲቪክን ኣብ ሓበራዊ ምርድዳእ ምብፃሕ ዘይከኣልና ብሰንኪ እቲ ካብ 1983 ዓ/ም ጀሚሩ እስካብ ሐዚ፤ፖለቲካን፣ስርዓት ህንፀት ብሄርን ምስ ናይ ሓበራዊ መንነትን እሴትን ኢትዮጵያ ብዘፍረስ መገዲ ስለ ዝመፃእና ኣብዚ ሎሚ እዋን ብኣነነት ተሓላሊኽና ሓድነት ሃገር ኣብ ሓደጋ ይርከብ።ኣነነት (ውልቃውነት) ንማሕበራዊ ለውጢ፣ንምርግጋዕ፣ንዲሞክራስን ንልምዓትን ዓብዪ ስፍራ ከምዘለዎ ኣረጋዊ (2000)ይገልፅ።ኣብዚ መፅሓፍ ኣብ ብዙሓት ቦታታት ዓለም ብተግባር ከምዝተርኣየ ኣብ ኣፍሪካ ፖለቲካዊ መረፃ እናወሰኑ ካብ ዝርከቡ እቲ ሓደ ኣነነት (ውልቃውነት) ከምዝኾነ ኣረጋዊ ማርካኪስን ብምጥቃስ የቕምጥ።

ብምኳኑ ብሄርተኛነት ብተግባር፤ ጥራሕ ዝባኑ ዝወፀ ውልቃውነት ፖለቲካ ከምዝኾነ ይጠቅስ።ብሄርተኛነት ከም ርእዮተ ዓለም ንሓደ ፍሉይ ማሕበራዊ ጉጅለ ሓገዝ ዝህብ ነዚ ጉጅለ ድማ መስዋእትነት እስካዕ ምኽፋል ዝግባእ ቐራፅነት ዝሰብኽ እዩ (ኣረጋዊ፣2000) ስለዝኾነ ድማ ኣብ ከም ኢትዮጵያ ዝበላ መድብለ ውልቃውነት ኣብ ውሽጢ ማሕበረሰብ ኣነነት እንተበርቲዑ፤ ምስ ጎንፅን ናይ ምፍንጭጫል ሓደጋን ዝራኸብ ሃንደበታዊ ውፅኢት ናይ ምስዓብ ዓቕሚ ከምዘለዎ ዘመላኽት እዩ።ብምኳኑ ድማ ኣነነት (ውልቃውነት) ብኣግባቡ እንተተታሒዙ ንህንፀት ስርዓት ዲሞክራሲን ልምዓትን ምጥቃም ከምዝከኣልን፤ብኣግባቡ እንተዘይተመሪሑ ድማ ሓደጋ ሓድነት ሃገር ከምዝኾነ ኣረጋዊ የቕምጥ።

ተነሓናሕቲ...6

# ኣይተ ደመቀ መኮንን ምስ ኮሚሽነር ምምሕዳር እዋን ቅልውላው ሕብረት ኣውሮፓ ተዛቲዮም



ኣዲስ ኣበባ (ኤፍ ቢ ሲ)፡- ምክትል ቐዳማይ ሚኒስትርን ሚኒስትር ጉዳያት ወፃኢን ኣይተ ደመቀ መኮንን ምስ ኮሚሽነር ምምሕዳር እዋን ቅልውላው ሕብረት ኣውሮፓ ያኔዝ ናርሲክ ተዛቲዮም።

ኣብ ዘተኦም ድማ ኣብ ክልል ትግራይ እናተገበረ ብዛዕባ ዝርከብ ሓገዝ ሰብኣዊ ሓገዝ ምልዓሎም ተገሊፁ።

ኣይተ ደመቀ መኮንን ኣብቲ ክልል ብዙሓት ስራሕቲ እናተሰርሑ ከምዝኾኑ ብምሕባር ይኹን'ምበር ሕዚ እውን ማሕለኻታት ከምዘለዉ ተዛሪቦም።ኣብቲ ክልል ዝተፈለዩ ፀገማት ንምፍታሕ ድሉውነት መንግስቲ 'ውን ኣረጋጊፆም።

ኮሚሽነር ያኔዝ ናርሲክ ብግደኦም፣ ኣብቲ ክልል እናተመሓየሸ ዝመፅአ ቀረብ ሰብኣዊ ሓገዝ ኣበረታቲዖም።

ኣብ ክልል ትግራይ ብዛዕባ ዝተፈፀሙ ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰላት ምርመራ ንምግባር ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኢትዮጵያ ምስ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ብሓባር ንምስራሕ ኣብ ስምምዕነት ምብፀሖም'ውን ኒኢዶም።

“ሰራዊት ሃገረ ኤርትራ ካብቲ ክልል ንኽወፅኡ ዝተወሰደ ውሳነ ዝበረታታዕ ኢዩ” ክብሉ ምግላፆም ካብ ሚኒስቴር ጉዳያት ወፃኢ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ የረድእ።

# ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ታሪኽ ኢትዮጵያ ብመልክዕ መፅሓፍ ንምስናድ ምድላዉ ነቲ ዘፈር ከምዘነቓቕሖ ተገሊፁ

**ትርሓስ ፍቃዱ**

ኣዲስ ኣበባ፡-ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ታሪኽ ኢትዮጵያ ንምስናድ ዘሰናደኦ ናይ መፅሓፍ ምድላው፤መበገሲ ሓሳቡ ናይ ባዕሉ ታሪኽ ጥራሕ ካብ ምልዓል ብተወሳኺ በቲ ዘለዎ ዕድልን ሃፍትን ተጠቒሙ ሓፈሻዊ ናይቲ ዘፈር ኢንዱስትሪ ምንቕቓሕ ዘኽእል ከምዝኾነ ባዓል መዚ መራኸቢ ሓፋሽ ኢትዮጵያ ኣፍሊጡ።እቲ ትካል ብዝተፈላለዩ ውፅኢታት ሕትመት ሰኒዱ ዝሓዞም ታሪኻት ኢትዮጵያ ብመልክዕ መፅሓፍ ንምስንዳእ ብምብጋሱ መዳርግቲ ኣካላት ኣድኒቖም።

ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ኣብ ሆቴል ካፒታል እቲ ዘለዎ ሃፍቲ ተጠቒሙ ከሕትሞም ዝተለምም መፃሕፍቲ፤መበገሲ ሓሳብ ንመዳርግቲ ኣካላት ኣቕሪቡ እዩ።ኣብዚ መድረኽ ዝተረኸቡ ዋና ዳይሬክተር ባዓል መዚ መራኸቢ ሓፋሽ ኢትዮጵያ ኣይተ መሓመድ ኢድሪስ፣በዓል ብዙሕ ታሪኽ ዝኾነ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ መበል 80 ዓመቱ እንተኽብር፤ናይ ባዕሉ ታሪኽ ጥራሕ ካብ ምልዓል ሓሊፉ፤ነቲ ዕድል ተጠቒሙ ሓፈሻዊ ናይቲ ዘፈር ኢንዱስትሪ ከነቓቕሕ ብዝኽእል መልክዑ ክኸውን ኣለዎ ኢሎም።

እቲ ትካል ሕሉፍ ስራሕ ጥራሕ ዘይኮነስ ንሓደሽቲ ጋዜጠኛታት'ውን ዕድል ክህብ ከምዘለዎ ዝገለፁ ኣይተ መሓመድ፤ንቐፃሊ'ውን በዚ መልክዕ ክቕፅል ከምዘለዎ ጠቐሞም።

ኣፍቲ ዕለት ተሳታፋይ እቲ ዘተ ዝኾኑ ስሙይ ደራስን ንዝሓለፉ 36 ዓመታት ዝተሳተፉ ደራሲ ጌታቸው በለጠ፣ኣብ ዝኾነ እዋን ተነባባይነት ጋዜጣ ይተርፍ እዩ ኢሎም ከምዘይኣምኑ ሓቢሮም፤ግቡእ ትኹረት ክወሃብ እንተኾይኑ ድማ፤ ኣብ ታሪኽ ኢትዮጵያ ጋዜጣ ኣዲስ ዘመን ልዑል ግደ ኣለዎ ክብሉ ገሊፆም።

እቲ ትካል ካብ ዘለዎ ሰነድ ብምብጋስ ቐድም ክብል ብልዋጥ ሽም (የብእር ስም) ዝተፅሓፉ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ፣መራሕቲ ኢትዮጵያ ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ዝተዛረብዎም ዘረባታት፣እንታይ ሰሪሖም ተፈሊጦም ኣብ ዝብል ዓምዲ እናተመረፀ ከምኡ ድማ ሓንቲ ሕቶ ኣላትኒ ኣብ ዝብል ዓምዲ፤ካብ መንጎ ስራሕቲ ጋዜጠኛ ጳውሎስ ኞኞ ኣኪቡ ተዘሐትም ከምህር ከምዝኽእል ኣይተ ጌታቸው ጠቐሞም።

‹‹ጋዜጣ ኣዲስ ዘመን ማንም ክሓልፎ ዘይኽእል ናይ ኢትዮጵያ ታሪኽ እዩ››ዝበሉ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኣዲስ ኣበባ መምህር ስነፅሑፍ ኣይተ ደረጀ ገብሬ ብወገኖም፤ኣብ ወፃኢ ዓለም'ውን ብዘለዎም ውፅኢት ሕትመት ብምጥቃም ዝተፈላለዩ መፃሕፍቲ ከምዘሐትሙን እሱ ድማ ነቲ ዘፈር መምሃራይነት ከምዝሕግዝ ገሊፆም።

ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ካብ ዝሰነዶም ታሪኻት መሪፁ ብመፅሓፍ መልክዕ ንምሕታም ምብጋሱ ክምስገን ከምዝገብሮ ዝጠቆሙ ኣይተ ደረጀ፤እቶም ዝዳለዉ መፃሕፍቲ ናይ ሓደ ሰብ ጥራሕ ካብ ዝኾኑ ብትሕዝቶ ኸፋፊሉ ተዝሰናድእ ፅቡቕ ከምዝኾነ ኣመልኪቶም።

እቲ ትካል እቶም ዘለውዎ ውፅኢታት ሕትመት ቐድም ክብል ጀሚሮም ከምዘንብቡ ዝጠቆሙ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኣዲስ ኣበባ መምህር ስነፅሑፍ ተሓባባሪ ፕሮፌሰር ኣይተ ዘሪሁን ኣስፋው ብወገኖም፤እቲ ትካል በዚ መልክዑ ታሪኽ ንምስናድ እንትልዓል ሰፊሕ ፕሮጀክት ከምዝሓዘ ጠቒሶም።ነዚ ስራሕ ድማ ፕረስ ዓብዩ ትሕዝቶ ከምዘለዎ ገሊፆም።ሐዚ ክትግብሮም ዝተለምም ሕትመት መፃሕፍቲ ተዝመቓቕሎም ፅቡቕ ከምዝኸውን ኣመላኺቶም።

ዝተፈላለዩ ዓምድታት ከከም ርእሰ ጉዳዮም መቓቒሉ ተዘሐትም ግደ መምሃራይነቱ ዕዙዝ ከምዝኸውንን በብእዋኑ ይወፁ ካብ ዝነበሩ ርእሰ ዓንቀፃት መሪፁ ንሕትመት ተዘብቅዕ ፅቡቕ ከምዝኸውን ርኢቶኦም ሂቦም።

ነበር ዋና ኣሰናዳኢ ‹‹የዛሬይቱ ኢትዮጵያ›› ኣይተ ኣጥናፍሰገድ ይልማ ብወገኖም፣ ፕረስ ከሐትሞም ኣብ ዝደልዮም መፃሕፍቲ በብእዋኑ ዝነበሩ ጋዜጠኛታት፤ግዙፍ ስራሕ ብድፍረት ከካትት ከምዝኽእል ኣመላኺቶም።

ዋና ስራሕ ፈፃሚ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ኣይተ ጌትነት ታደሰ ብወገኖም ከምዝበልዎ፤እቲ ትካል ሒዝዎ ንዝተበገሰ ትልሚ ኣብ ዘፈር ሕትመት ቕርበት ዘለዎም ኣካላት ዝሃብዎ ግብኣት ትፅቢት ካብ ዝግበረሉ ንላዕሊ እዩ።በቲ ዝተትሓዘ ትልሚ ዘምህርን ነገር ንምስራሕ ፃዕሪ ይግበር ኣሎ።ብተወሳኺ ድማ እቲ ትካል ንዓይኒ ሰሓባይ ዝኾነ ሙዝየም ብምርኣይ ዝተሳኸዐ ስራሕ ከምዝሰርሕ ትፅቢት ይግበር።

እቲ ትካል ንዝሓለፉ 80 ዓመታቲ ብርክት ዝበሉ ውፃእ ውረድ ከምዝሓለፈን፤ከም ሃገር ጥራሕ ዘይኮነስ ብብርኪ ኣፍሪካ'ውን ምስ ቐዳመወት ዝምደብ ዓብዪ ትካል ከምዝኾነ ዝገለፁ ኣይተ ጌትነት፤ይኹን'ምበር ክንድቲ ከበርክቶ ዝግባእ ከም ዘይሰርሐን ኣብሪሆም።ኣብዚ ሐዚ እዋን እቲ ትካል ዘለዎ ሃፍቲ ብምጥቃም ንቐፃሊ ብርክት ዝበሉ ስራሕቲ ንምስራሕ ናብ መስመር ከም ዝኣተወን ዘመላኸቱ እቶም ዋና ስራሕ ፈፃሚ፤እቲ ናይ ሎሚ መድረኽ'ውን እዚ ትካል ከሐትም እናተዳለወሎም ንዘለዉ መፃሕፍቲ ምስ ዓበይትን ሰብ ሞያ ናይቲ ዘፈርን ግብኣት ንምትእኽኻብ ዝዓለመ ከምዝኾነ ገሊፆም።

ናይቲ ትካል ኣመራርሓ ቦርድን መምህር ጋዜጠኝነት ዩኒቨርስቲ ኣዲስ ኣበባ ዝኾና ዶክተር ኣጋረደች ጀማነህ ብወገነን፤ፕረስ ዓብዪ ሃፍቲ ዘለዎ ትካል ከም ምዃኑ ንመምሃራይነት ዘገልግል ትካል ውፅኢት ሕትመት እዩ።ዓበይቲ ዝበሃሉ ትካላት ኻልኦት ሃገራት በዚ መልክዕ ብምሕታም ንመምሃራይነት ስለዘገልግል እዚ ዘይውዳእ ሃፍቲ ዘለዎ ትካል ፕረስ'ውን በዚ መልክዑ ምንቅስቓስ ምጅማሩ ክምስገን ይግበኦ ኢለን።

# ኣብ ኢትዮጵያ ፀገማት ተፃዊርካ መረፃ ምክያድ ዝሐሸ መማረፂ እዩ ተባሂሉ

**ትርሓስ ፍቃዱ**

ኣዲስ ኣበባ (ግዜኢ)፡- ኣብ ኢትዮጵያ ንመረፃ ዕንቅፋት ዝኾኑ ጉዳያት እንተጋጢሞም'ውን እቲ ፀገም ንምሕላፍ መረፃ ካብ ምግባር ዝሐሸ መማረፂ ከምዘየለ ምሁራትን ፖለቲከኛታትን ገሊፆም።

ሙሁራት ካብ ኣተሓሳስባ ከባብያውነት ወፂኦም ሃገራዊ ትሕዝቶ ኣብ ዘለዎም ጉዳያት መፅናዕትን ምርምርን ብምድሃብ ፍታሕ ውሃብቲ መማረፅታት ከቕርቡ ኣለዎም ተባሂሉ።

ሓበራዊ ቤት ምኽሪ ፓርትታት ኢትዮጵያ ‹‹6ይ ሃገራዊ መረፃን ግደ ሙሁራትን›› ኣብ ዝብል ርእሰ ጉዳይ ምስ ሙሁራት ዘተ እንተካይድ፣ ነባራዊ ኹነታት ሰላምን ፀጥታን ኢትዮጵያ፤6ይ ኣጠቓላሊ መረፃ ፍትሓውን ዲሞክራሲያውን ንኽይኸውን ካብ ምግባር ብዝሓለፈ፤ ብሰላም ንኸይዛዘም ዕንቅፋት ክፈጥር ከምዝኽእል ተላዒሉ።

ኣብ ደቡብ ኣፍሪካ ዩኒቨርሲቲ ስታላምቦሽን ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኣዲስ ኣበባን መምህርን ተመራማርን ፕሮፌሰር ደስታ መብራህቱ ንግዜኢ ከምዝበልዎ፤ኣብ ዝተፈላለያ ከባብታት ኢትዮጵያ ስግኣታት ሰላምን ፀጥታን ኣንፀላልዩ ይርከብ ኢሎም።

እናተኸሰተ ኣብ ዝርከብ ሞት ዜጋታት፣ ምፍንቓል፣ ንዓመታት ዘፍረይዎ ሃፍትን ንብረትን ምዝራፍን ምቅፃልን ‹‹ልዕሊ ዓቕን ኣውሪናሉ ኢና››ዝበሉ ፕሮፌሰር ደስታ ፤‹‹ሐዚ ክኸውን ዝግበኦ ፍታሕ ናይቲ ፀገም ምንዳይን እዩ›› ኢሎም።ነዚ ድማ ኣብ ውሽጢ ፀገም ኾይንኻ'ውን ድምፂ ህዝቢ ብምክታት ኣብ 6ይ መጠቓላሊ መረፃ ፍታሕ ምምፃእ ዝሐሸ መማረፂ ከምዝኾነ ጠቐሞም።

‹‹ሙሁራት ሃገራዊ ጉዳይ ሕብረተሰብ ፍልይ ብዝበለ መልክዑ ንምርኣይ ዓቕሚ ስለዘለዎም፤ቐዲሞም መልዓሊ ናይቲ ፀገምን ፍታሕን ከምላኽቱ ይግባእ››ኢሎም ፕሮፌሰር ደስታ።

ኣካቢት ሕብረት ፓርትታት ፖለቲካ ኢትዮጵያ ዶክተር ራሄል ባፌ፣እቲ ሕብረተሰብ ብሓደ ወገን ብዝመረፅናዮ ኣካል ክንመሓደር ኢና ዝብል ተስፋ፤ብኻልእ ወገን እታ ሃገር ናብ ሕንፍሽፍሽ ክትኣትው እያ ዝብል ስግኣት ከምዘሎ ገሊፀን።

ይኹን'ምበር መረፃ ክምቸወካ ጥራሕ ዝካየድ ዘይኮነስ ኣብ ውሽጢ ኲናት ኾይንኻ'ውን ክግበር ዝክእል ምዃኑ 6ይ መረፃ የግዲ ክካየድ ኣለዎ ኢሎም።እቲ ህዝቢ ድምፁ ተጠቒሙ ይመርሓኒ እዩ ንዝብሎ ኣካል ክመርፅ ተዘይክኢሉ ተወሳኺ ፀገም ከምዝኾነ እተን ኣካቢት ኣብሪሆን።

ብምዃኑ ድማ መንግስቲ፣ሕብረተሰብን ተነሓናሕቲ ፓርትታትን ንሰላምን ፀጥታን ኢትዮጵያ ብሓድነት ክሰርሑ ትፅቢት ይግበር ኢሎም።

መስራትን መራሕን ”እይታ“ ዝተብሃለ ሃገር በቐል ትካል ኣይተ ፀደቀ ኣባተ፤ምሁራት ሃገር ፀገም እንተኳንፋ ምኽንያት ናይቲ ፀገም ካብ ምፍላጥ ብዝሓለፈ ፍታሕ ዘቕርቡ ክኾኑ ከምዘለዎም ተዛሪቦም።

‹‹መንነት መሰረት ዝገበረ ናይ መንደኾን ብሄር ማሕበር፣ናይ ኸስቶ ብሄር ሙሁራን ዝብል ኣወዳድባ መግለፂ ፍልጠት ኣይኮነን፤ክውገድ ይግባእ››ኢሎም።

## ዕዱም ጋሻ

# ‹‹ኣብ ወፃኢ ዝነብሩ ተጋሩ ብግልፂ ፀረ ትግራይ እዮም››

\- ኣይተ ባርያጋብር ኣባይ

መሰረት ገ/ዮሃንስ

**ኣብ ክልል ትግራይ ኣብ ዝተፈጠረ ወድዓዊ ኩነታት ኣብ መናእሰይ ዝተፈጠረ ስእነት ስራሕን ተመዛበልቲ መናእሰይ ትግራይ መፃኢ ዕድል ንምስትኽኻል ምስ መንግስትን ዘይመንግስታውን ትካላት ብምዝርራብ ኣብ ምስራሕ ከምዝርከብ ቢሮ ጉዳይ መናእሰይን ስፖርትን ዝገለፀ እንትኸውን፣ ኣብዚ ጉዳይን ካልኦት ሓሳባትን ጋዜጣ ወጋሕታ ምስ ሓላፊ እቲ ቢሮ ኣይተ ባርያጋብር ኣባይ ዝተገበረ ቃለ መሕተት ስፍሕ ዝበለ መብሪሂ ሒዛ ቐሪባ ኣላ፣ሰናይ ንባብ።**

**ወጋሕታ፡-ምስ ስራሕ ፈጠራ ተዳሓሒዙ መንእሰይ ትግራይ ናብ ስራሕ ምውፋር ስራሕቲ እንታይ ዓይነት ምንቅስቃስ ይግበር ኣሎ?**

**ኣይተ ባርያጋብር፡-**ምስ ፈጠራ ስራሕ ዝተደሓሓዘ ጉዳይ መናእሰይ ምስ ሽድሽተ ቢሮታት እናሰርሐ እዩ።ኣብ ራብዓይ ርብዒ ዓመት ከምኒ ኮንስትራክሽን፣ ቢሮ ሕርሻን ኻልኦትን ኸንደይ ፈጠራ ስራሕ ክህሊ ከምዘለዎ ልሂብናዮም ቑፅርታት ኣሎ።ስለዚ ምስቲ ኩነታት ተዳሓሒዙ ሓደ ሓደ ናይ ባዕሉ ዝኾነ ፀገማት እንተሃለወ'ውን ብዝተወሰነ መልክዑ ስራሕ ዕድል ንክፈጥሩልና ብምባል ኣብ ምርድዳእ በፂሕና ኣለና።ኣብ ካብኔ'ውን ተላዒሉ እቲ መንእሰይ ኣብ ዘይተደለየ ቦታ ምውዓል ጥራሕ እንተይኾነስ ናብ በረኻ እውን ክወፅእ'ውን ስለዝኽእል እንተነኣሰ ብስራሕ ክዳሓዝ ኣለዎ ዝብል ከም ኣንፈት ተቐሚጡ እዩ።ፕሮፖዛል ብምድላው ዝቐረበ እንትኸውን እቲ መንእሰይ ብስራሕ ዝፅመደሉ መገዲ ክፍጠር ክኽእል ኣለዎ።ብኻልእ ድማ ምስቲ ግዝያዊ ምምሕዳር ዝገብሮ ምንቕስቓሳት ንምስታፍ በብክፍለ ከተምኡ ፀጥታ እታ ከተማ ዝከታተሉ ዩኒፎርም ብምድላዉ መሃያ ብምድላውን ክሰርሑ ገይርና ኢና ፅቡቕ ለውጢ እናተርአየ ስለዝኾነ ኣጠናኺርና ክንቕፅል ኢና ።

ምስ ፀጥታ ብዝምልከት ድማ ምስ ፀጥታን ምምሕዳርን ብምዝርራብ መናእሰይ ብምምልማል ብሚድያ ሽፋን ንክዋሃቦ ብምግባር ናብ ፖሊስነትን ኦፊሰራትን ዝተፈላላዩ ዘፈራት ስልጠና ተዋሂብዎም ምስ ፀጥታ ኣብ ዝተድሓሓዘ ስራሕ ንክዋፈሩ ኣብ ምምዝጋብ ንርከብ።ኣብዚ ሕዚ እዋን ሰለስተ ክላስተር እዩ ዘለና፤ ኣብ ግዝያዊ ምምሕዳር ክላስተር ኢኮኖሚ፣ማሕበራዊን ፀጥታ ምምሕዳርን ኣለዉ።መናእሰይ ኣብዚኦም ተደሪኾና ንክሳተፉ ምንቕስቃስ ኣብ ምጅማር ንርከብ፤ ብመራኸቢ ሓፋሽ ንክፍኖው ብምግባር ንኹሉ ንክበፅሖ ተገይሩ እዩ፣ከምዚኦም ዝበሉ ስራሕቲ ኣብ ምስራሕ ኢና ንርከብ።

ፌደራል መንግስቲ ብዝፈጥሮም ስራሕቲ ንኣብነት ካብ መላእ ትግራይ (ዞባታት ደቡብ ፣ማእኸላይ ሰሜን ምዕራብን መቐለ ኸባቢ ዙርያ) ኸልተ ሽሕ መናእሰይ ኣብ ዩኒቨርስቲ መቐለ ንኣርባዓን ሓሙሽተን መዓልቲ ዝፀንሕ ስልጠና እናተውሃበ ከምዝርከብን፣ ኣብ ቐፃሊ ድማ ካልኦት ኸልተ ሽሕ ንምእታው ኣብ ምድላው ንርከብ። እዮም ሕዚ ዝኣተዉ ስልጠና ጀሚሮም ኣለዉ። ድሕሪ እቲ ስልጠና ናብ መላእ ትግራይ ተበቲኖም ክሕግዙ እዮም ተባሂሉ ትፅቢት ይግበር።

ኣብ ትግራይ ካብዚ ንላዕሊ ዓብይ ጉዳይ ተገይሩ ክዳሓዝ ዘለዎ ጉዳይ መንእሰይ እዩ፣መንእሰይ ድማ ኣብዚ እዋን እዚ ኣብ ሓደጋ እዩ ዝርከብ።ስምዒታዊ እዩ ዘሎ፤ መከላከያ ሓንቲ ጌጋ እንተፈፂሙ ናብ ምርባሽን ዘይተደለየ ነገራት ዝኣቱ መንእሰይ ስለዝኾነ ብፌደራል መንግስቲ ብጣዕሚ ትኹረት ክዋሃቦ ኣለዎ።

መንእሰይ እንትትሓስብ ከለኻ ብዙሕ ወፃኢ እዩ ዘድሊ፤መድረኽ ንምፍጣር ንባዕሉ ብዙሕ ነገር እዩ ዝሓትት፤ስለዚ ኣብቲ መንእሰይ ፍሉይ ጠመተ ክዋሃቦ ኣለዎ። ሚኒስትር ሰላም ድማ ትኹረት ብምሃብ ናይ ባዕሉ ግደ እናበርከተ ይርከብ።ነቲ መንእሰይ እቲ ፖለቲካ ፈጢርዎ ዘለዎ ውጥረት 'ውን ሓደጋ ኾይንዎ እዩ፣ሓይሊ ኤርትራ ኣብቲ መንእሰይ ፅዕንቶ ክፈጥር ኽኢሉ እዩ።ኣብዚ ሕዚ እዋን መንእሰይ ናብ ስደት ዝመርፀሉ ግዘ እዩ። ፣መዓልታዊ ዝኾኑ ስደት ኣሎ። ናብ ዓፋር፣ሱዳን፤ ዓዲ ዓረብ እናተሰደዱ እዮም ዝርከቡ፤እቲ ተፈጢሩ ዘሎ ኹነታት ስደት ንክመርፁ ገይርዎም እዩ።

**ወጋሕታ፡-ካብ ዝተፈላለዩ ከባብታት ዝመፁ ተመዛበልቲ መናእሰይ ኣብ ምንታይ ኩነታት ይርከቡ?**

ኣይተ ባርያጋብር፡-ተመዛበልቲ ብዝምልከት ብዙሕ ቑፅሪ ዝሕዙ ህፃናት እዮም፣ኣብ ቤት ትምህርቲ ዘለዉ ተመዛበልቲ ህፃናት ቐፂሉ ድማ ቁፅሪ መናእሰይ እዩ።ከም ቢሮ ዝሓሰብናዮ ነገር እንተሃለወ እዚኦም መናእሰይ እዚኦም ደረጃ ትምህርቶም ፣ዕድመን ካበይ ከባቢ ከምዝመፁ ብምምዝጋብ ብድሕሪኡ ትካላት ክሕግዙና ናይ ምግባር ስራሕቲ እዩ።ዩኒቨርሲቲ መቐለ ዝሕግዘና ነገር እንተሃልዩ ኣብ ትምህርቲ ይኹን ብኻልኦት መዳያት እናተዛራረብና ንርከብ።ቐፂሉ ድማ ኣብቲ ግዝያዊ ምምሕዳር ንኽካተቱ ምግባር እዩ፣ምኽንያቱም ንሳቶም 'ውን ተጋሩ እዮም፤ስለዝኾነ ዝመፅእ ስራሕ ዕድል ተሳተፍቲ ንክኾኑ ኣብ ሓገዝ ምክፍፋል ድዩ ኣብ ካልእ ንክኣትዉ ምግባር ዝተወሰነ ስልጠና ብምሃብ ስራሕ ዝጅምርሉ መገዲ ምፍጣር እዩ።ብርግፅ ሓደ ሓደ ስልጠና ነቲ መንእሰይ እናተውሃቦ እዩ ዝርከብ።ኣብ ከቢድ ቕልውላው ስለ ዘሎ፤ንዑደት ናብቲ ቦታ ኣብ እንኸደሉ እዋን ብዝተፈጠረ ኩነታት ብጣዕሚ ስምዒታዊ እዮም፣እዚ ንምጥፋእ ድማ ምንቕስቃሳት ጀሚርና ኣለና።ብኣብዝሓ ተመዛበልቲ ኣብ መቐለ ዝርከቡ እንትኾኑ ካብ መቐለ ቐፂሉ ድማ ኣብ ሽረ እዩ ዝርከብ፤ሽረ ካብቲ ነባራይ ስደተኛ ተሸኪማ እያ እትርከብ ።ካብኡ ድማ ዓድዋ፣ኣኽሱም እናበለ እዩ ዝቕፅል ፣ስለዚ እዞም ተመዛበልቲ ከምቲ ነባራይ መንእሰይ ናብ ዘይተደለየ መገዲ ከይኣትዉ ስራሕቲ ክስራሕ ኣለዎ ብምባል ኣብ ምምዝጋብ ንርከብ።

**ወጋሕታ፡-መናእሰይ ብፍላይ ዝተመዛበሉ መናእሰይ ናብ ስራሕ ንክኣትዉ ካብ ትካላት እንታይ ዓይነት ሓገዝ እናገበሩ ይርከቡ? ወይ ድማ ብትልሚ ዝተድሓዘ ?**

**ኣይተ ባርያጋብር፡-**ቢሮ ሕርሻ ፣ቢሮ ኮንስትራክሽን ቢሮ ደቀቕትን ኣንእሽተን ፣ደደቢት ማይክሮ ፋይናስ እንድሕር ናብ ስራሕ ኣትዩ ብዙሕ ነገር ክቃልል እዩ ኢልና ተስፋ ንገብር።ኣብዚ ሕዚ እዋን ፋብሪካ ሲሚኒቶ መሰቦ ስራሕ ጀሚሩ ኣሎ ። እዚ ፋብሪካ ናብ ስራሕ ኣትዩ ማለት እቲ ስራሕቲ ሲሚንቶ እንተጀሚሩ ካብ መዓልታዊ ሰራሕተኛ ክሳብ ኮንትራክተር እዩ ስራሕ ዝጅምር። ስለዚ ፋብሪካ ሲሚኒቶ መሰቦ ስራሕ ምጅማሩ ዓብይ ተስፋ እዩ። እቲ ማይክሮፋይናንስ እንተጀሚሩ እውን ልቃሕ በቢደረጅኡ ነቲ መንእሰይ ንክህብ ኢና ሓሳብ ዘለና፣ካልኦት'ውን ምምሕዳር መሬት ፣ኢንዱስትርን ንግድን እዞም ቢሮታት እዚኦም ኣብ ካብኔ ብምልዓል ኣብ መወዳእታ ርብዒ ዓመት እዚ ሓገዛት ብምግባር ስራሕ ፈጠራ ዝርከበሉ ዕድል ክህሉ እዩ።ኣብ ከይዲ እንትኾን ከሎ ዘጋጥሙና ዕንቅፋት ክህልዉ እዮም ፤ ንቶም ዕንቅፋታት ሓሊፍካ ናብ ተግባር ንምእታው ኣብ ምስራሕ ንርከብ።

ዝለዓለ ስራሕ ዕድል ዝነበረ ስራሕ ኮንስትራክሽን እዩ።ኮንስትራክሽን ስራሕ ክስራሕ ከሎ መዓልታዊ ስራሕቲ ኣሎ።ቀወምቲ ኮንትራክተራት ኣለዉ ፣ማሽናት ኣካርዮም ዝጥቀሙ ሰባት ኣለዉ፣ኮንስትራክሽን ብዙሕ ስራሕ ዝስራሕ ዘፈር እዩ።ኮንስትራክሽን ስራሕ ጠጠው ኢሉ ማለት 70 ሚኢታዊ ሰራሕተኛ መንእሰይ ስራሕ ጠጠው ኢሉ ማለት እዩ። እዚ መንእሰይ ተሎ ናብ ዝነበሮ ኩነታት እንተዘይተመሊሱ ናብ ዘይድለ ነገር ንምኻድ መገዲ ምኸፋት እዩ። ካልእ ናይ ትእምት ጉዳይ እዩ፣ብዙሕ መንእሰይ ዝነበረ ኣብ ትሕቲ ትእምት እዩ ። ትእምት ድማ ገና ናብ ስራሕ ኣይኣተወን ።

**ወጋሕታ፡-ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ኣብ ዝሓለፉ ኣዋርሕ እንታይ ዓይነት ስራሕቲ እናሰርሐ ይርከብ ?**

**ኣይተ ባርያጋብር፡-**ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ኣብዚ ሕዚ ምስ ብዙሓት ፈተናታት እንድዩ እናተጋፈጠ ዝርከብ፤ ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ወርሒ ዝተገበረ ገምጋም ንቐፃሊ ደማ ሓድሽ ትልሚ ብምውፃእ ስራሕ ዝጀመረ



ቢሮ ሕርሻ ፣ቢሮ ኮንስትራክሽን ቢሮ ደቀቕትን ኣንእሽተን ፣ ደደቢት ማይክሮ ፋይናስ እንድሕር ናብ ስራሕ ኣትዩ ብዙሕ ነገር ክቃልል እዩ ኢልና ተስፋ ንገብር፡፡

እንትኸውን ኢኮኖሚ፣ማሕበራዊን ፀጥታ ምምሕዳር ትኹረት ዝገብረሎም እዮም።ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ኣዋርሕ ብዙሓት ፀገማት ነይሮም እዮም፣ኣብ ዝቐረበ ሪፖርት እቲ ሓደ ፀገም ፋይናንስ እዩ፣ከም ክልል ናይ በጀት ሕፅረት ኣሎ እዩ።እቲ ተመዲቡ ዝነበረ በጀት ጉጅለ ህወሓት ሒዞምዎ እዮም ኸይዶም።በዚ ምኽንያት ፌደራል መንግስቲ ካብ ስሩዕ በጀት እቲ ህወሓት ዝሸፍናዮ ሓዊሱ እዩ ዝሸፍን ዘሎ።ፌደራል መንግስቲ ብጣዕሚ እዩ ድጎማ ዝገብር ዘሎ።ኣብ ትሕቲ ትእምት ዝነበራ ትካላት ብኸቢድ ገበን እዩ ተዓፅዩ ዝነበረ፣ኣብዚ ጥራሕ ብዙሕ ወፃኢ እዩ ተገይሩ፣ኣብ ትምህርቲ ፣ጥዕና ዝኣመሰሉ ትካላት በቢዘፈሩ ብጣዕሚ ሰፊሕ ድጎማ ተገይሩ።እዚ ሓደ ኣብቲ ግምገማ ቐሪቡ ዝነበረ እዩ፣

ቐፂሉ ድማ እቲ ዓብይ ጉዳይ ዝነበረ ፀጥታ ብዝምልከት እዩ።እዚ ብምግምጋም ናይ ኣመራርሓ ለውጢ ክግበር ኪኢሉ እዩ። እቲ ኩነታት ፀጥታ ኣብዚ ሕዚ እዋን ጀነራል ዮሃንስ እዩ ንኽመርሖ ተገይሩ።ስለዚ ኣብ ፀጥታ ብዝምልከት ብፍላይ ድማ ሓገዛት ንምብፃሕ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ናይ ምንቅስቓስ ኣፀጋሚ ስለዝነበረ ሰራዊት ምትእጉጋል ነይሩ እዩ።እቲ መሓውር ዝተፈላለየ ስግኣታት ነይርዎ እዩ ።ሕዚ ግና እዚ ምሉእ ብሙሉእ ስለዝተቐየረ ብሰለስተ ወርሒ ገምጋም ኣብ ቐፃሊ ፅቡቕ ለውጢ ክመፅእ እዩ ኢልና ንሓስብ።ኣብ ፀጥታ ፅቡቕ ለውጢ እንተመፂኡ እቲ ስራሕ እውን ብኡኡ ልክዕ እዩ ዝሳኻዕ ። ናብ ዝተፈላለዩ ቦታታት በምዝውዋር ንመናእሰይ ንምሕጋዝን መድረኻት ንምፍጣር እውን ኩነታት ፀጥታ ወሳኒ እዩ፣ምሉእ በጀት እንተሃለወ

# ዕዱም ጋሻ

እውን ሰላም እንተዘይሃልዩ ዋጋ የብሉን።

እዚ ግዝያዊ ምምሕዳር ካልኦት ፓርትታት ሓዊሱ እዩ ዘሳትፍ።ካብዚኦም ፓርቲ ዝላዓለ ተሳትፎ ዘለዎም ፓርቲ ራያ ራዩማ እዮም። ትዴፓ ፣ዓረና ፣ብልፅግና ትግራይን ኢዜማን ይርከቡ፤እዞም ሓሙሽተ ዝተፈላለዩ ሓሳብ ዘለዎም ፓርትታት ብሓባር ብምስታፍ ፖለቲካ ኣተሓሳስበኦም ብምግዳፍ ትግራይ ነድሕን ብምባል እዮም ዝንቀሳቀሱ ዘለዉ።እቲ መሪሕ ቃልና እውን እዚ እዩ።ህዝቢ ትግራይ ሰላሙን ድሕንነቱን ተረጋጊፁ ናብ ስሩዕ መነባበርኡ ንክምለስ ፣ትካላት ናብ ስረሖም ንክምለሱ ምግባር እቲ ቀንዲ ትልሚ ስለዝኾነ እቲ ዘሎ ኹነታት ኣፀጋሚ እንተኾነ እውን ዝቕድም ረብሓ ህዝቢ ትግራይ እዩ። ፖለቲካዊ ኣተሓሳስባ ይፅናሕ ብምባል ዝሳተፉ እዞም ሓሙሽተ ፖለቲካ ፓርቲ ብሓቂ ምስጋና ይግበኦም እዩ።ኣብ ትግራይ ፖለቲካ ኣተሓሳስባ ክረጋጋዕ ኣለዎ። ሓደ ሓደ ምስ ህወሓት ዝተፀገዑ ኣካላት ኣብ ክንዲ ምርግጋፅ ናብ ህልኸን ፅልእን እናኸረርዎ እዮም ዝኸዱ ዘለዉ።እዚ ድማ መጀመርያ ተጎዳኢ ዝኸውን ህዝቢ ትግራይ እዩ።ንሕና ምስ ክልላት ርክብና ክጠናኸር ኢና እንደሊ፣ ንህዝቢ ትግራይ ‹‹ፌደራል ኣይጠቕመካይ ኢትዮጵያ ፀላኢኻ እዩ›› እናተብሃለ ህዝቢ ናብ ሽንፈለል ንክኣቱ ንክርበሽን እቲ ፌደራል መንግስቲ ‘ውን ተኣማንነት ንክስእን ዝገብሩ ኣለዉ።እዚ ግና መፍትሒ ክኸውን ኣይኽእልን። ነገራት ብዘተ እዩ ክፍታሕ ዘለዎ።ብጎንፅን ብህልኽን ዝጉዳእ ህዝቢ እዩ።

ግዝያዊ ምምሕዳር ህዝቢ ትግራይ ካልእ ይትረፍ እተን ቢሮታትን ሰርቪስን ግልጋሎት ንክህባ ገይርና ነቲ ህዝቢ ከገልግል ኣለዎ እዩ ዝበለ፤ ካልእ ፖለቲካ ስራሕቲ ክሰርሕ እየ ኣይበለን ። ኣብ ዝሓለፉ ኣርባዕተ ኣዋርሕ ብዛዕባ ፖለቲካ ኣጀንዳ ዘልዐለ የለን።ኣብዚ ግዜ ሓገዝ ዝህብ ዘሎ እዩ እናተወቅዐ ዘሎ፤ እዚ ድማ ነቲ ግዝያዊ ምምሕዳር ስርሑ ንከይሰርሕን ዕንቅፋት እናኾና ይርከብ፣

**ወጋሕታ፡-ካብ ሃገር ወፃኢ ዘለዉ ተወለድቲ ትግራይ ሰልፊ ተቓውሞ እናካየዱ ይርከቡ፤ሓብዚ ዘለዎም ርኢቶ እንታይ ይመስል?**

**ኣይተ ባርያጋብር፡**-ኣብ ወፃኢ ዘለዉ ተጋሩ ምስቲ ዘሎ ኩነታት ዘበርከትዎ ነገር የለን፤ኣብ ናይ ባዕሎም ትልሚ ውሽጢ እዮም ዘለዉ።ብመሰረቱ ንሳቶም ካብ ተመሳሳሊ ቤተሰብ ዝተኣኻኸቡ፤ካብ ሓደ ስርዓት ዝመፁ ፣በቲ ውድብ ናብ ወፃኢ ዝወፁ ፣ናታቶም ተጠቀምቲ እዮም ። ንህዝቢ ትግራይ ሓልዮት ሃልይዎም ኣይፈልጡን።ኣብዚ ሕዚ እዋን’ውን ዝሓልዩ ኣይኮኑን ዘድልዮ ፣ናይ ህዝቢ ትግራይ ምጉስቋል ናዓኣቶም ሓጎስ እዩ።ምኽንያቱም ብጣዕሚ ብዙሕ ወፃኢ ኣውፅኦም መኪና እናተኻረዩ እዮም ሰላማዊ ሰልፊ ዝገብሩ ዘለዉ።

ኾይኑ ግና ዓሰርተ ቕርሺ ካብኣቶም ናብ ህዝቢ ትግራይ ኣይመፀትን ፣ኣብ ኢትዮጵያ ዘለዉ ተጋሩ ዘውፅኡዎ ወፃኢ ብጣዕሚ ይሓይሽ ።ካብ ማሃየኦም እናውፅኡ ሓገዝ እናገበሩ እዮም።ክልላት ዝገብርዎ ዘለው ሓገዝ ክሳብ ኻልኣይ ዙር ዝበፅሑ ኣለዎ ።ገንዘብ፣ መድሓኒትን ኣምቡላንስን ንኻልኣይ ግዘ እናሓገዙ ይርከቡ።ስለዚ እቶም ኣብ ወፃኢ ዝነብሩ ተጋሩ ብግልፂ ፀረ ትግራይ እዮም። እቲ ሓደ ውጥረት ክውሰኽ እንበር ክቕንስ ኣይገብሩን፣እቲ ሓገዝ ተሪፉ ካብዚ ነገር ተዝቑጠቡ እውን ሓደ ነገር እዩ።

ሕዚ ዘሎ ፖለቲካዊ ውጥረት ህዝቢ ትግራይ ምስ ብሄር ብሄረሰባት ንምፅላእ ፣ምስ ጎረቤቱ ንክጓነፅ እዮም ስራሕቲ ዝሰርሑ ዘለዉ።ህዝቢ ትግራይን መንእሰይን ንክፈርሕን ንክርበሽን ንዓኣቶም ጥራሕ ንክኣምን እዮም ዝሰርሑ ዘለው።እዚ ድማ ኣብዚ ሕዚ እዋን ተሰማዕነት ኣይህልዎምን።

መንእሰይ ትግራይ ክምለሰሉ ዝደሊ ሕቶታት ኣለዉ።ንሳቶም እንድሕር ተመሊስሎም ናብ ስሩዕ ህይወቱ ንክምለስ እዩ ዝደሊ፣ሕጊ ምኽባር እኮ ኣብ ትግራይ ብቕልጡፍ ንክውዳእ ዝገበሮ ምስ ህዝቢ ትግራይ ብምትሕብባር እዩ።እዚ ዘርእየና ህዝቢ ትግራይ ካብ መጀመሪኡ እውን ፅልኢት ከምዘይነበሮ ዘርእየና እዩ።ህዝቢ ትግራይ ትኽክለኛ ሕቶታቱ ክምለሰሉ እዩ ዝደሊ።

ህዝቢ ትግራይ ምስ ህወሓት ቐደም እዩ ዝተቖራረፀ ፣ህዝቢ ትግራይ ክመርሐካ’ምበር ክትመርሖ ኣይትኽእልን ።ኣብ ወፃኢ ዘለው ተጋሩ ኣሽምባይዶ ምስ ጎረባብቲ ተጋሩ ነንባዕልና ሓድነት ንከይህልየና እናገበሩ እዮም።ድልየቶም ንሳቶም ብሰላም ክነበሩ ህዝቢ ትግራይ ነንባዕሉ እናተጠራጠረ ክነብር እዩ ፤ሓቂ ዘይኮነ ምስልታት ‘ውን እናለቐቑ ህዝቢ ትግራይ ንከይረጋጋዕ ስራሕቲ ዝሰርሑ ዘለው ።

ህዝቢ ትግራይ ምስ ጎረባብቲ ህዝብታት ብፍቕሪ ንከይነብርን ቂም ንክሕዝን ዓብይ ፅዕንቶ ገይሮም እዮም። ህዝቢ ትግራይ ካብ ዝባሃሎ ቐስ ብቐስ እቲ ሓቂ እናተረዶ ክኸይድ እዩ ፤ስለዚ እቲ ዝገበርዎ ዘለዉ ሰልፊ ንምምሳል እዩ።

እንህናልካ እናበሉ ሕዚ ሰልፊ ዝወፁ ዘለዉ ንናይ ባዕሎም ኽብርን ጥቕምን ክብሉ እዮም።ብፍላይ ድማ ንህዝቢ ትግራይ ኣብ ሕዚ ሰዓት ዝሓስብ ዘሎ ዓለም ምሉእ እዩ። እዚኦም ግና ስለኽብሮምን ስልጣኖምን ብዙሕ ወፃኢ እናውፅኡ እናተሰለፉን እናተፃረፉን እዮም ዝውዕሉ ዘለዉ።ህዝቢ ትግራይ ኣብ ጥምየት ኣብ ዝርከበሉ እዋን ንሳቶም ንሚድያ ሽፋን ብር እናኸፈሉ ይርከቡ፤ኣብዚ ሕዚ እዋን ንህዝቢ ትግራይ ዘይኾኑ ሰባት ተጋሩ ኢልካ ንምፅዋዕ እውን ከቢድ እዩ።

**ወጋሕታ፡-ቀዳማይ ሚኒስተር ዶክተር ኣብይ ኣብ ቤት ምኽሪ ብዛዕባ ትግራይ ዝሃብዎ ሓሳብ ብኸመይ ደርኢዎ?**

**ኣይተ ባርያጋብር፡**-ዝተፈጠሩ ፀገማት ናይ ሕዚ ኣይኮኑን ፤እናተንከባለሉ ዝመፁ ፀገማት እዮም ።እቶም ቐዳማይ ሚኒስተር ካብ ዝመፁ ጀሚሩ ብዙሕ ዘድሐንዎ ጉዳያት ኣለዉ።ኣብ ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ዘቕረብዎም ሓሳባት ምስ ኣምሓራን ኤርትራን ብዝምልከትን ካልኦት ጉዳያትን ዝተደሓሓዘ ዝቐረበ ጉዳይ ቕቡል እዩ፣እዚ ዝመፀ ለውጢ ንክቕፅል ኣብ ጎኒ ቐዳማይ ሚኒስተር ጠጠው ክንብል ኣለና ። ሕዚ ‘ውን ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ፅንፈኛታት ኣለዉ እዮም ፣‹‹ኣነ እንድሕር ዘይተኸቢረ እዛ ሃገር ክትህሉ የብላን›› ዝብል ኣተሓሳስባ ዘለዎም እዮም።እዚኦም ካብ ህወሓት ትምህርቲ ክውሰዱ ኣለዎም። ህወሓት ንባዕሉ ስለዘቐደመ እዩ ጠፊኡ ዘሎ፣ እተቐድም ዘለካ ንሃገር እዩ።ህዝቢ ትግራይ እቶም ቐዳማይ ሚኒስተር ዝሃቦ ሓሳብ ብፅሞና እዩ ዝከታታሎ ነይሩ፤እዚ ዘሪእየካ ህዝቢ ትግራይ ካብ ዶክተር ኣብይ ዓብይ ትፅቢትን ተስፋ እናገበረ እዩ ።

ብርግፅ ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት ህዝቢ ትግራይ ንፌደራል መንግስቲ ክጠራጠሮዎ ዝገበሩ ብዙሓት ጉዳያት ኣብ ከይዲ እቲ ሓቂ እናወፀ ክኸይድ እዩ።ካልእ ይፅናሕ እሞ ንህወሓት እንታይ ዓይነት ዕድል ከምዝሃቦም ቀስ ብቐስ ምውፅኡ ኣይተርፍን። እቶም ቐዳማይ ሚኒስተር ብዙሓት ስራሕቲ ሰሪሖም እዮም። ኣብ ምክልኻል ሃገር ፣ኣብ ፖሊስ ፣ኣብ ትካል ድሕንነት ካልእ ድማ ኣብ ትምህርቲ ኣብ ጥዕና ዝተገበሩ ምምሕያሻት ኣለዉ። ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት ህወሓት ብድምፂ ወያነ ዝሕልፍዎ ዝነበሩ ህዝቢ ምስ ህዝቢ ንምፍልላይ እዩ፤ህዝቢ ግና ጠንካራ እዩ።ምእንቲ ሃገርን ህዝብን ክባሃል ክፀርዩ ዘለዎም ጉዳያት ክፀርዩ ኣለዎም።ስለዚ ቐዳማይ ሚኒስተር ኣብይ ኣህመድ ዝሃብዎም ሓሳባት ወድዓውን ተስፋ ዝህቡን ሓሳባት ተላዒሎም እዮም።

**ወጋሕታ :-ጉዳይ ስፖርት ክልል ትግራይ ኣብ ምንታይ ኩነታት ይርከብ?**

**ኣይተ ባርያጋብር፡**-ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣብ ፀገም ካብ ዝወደቑ ጉዳያት እቲ ሓደ ስፖርት እዩ። ስፖርት ትግራይ ጠጠው ካብ ዝብል ሓደ ዓመት ኣቑፂሩ ኣሎ። መጀመርያ ብኮሮና ምኽንያት ተቛሪፁ ፀኒሑ፤ቀፂሉ ድማ ብዝነበረ ዘይምርግጋዕ ኣይተሰርሐን። ስፖርት ብባህሪኡ ምንቅስቓስ ኣካልን ኣእምሮን ዝደሊ ስራሕ ስለዝኾነ ኣብቲ ስፖርተኛ ዓብይ ፅልዋ እዩ ኣሕደሩ።ኣብዚ ሕዚ እዋን ናብ ዝነበሮ ንምምላስ ምስቶም መካየድቲ ስራሕ ይኹን ምስ ኣሰልጠንቲ ኣብ ምዝርራብ ኢና ንርከብ።

ክውሶ እግሪ ንበይኑ ከምኡ’ውን ብስክሌትን ጉያን ናብ ስራሕ ዝኣትውሉ መገዲ እናተስተኻኸለ ይርከብ።ትግራይ ብፍላይ ድማ ጉያን ብስክሌታን ብዓለምለኽ ብርኪ ተነሓናሕቲ ስለዘለዉ ቐዳምነት ብምሃብ ናብ ልምምድ ንክኣትዉ ክግበር እዩ።ናይ ኦሎምፒክ ዝግበር ውድድር ኣሎ፤ ኣብኡ ዝሳተፉ ኣትሌታት ናብ መቐለ ብምምፃእ ኣብ ልምምድ እዮም ዘለዉ። ካብዚ በምቕፃል ብምፅራይ ብቑዓት ዝኾኑ ተናሓናሕቲ ናብ ኣዲስ ኣባባ ብምኻድ ክሳተፉ እዮም።እዚ ድማ ድጎማ ብምግባር ነቶም ስፖርተኛታት ሞራሎም ንክምለስ ተስፋ ንምሃብ ብዝብል እዩ።

እቶም ዓበይቲ ዝባሃሉ ክለባት ትግራይ ንምጅማር ግዘ ዝወስድ እዩ ዝኸውን፣ብርግፅ እቶም ተፃወቲ ናብ ዝተፈላለያ ክለባት ተበቲኖም ንክፃወቱ ተገይሩ እዩ፣ ዘይኣተዉ’ውን ኣለዉ። ናብ ዝነበሮ ንምምላስ ኣብ ምስራሕ እንተሃለና’ውን እቶም ክለባት ዘይኸፈልዎ ዕዳ ስለዘለዎም እዚ ንባዕሉ ሓደ መፅናዕቲ ዘድልዮ ነገር ኾይኑ ኣሎ። ንሕና ግና ዘለዉ ፀገማት ብምፍታሕ ናብ ቕድሚት ዝኸደሉ መገዲ ንምጅማር እዩ ድልየትና፣ካብዚ ንዳሓር ተስፋ ንገብር እቶም ፌደሬሽን እውን ድጎማ ብምግባር ስፖርት ትግራይ ናብ ንቡር ክምለስ ኣለዎ ዝብል ቅዋም እዩ ዘለዎም፣

**ወጋሕታ :-ኣብ መወዳእታ ዝብልዎ ሓሳብ እንተሃልዩ?**

**ኣይተ ባርያጋብር፡**-ኣብ ትግራይ ዘሎ ፀገም ናይ ባዓልና ተጋሩ ፀገም እዩ ዝመስለኒ ፣ትግራዋይ ይመርሕ ነይሩ፣ትግራዋይ ይሰርሕ መረኣያ እዩ ፣ ህወሓት ብዝፈጠሮ ድኽመት ንወለዶ ትግራይ ጎዲኡ ነዛ ሃገር እውን ጎዲኡ እዩ። ሕዚ ‘ውን ኹላትና ትኹረት ክንገበር ዘለና ህዝብና ኣብ ምድሓን ስራሕቲ እዩ። እቲ ካልእ ድማ ኣብ ሲቪል ማሕበረሰብ ዝፍፀሙ መጥቃዕቲ ጠጠው ክብል ኣለዎ፣ኣብ ዘለናዮ ኹነታት ክንሓብኦ ኣይንኽእልን፣ ህዝብና ምግቢ እዩ ስኢኑ ዘሎ፣ስለዚ ኣይኾነይዶ ካብ ናይ ኢትዮጵያ ብሄር ብሄረሰባት ካብ መላእ ዓለም ኢና ሓገዝ እንቕበል ዘለና፤ስለዚ ኣብ ድኽነት ከምዘለናን ሓገዝ ከምዘድልየናን ክንኣምን ኣለና። ትምክሕቲ ምንም ኣይገብርን።‹‹ተጋሩ ከምዚ ኢና›› ብምባል እምድማ ኣብቲ ሓገዝ ምንም ተሳትፎ ዘይብሎም ብዙሓት እዮም፤የግዳስ ሓገዝ ንዝገበረ ስም እናውፅኡ ናይ እከለ ክይትቕበል እናበሉ እዮም ዝውዕሉ ዘለዉ ። ከይትቕበሉ እናበልካ ህዝቢ እናጎዳእኻ ንባዕልካ ፖለቲካ ትርፊ ንምርካብ እዩ እናተሰርሐ ዘሎ።እዚ ድማ ጠጠው ኢልካ ክሕሰበሉን ምኽክር ዘድልዮን እዩ።እቲ ዘሎ ኹነታት ንምፍታሕ እናተረዳእኻስ’ምበር ብህልኽ ዘግበሩ ነገራት ክተርፉ ኣለዎም ። ኩላትና ተጋሩ ሓደ ኾይና ናብቲ ቐዳምነት ክወሃቦ ዝግባእ ቐዳምነት ክንህብ ኣለና።

**ወጋሕታ፡-ንዝነበረና ፃንሒት የመስግን ።**

**ኣይተ ባርያጋብር፡**- ኣነ ‘ውን የመስግን።

# ተነሓናሕቲ ፓርትታት...

ብሄርተኝነት ክጥጥዕ ዝጀመረ ከም ኣቆፃፅራ ፈረንጂ ኣብ 1980ታት ኣብ ዝተፈላለዩ ብሄራት ብሃይማኖታት ብቛንቋ ለውጢ ዝተርኣየሉ ዘበን ከምዝነበረ (the shift from national disintegration was well underway by the mid 1980‘s) ምንቅስቓስ ዝተፈላለያ ሃገራት ንኣብነት ኣብ ሊባኖስ፣ናይጀርያ፣ፓኪስታንን ኹነታት ኢትዮጵያን ከም መረዳእታ እናቕረበ ይትንትን።ብኣንፃሩ ድማ እስካብ 1960ታት ምንቅስቓስ ውህደት ሉኣላውያን ሃገራት ዝነበረሉ ዘበን እዩ ነይሩ።ንኣብነት በዓል እኒ Dank wart Rustow-A world of nation ሕብረት ኣውሮፓን ሕብረት ኣፍሪካን ከም ሓደ መርኣያ የቐምጡ።እሞ ድኣ ሎሚ ልኣላውነት ንዓለም ናብ ሓንቲ ቑሸት እናተኣኻኸበ ኣብ ዘለሉ መበል 21 ክፍለ ዘበን ኢትዮጵያ ናብ ኣናእሽተይ ቑሸታት ምምቕቓል፤ወይስ እታ ዝተረከብናያ ኢትዮጵያ ዘበን ብዝጠልቦ ኣተሓሳስባ ህንፀት ብሄር ዘበናዊ ብዝኾነ መልክዑ ክነካይድ ይግበኣና?ስለዚ ንመረፃ እንነሓናሕ ፓርትታት ፖለቲካ ብዛዕባ ህንፀት ብሄር ናይ ትኹረት ኣጀንዳና ክኸውን ይግባእ።

ምሕዳራ መሬት ኢትዮጵያን ግብርናን

ኣብ ፖለቲካ ኢትዮጵያ ምሕደራ መሬት ዓብዪ ቦታ ዘለዎ እንትኸውን ኣብ 1960ታት ንዝተጓሃሃረ ምንቅስቓስ ሕቶ መሰል በዓል ቤትነት መሬት ነቲ ናዕቢ ንምጉሁሃር ከም ነዳዲ ኾይኑ ኣገልጊሉ እዩ።ነዚ እዩ ድማ ኣፍቲ እዋን መሬት ንሓራሲኡ ዝብል ጭርሖ ሒዞም እናስምዑ፤ንሱር ቦቀስ ለውጢ ስርዓት ደርጊ ክኸውን ዝኽኣለሉ ምኽንያት ካብ መንጎ ሕቶታት ህዝቢ እቲ ሓደ ክኸውን ዝኽኣለ።ምሕደራ መሬት ክንብል ከለና ብሕጊ ወይ ድማ ብልማድ መሰል ብዓልቤትነት መሬት ምውሳን እንትኸውን እቲ ዝህልው መሰል ድማ ብተናፀል ወይ ድማ ብሕብረት (Abundle of rights) ናይ ምትሕልላፍ፣ናይ ምሻጥ ወይ ድማ ዝእዝዝሉ (possession)ኣግባብ ምውሳን እንትኸውን ኣብ ኣፍሪካ ኢትዮጵያን ሞዛምቢክ ንመሰል ባዓልቤትነት መንግስቲ እንትወሃብ ከም ደቡብ ኣፍሪካ ናይ ውልቀ መሰል ባዓልቤትነት ይፈቅድ።ኣብ ሕገ መንግስቲ ኢትዮጵያ መሬት ናይ ህዝብን ናይ መንግስትን ከምዝኾነ ይድንግግ።

ምሕደራ መሬት ኣብ ኹነታት ኢትዮጵያ ሕገ መንግስታዊ ምግባር ዓርሱ ኽኢሉ ዘዛትይ እንተኾነ’ውን፤ ኣብ ምሕደራ መሬት ሕገ መንግስታዊ ምግባር ብባዕዳዊ መግዛእቲ ዝትሓዛን መሬት ብባዕዳዊ ገዛእቲ እንትትሓዝን እቲ ነባር ህዝቢ ባዓል ቤት ንምግባር ኣብ ሕገ መንግስቲ ንኽካተት ይግበር።ስለዝኾነ ምሕደራ መሬት ብባዓልቤትነት ምሓዝ መንፈስ ባዓልቤትነት ዘሐይልን እዚ ብኣንፃሩ ኣብ መሬት ኢንቨስት ንምግባር ዘበረታትዕን ንዕብየት ኢኮኖሚ ኣስተዋፅኦ ይገብር ዝብሉ እንትህልዉ ብኣንፃሩ ድማ ምርግጋፅ ባዓልቤትነት መሬት ኢንቨስት ንምግባርን ንዕብየት ኢኮኖሚ ሓደ ክኸውን ይኽእል ‘ምበር እኹል ኣይኮነን ክብሉ ይከራኸሩ።ብምኳኑ ድማ 6ይ ሃገራዊን ክልላውን መረፃ ከም መረፃ 97 ኣጀንዳ ክኸውን ከምዝኽእል ይግመት።

ምስ ምሕደራ መሬት ኢትዮጵያ ተተሓሒዙ ትኹረት ካብ ዝግበኦም ዘፈራት እቲ ሓደን ቀንድን፤ዘፈር ግብርና ክኸውን ይግባእ።ምኽንያቱ ኣብ ኢትዮጵያ ዝኾነ ፓርቲ ፖለቲካ መሰረት ሓረስታይ ተዘይሃልይዎ ስልጣን ዝሕሰብ ኣይኮነን።ብኣንፃሩ ህይወት ሓረስታይ 83 ሚኢታዊ ህዝቢ ምቕያር ተዘይተኻኢሉ ልምዓትን ዕብየትን ኣብ ኢትዮጵያ ዝሕሰብ ጉዳይ ኣይኮነን።ስለዝኾነ ግብርና ከም ኢትዮጵያ ዝበላ ኣብ ምዕባይ ዝርከባ ሃገራት፤ዘፈር ግብርና ንውሕስና ምግቢ ንምርግጋፅን ንዕብየት ኢኮኖሚ ዘለዎ ግደ ልዑል እዩ።ንኣብነት ከም ፀብፃብ ኮምሽን ፕላን ኢትዮጵያ ኣብ ዝሓለፉ 10 ዓመታት (2003-2012) ካብ ኣጠቓላሊ ሽርፊ ወፃኢ 73.8 ሚኢታዊ ካብ ዘፈር ግብርና ዝተረኸበ እዩ።ብኣንፃሩ ኣብ ተመሳሳሊ ዘበን ማእኸላይ ዕብየቱ 8 ሚኢታዊ እዩ ነይሩ ።ምህርቲ ዘፈር ግብርና ትሑት ምዃን ዝሐሸ ኣቕርቦት ምሩፅ ዘርእን ብሉፅ ቴክኖሎጅን ትሑት ብምዃኑ እቲ ቀንዲ ቐረብ ምግቢ ውሽጢ ዓዲን ወፃእን ንዕብየት ሽርፊ ወፃኢ ከበርክት ክንዲ ዝግበኦ ኣስተዋፅኦ እናበርከተ ኣይኮነን።

እቲ ዋና ፀገም ናብ ስልጣን ዝመፁ መንግስታት ብትኽክልኛ ፖሊሲን ስትራተጂን ክመርሑ ስለዘይከኣሉ እዩ።ንኣብነት መንግስቲ ሃይለስላሰ ሽርፊ ወፃኢ ንዝርከቦም ምህርትታት ትኹረት ብምሃብ ኣብ ኣናእሽተይ ናይ ሕርሻ ቦታታት ዝሓዙ ሓረስቶት ዝተውሃቦም ትኹረት ውሑድ እዩ ነይሩ።ብዘበነ ደርጊ’ውን ካብ ሰዓብቲ ርዮተ ዓለም ሶሻሊስት ንዓበይቲ ሕርሻታት መንግስቲ ዝሃቦ ትኹረት ኣብ ኣናእሽተይ ናይ ሕርሻ ቦታ ንዝሓዙ ሓረስቶት ትኹረት ዝኸልእ ስትራተጂ እዩ ነይርዎ።ብኣንፃሩ ካብ 1983 ዓ.ም ናብዚ ኣብ ኣናእሽተይ ናይ ሕርሻ ቦታታት ነቲ ሓረስታይ ብምግቢ ዓርሱ ንክኽእል ብዝብል መርህን ብግብርና ዝምራሕ ኢንዱስትሪ ፖሊሲ ብምውፃእ ንዘፈር ግብርና ትኹረት እንተሃበ’ውን ብኣመዳድባ በጀት ትሕቲ ሰሃራ ንዘለዋ ሃገራት ኣፍሪካ ዝሐሸ በጀት እንተተመደበ’ኳ ንዓበይቲ ሕርሻ ቦታታት (mechanization)ሰብ ሞያ ግብርናን ንሰራሕተኛታት ግብርና ኤክስቴንሽንን ኣብ ክንዲ ምውፋር ኣብ ስራሕቲ ካድረ ትኹረት ክገብሩ ይግበር ነይሩ።ልዕሊ ኹሉ ኣፍልጦ ዝነበሮም ኮለጃት ግብርና ኣለማያ፣ሃዋሳ፣ኣምቦ፣ጅማ ወዘተ ኣሰሮም ክጠፍኡ ተገይሮም እዮም።ስለዝኾነ ንግብርና ሃገርና እኹል ትኹረት ዝህብ ፖለቲከኛ ምርካብ እዋናውን ግቡእን እዩ።(እንዳለ ሃይሌ(ዶክተር) ኣብ ጋዜጣ ኣዲስ ዘመን ዝፃሓፍዎን ዝተተርጎመን)

# እዋናዊ ዛዕባ

## ‹‹ንዝሞተ ህወሓት እናሞተ ዝፅበ ኣካል ክህሉ ኣይግባእን ››

\- ሌተናል ጄነራል ባጫ ደበሌ

**መሰረት ገ/ዮሃንስ**

ኣብ ሚኒስቴር ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ዋና መተሓባበሪ ስራሕቲ ህንፀት፤ ሌተናል ጄነራል ባጫ ኣብ እዋናዊ ጉዳያት ኣመልኪቶም ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ጋዜጣዊ መግለፂ ሂቦም ነይሮም። እቶም ሌተናል ጄነራል ኣብ መግለፂኦም ኣብ ሸሞንተ ዝተፈላለያ ከባብታት ክልል ትግራይ እናተንቀሳቐሰ ዝነበረ ጉጅለ ሽፍታ ስጉምቲ ከምዝተወሰደሉ፤ሓይሊ መከላኸሊ ሃገር ብዝወሰዶ ስጉምቲ ኣብ ሸሞንተ ዝተፈላለያ ከባብታት እናተንቀሳቐሰ ዝነበረ ዕጡቕ ሓይሊ ደምሲሱ እዩ ኢሎም።ኣፍቲ ኸይዲ ምህዳን ገበነኛታት ብርክት ዝበሉ ኣብ ትሕቲ ቐይዲ ከምዝውዓለ ገሊፆም።ካብ ሙሉእ መግለፂኦም ካብ ግልጋሎት ዜና ኢትዮጵያ ዩትዩብ ዝረኸብናዮ ዋና ዋና ጉዳያት ከምዝስዕብ ኣቕሪቢናዮም ኣለና።

ኣብ ከባቢ ትግራይ ብሸሞንተ ጉጅለ ዝተወደበ፣ ብሸሞንተ ሽፋቱ ኣመራርሓ ተኸፊሎም ዝነበሩ ንምድምሳስ ብሓደ ግዘ ወፍሪ ተኻይድሎም እዩ። እዚኦም ከባቢታት ኣፅብን ምብራቕ ትግራይን፣ ዋጅራትን ቦራን ከባቢ ራያ ዘሎ፣ ሰሜን ምብራቕ መቐለ፣ሓውዜን ፣ውቕሮ ማራይ ኣብ ኣኽሱም ከባቢ ዝርከብ በዚኦም ከባቢታት ሰፊሕ ናይ ሽፍታነት ተግባር ኣብ ዝፍፀመሉ እዋን ወፍሪ ተኻይድሎም እዩ።

ኣብዚኦም ከባብታት ወፍሪ ኣብ ዝተገበረሉ እዋን ኣብዚ ከባቢ ዝነበረ ኩነታት ምፍላጥ ኣድላይ እዩ ዝኸውን ።እዚኦም ኸባቢ ኣንእሽተይ መዐለሚታት ዝነበርዎን፣ናይቲ ጁንታ መራሕቲ ንባዕሎም ዝሕልዎም ወታደራት ነይሮም እዮም።ስለዚ እዚኣቶም ሰባት ንምድሓዝ ንዓኣቶም ኸቢቡ ዝሕልዎም ሓይሊ ምጥቃዕን ምድምሳስን ስለዝነበረ እዚኦም ኣጥቂዕና ምሉእ ብሙሉእ ተደምሲሶም እዮም።

መዐለሚ ዝነበረ ተወቂዑ እዩ፣ኣብኡ ዝነበሩ ተበታቲኖም እዮም።ዝሞቱ'ውን ሞይቶም ፣ንዓኣቶም ኸቢብዎም ዝነበረ ሰራዊት'ውን ድሕሪ ሐዚ ኻልእ ሰራዊት ኾይኑ ክቕፅል ብዘይኽእለሉ ብርኪ በፂሑ እዩ።ስለዚ እዚ ፀላኢ ኣብዚ ኸባቢ ምሉእ ብሙሉእ እንትድምሰስ ወይ ከዓ እንትጠፍእ እቲ ከባቢ ነፃ እዩ ዝኸውን ፣ንዓኣቶም ንምድሓዝ እውን ምቹው ኩነታት ይፍጠር እዩ።ነዚ እዩ ኣብ መጀመርያ ዝኸበቦ ንምጥፋእ ዝገበእና።እዚ ዝኸበቦ ሓይሊ ወይ ከዓ ወታደር ስንቂ የምፅኣሉ ፣ቅተል ንዘበሎ ይቐትለሉ፣ድፋዕ ሒዙ ይከላኸለሉ፣እሱ ንምህዳም ኣብ ዝደልየሉ እዋን መስዋእትነት ይኸፍለሉ።ስለዚ እዚ ሓይሊ ምድምሳስ ኣማራፂ ዘይብሉ ተግባር ስለዝነበረ ምሉእ ብሙሉእ ኣብ ላዕሊ ኣብ ተገለፁ ቦታታት ተደምሲሶም እዮም።በዚ ዓይነት መገዲ እዩ ምስኡ ዝነበረ ሓይሊ ንክድምሰስ ዝተገበረ።




እዚ ሓይሊ ንምንታይ ኣብዚ ከባቢ ተኣኪቡ ዝፀንሐ ኢልና ሕቶ እንተቕሪብና እቲ ቀንዲ ዕላምኡ መቐለን ከባቢኣን ዋና ዋና መንገዲ ምዕፃው እዩ ነይሩ።እዚኦም መንገዲ እንድሕር ተዓፅዮም እቲ ሓደ ዋና መንገዲ እዩ፣ዋና ናብ መቐለ ዝወስድ መንገዲ እዩ፣ናብ ህዝቢ ሓገዝ ዝኸደሉ መንገዲ እዩ፣ንሰራዊት ስንቅን ዝኾነ ዓይነት ግልጋሎት ዝግበር በዚ መንገዲን ከባብን እዩ፣ስለዚ እዚ ኸባቢ ምዕፃዉ በዚ ኣጨኒክኻ እትደልዮ ምስኻዕ ማለት እዩ።

እቲ ኻልኣይ ህወሓት ብኹሉ ኸባቢ ብኣእምሩኡ ዝፈጠሮ ነገር ኣሎ፣ሓሰውቲ እዮም ሓይሎም ብሕሶት እዩ ሰማይ ዝኣክል።ስለዚ ህወሓት ኣይጠፍአን ክመፅእ እዩ ኢሉ ንዓኣቶም ብተስፋ ዝፅበዩ፣ዝሞተ ውድብ መሊሰኻ ንምርካብ፣ እናሞቱ ዝፅበዩ፣ ተስፋ ገይሮም ኣብ መቐለን ቅድም ኣብ ዝገለፅኽዎም ቦታታን ብዙሓት እዮም።ንዝሞተ ህወሓት እናሞተ ዝፅበ ኣካል ክህሉ ኣይግባእን።

እቲ ሳልሳይ ዓለምለኸ ብርኪ ብዝኾነ ከምዝለዉ ንምርኣይ፣ ኣለና ንምባል ግድን ኣብዚ ከባቢ ክንቀሳቐሱ ነይርዎም።ድልየቶም እዚ እዩ ነይሩ። እናበልዎ ከምዝነበሩ ኣብ ቐረባ መቐለ ክንቆፃፀር ኢና፣ኣዲስ ኣበባ ክንኣቱ ኢና ከም ዝባሃል ነገር ቀሊል ኣይኮነን።ምኽንያቱ ክሳብ ኣፍንጨኦም ተዓጢቖም፣ ንዓና'ውን ዕጥቅና ኣፍቲሖም ዘይካኣልዎ ፣ብክላሽ እንኳዕ ኣዲስ ኣበባ መቐለ ምእታው ኣይካኣልን።እንኳዕ ተዋጊእና ደቂስና ውዒልና እውን ኣይኽእሉናን፤ኾይኑ ግና ንመቐለ ንናይ ምሓዝ ድልየቶም ኣብዚ ሐዚ ዘለዉዎ ቦታ ፕሮፖጋንዳ 'ውን ይምቸው እዩ ኢሎም ዝሓሰብዎ እንትኾን ንሕና ድማ ካብዚ ኸባቢ ነፃ ክኾን ኣለዎ ብምባል ዝገለፅናዮም ቦታታትን ካልኦትን ንክፅረግ ተገይሩ እዩ።

እዚ ሽፍታ ብዝግባእ ተወቒዑ ዝሞተ ሞይቱ ቅድሚ ሐዚ ካብ ዝነበረ ንላዕሊ ሰብ ኢዱ እናሃበ እዩ ዝርከብ፤ምስ ክላሹ ኢዱ እናሃበ እዩ።ምኽንያቱ ዝዋጋእ ምስ ክላሽ ኣይኮነን ምስ ዓበይቲ ናይ ውግኣት ኣፅዋር እዩ።ንዚኦም ንምውጋእ ዓቕሚ ስለዘይብሉ በዚ ምኽንያት ኢዱ እናሃበ እዩ ዝርከብ፣ዝቕሰሉ እናተድሓዙ እዮም ።

ብሓፈሻ ኣብ ክልል ትግራይ ኣብዚ ሐዚ እዋን ዝተወሰነ ዝተበተነ ሓይሊ ኣመራርሓ ዝሓዞ ወታደር ተዘይኾይኑ ዝዋጋእ ወታደር የብሉን።ሓደሽቲ ተዓለምቲ ንምዕላም እንተሓሰበ'ውን ዕጥቂ የብሎምን።ሓደ ክላሽ ንሓሙሽተ ሰብ እዩ ዝዋሃቦም።በዚ ምኽንያት እዚኦም ዝኣከቦም ሰባት ናብ ገዘኦም በቲንዎም እዩ።ፃውዒት ክንገብረልኩም ተለና ክትመፁ ኢኹም ኣብቲ ሰዓት ተዘይመፂኹም ቤተሰብኹም ክንጎድእ ኢና ብምባል በቲንዎም እዩ።

ኻልኣይ ድማ ናይ ሞራልን ተስፋ ምቑራፅን ዝፈጠረሎም ኩነታት ናይ ባዕሎም ዝቖሰሉ ክቕተሉ ገይሮም እዮም።እዞም ሰባት ቅድሚ ሐዚ ሓልዮት ብዘይብሉ መገዲ ዋርድያ ኾይኑ እናገልገሎም ዝነበረ መከላኸሊ ሰራዊት ዘርኣይዎ ጭካኔ ኣብ ባዕሎም ደጊሞምዎ እዮም።ኣብዚ ሐዚ እዋን ዓብይ ሞራልን ተስፋ ምቑራፅን ብምህላዩ ቅድም ዝተገለፁ ተግባራት ተፈፂሞም እዮም።ሐዚ ዘለዎ ኣማራፂ በምዕራብ ገይሩ ናብ ሱዳን ምውፃእ እዩ፤እዚ ንምግባር ብዙሕ ምድላዋት ተገይሩ እዩ።ጁንታ'ውን ምድላው እናገበረ እዩ ፤ግና ሰራዊት ምክልኻል ዘይፈልጦ መሬት ኢትዮጵያ ኾነ ትግራይ ኣይህልዉን።

እዚኦም ሰባት ተዳሒዞም ናብ ሕጊ ክሳብ ዝቐርቡ ወይ ከዓ ክሳብ ዝጠፍኡ መከላኸሊ ሰራዊት ድቃስ ኣይህልዎን።ንምንታይ እዚ ሰራዊት ኣይፈለጥዎን።ንሳቶም ዝፈልጥዎ ኣብዮታዊ ዲሞክራሲ ሰራዊት እዩ፤እዚ ሰራዊት ኣብ ደባይ ውግእ እናኸደ እናተመለሰ በዚ ኹነታት እዩ ነይሩ ዝሰርሕ፣ሐዚ ዘሎ እዚ ዓይነት ሰራዊት ኣይኮነን።ሐዚ ዘሎ ንፁህ ኢትዮጵያዊ ሰራዊት እዩ።ሐዚ ዘሎ ናይ ማንም ፓርቲ ኣገልጋልን ዝተፀገዐን ኣይኮነን።እዚ ሰራዊት ሃገሩ ኢትዮጵያ ክበታትንዋ ዝተልዓሉ ጉጅለን ኣብ ኻልኦት ኸባቢ ፀገም ዝፈጥሩ ኣካላትን ክሳብ ዘየጥፈአ ድቃስ የብሉን።

በዚ ምኽንያት ሰራዊትና ጅግንነት መንነትን እንተሓሲብናዮ ሱዳን 'ውን ከም መቐለ ክትርሕቖም እያ፤ሎሚ ብዝተኸኣለ መጠን ተሓቢኦም ሓበሬታ ኣጥፊኦም ኣበይ ከምዘለዉ ከይንፈልጦም ገይሮም ብምንም ይኹን ናብ ሱዳን ብምእታው ዝጀመርዎ ፕሮፖጋንዳ ሕሶት ንምቕፃል እዩ ሓሳቦም።ምውፃእ እዩ ሓሳቦም፣ ምውፃእ እውን ቀሊል ኣይኸውንን ፣መንገዲ ክፍቲ ኣይኮንን።

## ኩነታት ፀጥታን ምዝገባ መረፅቲ ኣብ መረፃ 2013 ዓ.ም

**መሰረት ገ/ዮሃንስ**

ሻድሻይ ሃገራዊ መረፃ ንምክያድ ዉሑዳት ሰሙናት ዝተረፍዎ ከምዝኾነ ዝፍለጥ እዩ።እዚ ሃገራዊ መረፃ ብዘይ ምንም ዕንቅፋት ንክዛዘም መንግስቲ እናሰርሐ እንተኾነውን ተነሓናሕቲ ፓርቲ ኣብ ምዝገባ መረፅቲ ምጉታት ከምዘሎ ምስ ብሄራዊ ቦርዲ መረፃ ኢትዮጵያ ኣብ ዝገበርዎ ዘተ ገሊፆም እዮም።እዚ ፀገም ንምፍታሕ ቤት ፅሕፈት ቐዳማይ ሚኒስተርን ብሄራዊ ቦርድ መረፃ እናሰርሑ ከምዝኾኑ ኣፍሊጦም እዮም።ዘሎ ሓፈሻዊ ምንቅስቓስን ተፎኻኺርቲ ፓርቲ ንፋና ብሮድካስት ኣብ ዝሃብዎ ርኢቶ ከምዝስዕብ ቀሪቡ ኣሎ።

ብሄራዊ ቦርድ መረፃ ምስ ፖለቲካ ፓርቲ ኣብ ዝገበሮ ዘተ ብዝተደለየ መልክዑ እናተጉዓዘ ከምዘይኾነ ብምግላፅ ምዝገባ መረፅቲ ትኹረቱ ብምግባር ሓሳብ ተዋሂቡ እዩ፤ናይቲ ቦርዲ ሓላፊት ወይዘሪት ብርቱኳን ዋና ዋና ዝበልኦ ምኽንያት ኣቕሚጠን እየን።

እቲ ሓደ ንክድሕር ምኽንያት ዝኾነ ፍሉይ መረፃ ኣወዳዳባ ጣብያ ምዝንጋዕ እንትኸውን ፣ፍሉይ መረፃ እንብሎም ተመዛበልቲ ጣብያ ፣ወታደራዊ ጣብያ ዝኣመሰሉን ፀገም ፀጥታ ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት በምህላዮምን እዚኦም ንመረፃ ምጉታት በምባል እንወስዶም እዮም፤ብ674 መረፃ ክልላት ክኸፈቱ እዮም ተባሂሎም ዝተቐመጡ 50 ሽሕ ጣብያታት መረፃ ክሳብ ሐዚ ዝተኸፈቱ 25ሽሕ151 ጥራሕ እዮም ።ልዕሊ 24ሽሕ ጣብያ መረፃ ገና ኣይተኸፈቱን፣ካብዚኦም እቶም 4ሽሕ126 ብፀጥታ ምኽንያት ምንቅስቃስ ምግባር ዘይተኽኣለሎም እዩ።እቶም ካልኦት ብትራንስፖርትን ካልኦት ተመሳሰልቲ ፀገማት ምኽንያት ብዘይምኽፋቶም መረፅቲ ክምዝገቡ ኣይካኣሉን።

ዝተመዛበሉ ወገናትን ወታደርን ዘለዉዎም ቦታታት ፍሉይ መረፃ ውዳበ ምጉታት ኣብ ኦሮምያ ኣብ ኣርባዕትኦም ዞባታታ ወለጋ ፣ኣብ ኣምሓራ ሰሜን ሸዋን ዞባ ምምሕዳር ብሄረሰብ ኦሮሞ ፣ኣብ ቤንሻንጉል ጉምዝ ዞባታት መተከል ከማሼን ምስ መረፃ ተተሓሒዙ ስራሕቲ ኣይተሰርሐን።

እቶም ፓርቲ ኣብ መድረኽ ካብ ዘልዐልዎ ሓሳብ መረፅቲ ምዝገባ ብፍጥነት ዘይምክያዱ ምኽንያት እዮም ዝበልዎም ኣቕሚጦም እዮም።

ኣብቲ ኣኼባ ንኢዜማ ወኪሎም ዝተረኸቡ ኣይተ ዋሲሁን ተስፋዬ ፣ ‹‹ መረፅቲ ወፂኦም ንክመርፁ ጎስጓስ እናተገበረ እዩ ክባሃል ኣይካኣልን፣ሐዚ ተኸፊቶም ዝተብሃሉ ጣብያታት መረፃ ኣዲስ ኣበባ ይኹን ኣብ ክልላት ጉድኣት ኣካላት ፣ንደካማታት መረፅቲ ተንቀሳቒሶም ዝምዝገብሉ ዝምችዉ ቦታ ኣይኮኑን፣ ብናትና ወገን ኣብዚ ወርሒ እናሰርሕና እንርከብ ወፂኹም መረፃ ካርዲ ሓዙ ዝብል እዩ እንበር ኢዜማ ምረፁ ዝብል ኣይኮነን ፣ ካልኦት ፓርትታት እውን እንተኾነ እዚ ጎስጓስ ክሰርሑ ኣለዎም››ኢሎም።

ካብ ፓርቲ ብልፅግና ኣይተ ዛዲግ ኣብርሃ ብወገኖም ‹‹እቲ ዋና ምኽንያት ፍርቂ ዝኾን መረፃ ጣብያ ኣይተኸፈተን ፣ስለዚ ኣብዘይተኸፈተሉ ኩነታት ዜጋታት ኸይዶም ክምዝገቡ ኣይኽእሉን፣ዝተኸፈቱ'ውን እንተኾነ ምሉእ ብሙሉእ ዝተማልኡ ኣይኮኑን፣ብዘለና ኣጋጣሚ ግና ብዝተውሃበና ኣየር ሰዓት ከይዶም ንክምዝገቡ ጎስጓስ ክንገብር ኢና›› ክብሉ ተዛሪቦም።

ኣይተ ክርስትያን ታደለ ካብ ኣብን ፓርቲ ድማ ፣ ‹‹መንግስቲ ዝበለፀ ሓላፍነት ክወስድ ኣለዎ፣መንግስታዊ መሓውር በምንቅስቓስ ዜጋታት መረፃ ካርዲ ንክወስዱ ሰፊሕ ማሕበረሰባዊ ጎስጓስ ክገብር ኣለዎ፤ ንሕና ፓርትታት ድማ ካርድ ንክወስዱ ጎስጓስ ክንገብር ኣለና››ኢሎም እዮም።

ኣይተ ጌትነት ወርቁ ካብ እናት ፓርቲ ብወገኖም ፣ ‹‹ፀገም ፀጥታ ፅዕንቶ ኣሕዲሩ እዩ፣ ኣብ መተከል ዘሎ ፀገም ኣብ ኣዲስ ኣበባ ፅዕንቶ የሕድር እዩ፣ ሓዲኡ ካብ ሓዲኡ ዝፍለ ኣይኮነን፣መረፃ ካርድ ንክወስዱ ብዝተፈላላዩ መልእኽቲ ዓይነታት ነቲ ሕብረተሰብ ንክበፅሖ ምግባር ይካኣል እዩ፣ከምዚ ዝኣመሰሉ ኣማራፅታት ምጥቃም ይግባእ›› ኢሎም።

በብክልሉ ዘለዎ ኹነታት እንተተፈላለየ እውን ብትራንስፖርት ይኹን ብፀጥታ ምኽንያት ክኽፈቱ ዝነበሮም ኣይተኸፈቱን፣ኣብ ክልል ዓፋር ምሉእ ብሙሉእ ጣብያ መረፃ ኣይተጣየሸን።

ናይቲ ቦርድ ሓላፊት ወይዘሪት ብርትኳን ሚደቅሳ፣ እቲ ቦርድ ጣብያ መረፃ ምጥያሽ ሓላፍነት ስለዘለዎ ኣብ ቐፃሊ ብትኹረት ከምዝሰራሕ ገሊፀን እየን።እቲ መረፃ ንህዝቢ ብሓፂር ፅሑፍ መልእኽቲ ግንዛበ ንክህልዎ ምግባር፣ሲቪል ማሕበራት ምምሃሮም ንከስፍሑ ምግባር፣ ብርክት ዝበሉ መልእኽቲ ምፍናው በቲ ቦርድ ከም መፍትሒ ተባሂሎም ዝተቐመጡ እዮም።

ኣብ ሓደ ሓደ ከባብታት ዘሎ ሓፈሻዊ ኩነታት ፀጥታ ኣብቲ ሕብረተሰብ ምትእምማን እናፈጠረ ኣይኮነን፣ መንግስቲ ኣብ ሰላም ክሰርሕ ኣለዎ እኹል ሓይሊ ፀጥታ ብምውዳብ እቶም ጣብያታት ክኽፈቱ ብምግባር ነቲ ቦርድ ዓብይ ሓገዝ ምኧኑ ኣብቲ መድረኽ ተላዒሉ እዩ።ድርብ ሓላፍነት ዝሓዘ ገዛኢ ፓርቲ ብልፅግና ድማ ሓላፊነቱ ብኣግባቡ ከምዝሰርሕ ገሊፁ እዩ።ከም መንግስትን ፓርትን ሕብረተሰብ ሰላም ዓሲሊዎ ወፂኡ ካርድ ንክወስድ ዳሓር ድማ ንክመርፅ ዘሎ ፀገም ፀጥታ ንክፍታሕ ብሙሉእ ዓቕምና ኣብ ምስራሕ ንርከብ ኢሉ እዩ።

ቐዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ ብወገኖም ዲሞክራሲ ክስፍሕፋሕ ብዘለዎም ልዑል ድልትየን ቁራፅነትን ምስ ክልል ፕሬዝዳንታትን ኣመራርሓታት ቦርዲ መረፃን ዝገበርዎ ኣኼባ ብምቕፃል፣ ቅድመ መረፃ ምድላው ዝስተውዓሉ ዕንቅፋትን ፀገማትን ፈሊኻ ንምፍታሕ ዝገብርዎ ፃዕሪ ቐፂሎም እዮም።በዚ መሰረት ድማ ብ18 ለካቲት 2013ዓ.ም ፣ከምኡ'ውን 8 ሚያዝያ 2013ዓ.ም ብበይነ መረብ ብምጥቃም ምስ ክልል ርእሳነ ምምሕዳራት በብክልሉ ዘሎ ኩነታታ ፀጥታን ኣፈፃፅማ ጉዳያትን ጣብያ መረፃን ምድላዋት ተኸታቲሎም እዮም።

ሰላማውን ሕጋውን መረፃ ንምክያድ ካብ ፌደራል ፖሊስ ፣ጠቕላሊ ዓቃቢ ሕጊ፣ካብ ብሄራዊ ግልጋሎት ሓበሬታን ድሕንነትን ፣ካብ ሚኒስተር ምክልኻልን ኣመራርሓ ክልላትን ተዋፃፂኦም ሃገርለኸ ኮምቴ ድሕንነት መረፃ ብመንግስቲ ተጣይሹ እዩ።ዜጋታት ብነፃነት ምምራፅ ሕገ መንግስቲ መሰሎም ንኽጥቀሙ ናይ መንግስቲ ግደ እንታይ ክኾን ከምዝግበኦ ዘተ እናተኻየደ ፀኒሑ እዩ።ጎንፂ ክፍጠር እዩ ተባሂሉ ዝተገመቱም ቦታታት ብምፍላይ እቲ ኮሚቴ ፍሉይ ስጉምቲ ወሲዱ እዩ።ምስ መረፃ ተተሓሒዙ ቅሬታታት ንምትእንጋድ ፣ጠቕላሊ ቤት ፍርዲ ፌደራል መረፃ ቅሬታታት ዘዳምፅ መጋባያ ኣጣይሹ እዩ።

ኢትዮጵያ 6ይ ብሄራዊ መረፃ ግንቦት 2013 ዓ.ም ዝካየድ እንትኸውን ውሑዳት ሰሙናት ጥራሕ ተሪፎምዎ እዮም።እዚ ዝፅበ መረፃ ፌደራላዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ኣብ ሃገርና ዝካየድ ናይ መጀመርያ ነፃን ፍትሓውን መረፃ ክኸውን እዩ ተባሂሉ ይእመን።ካብ 2010 ዓ.ም ጀሚሩ እናመሓደረ ዝርከብ ኣመራራሓ ናይቲ ፖለቲካ ባይታ ብምስፋሕን ዲሞክራስያውን ኣብ ፍልጠት ዘተኮረ ምቹው ከባቢ ንክህሉ ንምግባር ብቆራፅነት ዲሞክራሲ መገዲ ሒዙ እዩ።እዚ ዕላማ ግና ብዘይምንም ዕንቅፋት ዝኸውን ኣይኮነን።ኾይኑ ግና ፌደራል መንግስቲ ዴሞክራሲ ሒዙ ንምጉዓዝ ዘለዎ ፅኑዕ ድልየት ኣጥቢቑ ብምሓዝ ቐፂሉ እዩ።

እቲ መረፃ ንካየድ ዉሑዳት ሰሙናት ዝቐረዩ በምኺኑ ፣ዜጋታት ኣብ ዝቐረያ እዋን ብምጥቃም ካርዲ መረፃ ወሲዶም ዲሞክራስያዊ መሰሎም ንክጥቀሙን ኣብቲ መረፃ ሓፈሻዊ ከይዲ ሃናፂ ተሳትፎ በምግባር ነፃን ፍትሓውን መረፃ ንኽካየድ ንኽገብሩ ይበረታትዑ ብምባል ቤት ፅሕፈት ቐዳማይ ሚኒስትር ኣብ ዘውፅኦ መግለፂ ኣፍሊጡ እዩ።

# ክልል ትግራይ መሊስካ ንምህናፅ ናይ ብዙሓት ኣካላት ተሳትፎ ከምዘድሊ ተገሊፁ



ኣዲስ ኣበባ፡- ክልል ትግራይ መሊስካ ንምህናፅ ናይ ብዙሓት ኣካላት ተሳትፎ ከምዘድሊቐዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ ገሊፆም ።

እቶም ቐዳማይ ሚኒስትር ኣብ ኣዲስ ኣበባ ምስ ዝነብሩ ሰብ ዋና ትካላት ንግዲ ሙሁራንን ክልል ትግራይ እንትዛተዩ ክልል ትግራይ መሊስካ ንምህናፅ ናይ ብዙሓት ኣካላት ተሳትፎ ከምዘድሊ ምባሎም ኣብ ማሕበራዊ ሚዲያ ገፆም ኣፍሊጦም።

ኣብ ኣዲስ ኣበባ ምስ ዝነብሩ ሰብ ዋና ትካላት ንግዲን ሙሁራትን ተወለድቲ ትግራይ ኣብ እዋናዊ ጉዳያትን ኣብ ኩነታት ክልል ትግራይን ኣድሂቦም ምዝታዮም ገሊፆም።

# ዲፕሎማስያዊ ስራሕ ግድብ ህዳሰ ውፅኢት እናምፀአ እዩ

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ ጉዳይ ዓብይ ግድብ ህዳሰ ኢትዮጵያ ዝተጀመሩ ዲፕሎማሲያዊ ስራሕቲ ውፅኢት እናምፅኡ ምዃኖም ኣብ ሚኒስቴር ወፃኢ ኣማኻሪ ዶብን ዶብ ተሳጋሪ ጉዳያትን ተደራዳሪ ግድብ ህዳሰ ዝኾኑ ኣምባሳደር ኢብራሂም ኢድሪስ ገሊፆም።

‹‹ሓበራዊ ምትሕብባር ኣብ ልምዓት ተፋሰስ ዓብዩ ግድብ ህዳሰ›› ብዝብል መሪሕ ሓሳብ ብዩኒቨርሲቲ ወሎ ኣብ ተዳለወ ምይይጥ ኣምባሳደር ኢብራሂም ኢድሪስ ከምተዛረብዎ፤ ህንፀት እቲ ግድብ ንምድንጓይ ዋላ እኳ እንተተሰርሐ ኢትዮጵያ ፍትሓዊ ተጠቃምነታ ንዓለም ንምፍላጥ ፃእሪ እናገበረት እያ።

ንዝተፈላለያ ዓለም ለኸ ትካላት፣ ኣምባሳደራትን ካልኦት ብምግላፅን ግንዛበ ብምፍጣር ነቲ ሓቂ ንኽርድእዎን ኣብ ጐኒ ኢትዮጵያ ጠጠው ክብሉ እናተሰርሐ ምዃኑ ኣረዲኦም።

ነቲ ጉዳይ ብግልፂ ንህዝቢ ብምፍላጥ መንግስቲ ምስ ተፈላለዩ ዝምልከቶም ኣካላት ብምውዳድ ዝጀመሮ ናይ ዲፕሎማሲ ስራሕ ውፅኢት ይመፅእ ከም ዘሎ ተገሊፁ እዩ።

‹‹ኢትዮጵያ ተፈጥሮ ዝዓደላ ሃፍቲ ካብ ምጥቓም ዝዓግታ ነገር የለን›› ዝበሉ እቶም ኣምባሳደር፤ካልኣይ ዙር ምምላእ ማይ ብዓወት ክዛዘም ሕብረተሰብ፣ ሙሁራን፣ ተናሕናሕቲ ፓርትታትን ከምኡ'ውን ካልኦት ዝምልከቶም ኣካላት ኣብ ጎኒ መንግስቲ ጠጠው ብምባል ብሄራዊ ጥቕሚ ኢትዮጵያን ልኣላውነትን ክሕሎ ክገብሩ ከምዘለዎም ኣገንዚቦም።

ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኣዲስ ኣበባ መምህር ናይ ፖለቲካ ሳይንስ፣ ናይ ኣፍሪካን ማእከላይ ምብራቕን ናይ ፖለቲካ ተማራማሪ ፕሮፌሰር ያእቆብ ኣርሳኖ ብወገኖም፣‹‹ኢትዮጵያ ማይ ኣባይ ብፍትሓውነት ንምጥቃም ዝኽልክላ ዓለም ለኸ ሕጊ ወይ ፖለቲካ የለን›› ኢሎም።

ኢትዮጵያ ህንፀት እቲ ግድብ ሙሉእ ብምሉእ ወዲኣ ንሕብረተሰብ ካብ ድኽነትን ፀልማትን ክወፅእ ምግባር መማረፂ ዘይብሉ ግቡኣ'ምበር ሕንቃቐ ከምዘይኮነ ገሊፆም።

ውዲት ግብፅን ሱዳንን ንምፍሻል መንግስቲ ብተፈላለየ ዓለም ለኻዊ ቋንቋታት ዝጀመሮ ዲፕሎማሲ ኣበርቲዑ ብምቕፃልን ህንፀት እቲ ግድብ ከቃላጥፎ ከምዘለዎ ርኢቶኦም ሂቦም።

እዘን ሃገራት ንበይነን ብዘይፍትሓዊ ክጥቐማ ፍትሓዊ ዘይኮነ ሓሳብ ብምቕራብ፣ ነቲ ዘተ ብምጉታትን ነቲ ህንፀት ንምትእጉዃልን ዋላ እንተሰርሐ መንግስቲ ዝሓዞ ቕዋም ዝባራታታዕ ብምዃኑ ክድገፍ ከምዘለዎ ኣመልኪቶም።

ኢትዮጵያ ንኻልኦት ተፋሰስ ሃገራት ብምሓዝ ምኽንያታውን ፍትሓውን ተጠቃምነት ክህሉ ዝጀመረቶ ስልጡን ኣካይዳ ኣጣናኺራ ክትቕፅለሉ ከምዘለዋ ፕሮፌሰር ያዕቆብ ተዛሪቦም።

ተወካሊ ተጠባባቒ ፕሬዚዳንት ዩኒቨርስቲ ወሎ ዶክተር መንገሻ ኣየነ ‹‹ ህንፀት እቲ ግድብ ምእንቲ ክዛዘም ህዝቢ ኢትዮጵያ ሓድነቱን ሰላሙን ክዕቅብ ይግበኦ›› ኢሎም። ካብ ድኽነት ንምንጋፍን ዓለም ለኻዊ ኢንቨስትመንት ፍሰቱ ንምዕባይን ግድብ ህዳሰ ዓብዩ ግደ ኸም ዘለዎ ጠቒሞም።

# ቁፅሪ ፅኑዕ ሕሙማት እናወሰኸ ብምምፅኡ ኣብ ትካላት ጥዕና ፅዕንቶ እናሕደረ ምኻኑ ጥዕና ሚኒስቴር ገሊፁ

**መኣርግ ገ/ሄርን ትርሓስ ፍቃዱን**

ኣዲስ ኣበባ፡- ብናይ ቫይረስ ኮሮና ብፅኑዕ ዝሓመሙ ሰባት ካብ ግዜ ናብ ግዜ ብናህሪ እናወሰኸ ብምምፅኡ ትካላት ጥዕና ክሸከመኦ ካብ ዝኽእላ ዓቕሚ ንላዕሊ እናኾነ ይመፅ ከምዘሎ ኣብ ሚኒስቴር ጥዕና መተሓባበሪ ምላሽ ኮቪድ-19 ዶክተር ሚዛን ኪሮስ ገሊፆም።

ዶክተር ሚዛን ኪሮስ ምስ ጋዜጣ ኣዲስ ዘመን ኣብ ዝገበርዎ ቓለ መሕትት ከምዝገለፅዎ፣ምስፍሕፋሕ እቲ ሕማም እናወሰኸ ምስ ዝኸይድ ስዒቡ ኣብቶም ሰብ ሞያ ኽንክን ጥዕና ዘሕድሮ ፀቕጢ እናወሰኸ ይኸይድ ኣሎ። ንተሓከምቲ ዘገልግሉ ናውቲ 'ውን ሕፅረት እናጋጠመ እዩ።

ከም ገለፃ ዶክተር ሚዛን፣ ብብርኪ ሃገር ብፅኑዕ ዝሓመሙ ሰባት ምትእንጋድ ዝከኣል ከባቢ 652 እዩ። ሕዚ ግና ቑፅሪ ተሓከምቲ ካብዚ ንላዕሊ ከምዝኾነን በዚ ምኽንያታት ግቡእ ሕክምና እናረኸቡ ኣይኮኑን። ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ቑፅሪ ብፅኑዕ ተሓከምቲ ሰባት 892 በፂሑ ከምዝነበረ ጠቒሞም እዮም።

ብብርኪ ሃገር እንትረአ እቲ ፀገም ኣብ ከተማታት ከምዝብእስን ካብቶም ከተማታት ድማ ከም እኒ ኣዲስ ኣበባ ዝገደደ ከምዝኾነ እዮም ዝሕብሩ። ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ኣዲስ ኣበባ ጥራሕ ልዕሊ 450 ሰባት በፂሑ ከምዝነበረን ብሰንኪ ጉድለት ጥንቓቐ ቑፅሪ ብፅኑዕ ዝሓመሙ ሰባት ካብ ግዜ ናብ ግዜ ብናሕሪ ይውስኽ ከምዘሎ እቶም ዶክተር ገሊፆም።

ኣዲስ ኣበባ ብፅኑዕ ዝሓመሙ ሰባት ክተስተዓናግድ እትኽእል 180 ሰባት ጥራሕ እዩ ዝበሉ ዶክተር ሚዛን፣ ሕዚ ግና ኻብ ዓቕሙ ብሰለስተ ዕፅፊ ይዛይድ ከምዘሎ ሓቢሮም።

ብኻሊእ ወገን ኣብ ክልል ሲዳማ፣ከተማ ሃረር ዘሎ ቍፅሪ ብፅኑዕ ዝሓመሙ ሰባት ከተኣናግድኦ ካብ ዝኽእላ ዓቕሚ ንላዕሊ እናኾነ ይኸይድ ከምዘሎ ሓቢሮም። ክልል ኦሮሚያ ሓዊሱ ካልኦት ክልላት'ውን ናብ ከምዚ ዝበለ ዘተሓሳስብ ብርኪ እናተፀግዓ እዩ ኢሎም።

ንተሓከምቲ ኮቪድ ሕፅረት ኦክስጅን ከጋጥም እንተሎ እቲ ፀገም ንኮቪድ ጥራይ ዘይኰነስ ብኻሊእ ዓይነት ዝሓመሙ ሰባት 'ውን ኦክስጅን ከድልዮም ስለዝኽእል ኣብ ካልኦት ተሓከምቲ 'ውን ኣሉታዊ ፅዕንቶ እናሕደረ እዩ። እቲ ሕፅረት እናገደደ ምስዝኸይድ ተተሓሓዝነት ስለዘለዎ ከም ናይ መጥባሕቲ ዝመሳሰሉ ሕክምና 'ውን ክስረዙ ከምዝኽእሉ ተዛሪቦም።

ምዝንጋዕ እንተሃልዩ እቲ ዝርገሐ እናገደደ ምኻዱ ስለዘይቐሪ ከም ሕማም ልብን ካልኦት ሕማማትን መሰረታዊ ሕክምናን ክንክንን ብግቡእ ዘይክወሃብ ይኽእል እዩ።

ሸለልትነት እንተሃልዩን ካብ መጠን ንላዕሊ እናኾነ እንተኸይዱ ዝውሰዱ ስጉምትታት ጥንክር እናበለ ክመፅእ ከምዝኽእሉን ዝተኸፈቱ ትካላት ንግድን ካልኦት ወሃብቲ ግልጋሎታትን መሊሶም ክዕፀዉ ከምዝኽእሉ ተዛሪቦም።

‹‹ስለዚ ከም ማሕበረሰብ መጠን ኣብ ዝኸፍአ ብርኪ ከይበፅሐ ነቲ ሕማም ንምቍፅፃር ኽንሓስብ ኣለና›› ብምባል ኣጠንቂቖም። ነዚ ደው ንምባል ድማ ኩሉ ሰብ እጃሙ ክዋፃእ ከምዝግበኦ ኣታሓሳሲቦም።

ዳይሬክተር ስርዓተ ምግቢ ሚኒስቴር ጥዕና ህፃናትን ኣዴታትን፤ ብሄራዊ መተሓባበሪ ግብረ ሓይሊ ኽታበት ኮቪድ19 ዶክተር መሰረት ዘላለም ብፍላይ ንኣዲስ ዘመን ከምዝገለፅዎ፣ትካላት ጥዕናን ሆስፒታላትን በብመዓልቱ ብሕሙማት ኮቪድ19 እናተጨናነቑ እዮም፤ብርክት ዝበሉ ሰባት ህይወቶም እናሰኣኑ እዮም ኢሎም።ኣብ ስሩዕ ኣወሃህባ ሕክምና ውን ዓብዩ ፅዕንቶ ፈጢሩ እዩ።

ትካላት ጥዕና ብሕሙማት ኮቪድ19 ብምፅባቡ፤ ኣዴታት ናብ ትካላት ጥዕና ኸይደን ናይ ወሊድ ግልጋሎት ከይረኽባ ዝገብር እዩ ዝበሉ ዶክተር መሰረት ፣ ኻልኦት ተዛመድቲ ግልጋሎታት ዝደልዩ ክፋላት ሕብረተሰብ'ውን ብኣግባቡ ግልጋሎት ንምሃብ ሓይሊ ሰብን ቦታን ዘይርከበሉ ኹነታት ክፍጠር ከምዝኽእል ስግኣቶም ገሊፆም።

መሰረታዊ ግልጋሎት ጥዕና ንዝደልይ ክፋል ሕብረተሰብ ብኣግባቡ ምሃብ ከምዝከኣል ናይ ጥንቃቐ መገድታት ኮቪድ ብዝግባእ ምትግባር ከምዝግባእ ኣተሓሳሲቦም።

ሜዲካል ዳይሬክተር ሆስፒታል ሚኒሊክ ዶክተር ሽመልስ ሰለሞን ብወገኖም፤እቲ ሆስፒታል ኣብ ስሩዕ ግልጋሎት ሕክምና ትኹረት ገይሩ ዝሰርሕ እዩ።ይኹን'ምበር ኣብዚ ሐዚ እዋን ስርጭት ኮቪድ19 ብምውሳኹ ንስሩዓት ተሓከምቲን ንመሐከሚ ፅኑዕ ሕሙማን ዝውዕሉ 20 ዝኾኑ ዓራታት ንተሓከምቲ ኮሮና ኣብ ግልጋሎት እናወዓሉ እዮም።

ኣብ ኹሎም ሆስፒታላትን ጥዕና ጣብያታትን ቑፅሪ ሕሙማት እናወሰኸ ብምምፅኡን መተኣናገዲ ቦታ ብምፅባቡን ሆስፒታል ሚኒሊክ'ውን ኣብ ፈተና ከምዝርከብ ዝገለፁ ዶክተር ሽመልስ፤ኣብ ምቹው ኹነታት ኣምቡላንስ ፀዊዕኻ ናብ ማእኸል ዘውሰደሉ ኹነታት ውሱን ብምዃኑ ህይወት ሰብ ንኸይጠፍእ ብምሕሳብ ዝተወሰና ማሽናት ተሰናዲአን ሕክምና እናሃባ ከምዝርከባ ገሊፆም።

ኣብዚ ሐዚ እዋን ምስ ምስፍሕፋሕ ኮቪድ 19 ተተሓሒዙ ስሩዕ ግልጋሎት ሕክምና ተዘይተቛረፀ 'ውን እቲ ለበዳ ኣብ ኣወሃህባ ስሩዕ ግልጋሎት ሕክምና ልዑል ምትእጉጋል ከምዝፈጠረን ፅዕንትኡ እናበርተዐ እዩ ኢሎም።

# ክልተ መተንፈስቲ ማይ ግድብ ህዳሰ ተዛዚሞም ስራሕ ጀሚሮም

ኣዲስ ኣበባ (ኤፍ ቢ ሲ)፡- ክልተ መተንፈስቲ ማይ ግድብ ህዳሰ ተዛዚሞም ስራሕ ከምዝጀመሩ ሚኒስትር ማይ፣ መስኖን ኢነርጂን ዶክተር ስለሺ በቀለ ገሊፆም።

እቶም ክልተ መተንፈስቲ ማይ ስራሕ ዝጀመሩ ህንፀቶም ተዛዚሙን ስራሕቲ ፈተነ ተገይሩሎምን ከምዝኾነ እቶም ሚኒስትር ኣብ ትዊተር ገፆም ሓቢሮም።

እቶም መተንፈስቲ ሓፈሻዊ ዓመታዊ ፍሰት ማይ ኣባይ ናይ ምሕላፍ ዓቕሚ ከምዘለዎም ተገሊፁ።እቲ ግድብ እንትመልእ ማይ ናብ ታሕተዎት ሃገራት ተፋሰስ ዘለዎ ፍሰት ንክውስኽ ዘኽእሉ ከምዝኾኑ ተዛሪቦም።እዚ ድማ ናብ ታሕተዎት ሃገራት ተፋሰስ ዘሎ ፍሰት ማይ ከምዘይቕንስ መረጋገፂ ኢዩ ኢሎም።

በኻሊእ ዜና ድማ ዓብዪ ግድብ ህዳሰ ንሱዳን ካብ ምዕልቕላቕ ውሒጅ ከምእዘድሓና ዝሓለፈ ዓመት ምስክር ኢዩ ክብሉ ቀዳማይ ሚኒስትር ኣቢይ ኣሕመድ ገሊፆም።

እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር ኢትዮጵያ ግድብ ህዳሰ ብምልማዕ ኣብ ልዕሊ ታሕተዎት ተፋሰስ ሃገራት ጉድኣት ናይ ምብፃሕ ባህጊ ከምዘይብላ ኣብ ማሕበራዊ ሚዲያ ገሊፆም።

ነዚ ድማ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ዘጋጠመ ልዑል መጠን ዝናብ ግድብ ህዳሰ ኢትዮጵያ ካብ ምምላእ ሓሊፉ ንጎረበት ሃገር ሱዳን ካብ ምዕልቕላቕ ውሒጅ ከምዘድሓና ገሊፆም።

## ኢትዮጵያ፣ ግብፅን ሱዳንን ናብ ሰለስቲኣዊ ድርድር ህዳሴ ንክምለሳን ብሕብረት ኣፍሪካ ዝግበር ከይዲ ንክጠናኸርን ፃውዒት ቀሪቡ

ኣዲስ ኣበባ (ኤፍ ቢ ሲ)፡-ኢትዮጵያ፣ ግብፅን ሱዳንን ናብ ሰለስቲኣዊ ድርድር ህዳሴ ንክምለሳን ብሕብረት ኣፍሪካ ዝግበር ከይዲ ንክጠናኸርን ፃውዒት ቀሪቡ።

ሚኒስትርን ጉዳያት ወፃኢን ምክትል ቐዳማይ ሚኒስትርን ደመቀ መኮንን ድርድር ህዳሴ ግድብ ብሕብረት ኣፍሪካ ኣቢሉ ዝካየድ ዘሎ ድርድር ብዝምልከት ናብ ቤት ምኽር ፀጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዝፃሓፍዎ ደብዳቤ ቅዋም ኢትዮጵያን ኣፍሊጦም።

ኣብቲ ደብዳበ ኢትዮጵያ፣ ግብፅን ሱዳንን ናብ ሰለስቲኣዊ ድርድር ህዳሴ ንክምለሳን ብሕብረት ኣፍሪካ ዝግበር ከይዲ ንክጠናኸርን ፃውዒት ኣቕሪቦም።

እቲ ከይዲ ኣብ መትከላት ቤት ምኽር ፀጥታ መሰረት ዝገበረን ንፀገማት ኣፍሪካ ኣፍሪካዊ መፍትሒ ዘናዲ ከምዝኾነ ተዛሪቦም።

ይኹን እምበር ግብጽን ሱዳንን ብቕኑዕ ልቦና እናተደራደራ ከምዘይኮና ብምግላፅ፣ናብ ዘረዳድእ ውፅኢት ንምብፃሕ ድልዋት ከምዘይኮና ኣረዲኦም።

እተን ሃገራት ነቲ ድርድር “ምብፅባፅን ምብልሻውን” ምርጫ ምግባረንን እቲ ጉዳይ “ዓለም ለኻዊ ትሕዝቶ” ብምልባስ ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያ ፅዕንቶ ንምፍጣር ይፍትና ከምዘለዋ ሓቢሮም።

## ሓይሊታት ጥፍኣት ናብ ሕጊ ንምቕራብ መንግስቲ ስይቲን ቀትሪን ከምዝሰርሕ ሚኒስቴር ሰላም ገሊፁ

ኣዲስ ኣበባ (ኤፍ ቢ ሲ)፡-መንግስቲ ንምኽባር ሕጊን ንምንጋስ ፍትሒን ክብል ሓይሊታት ጥፍኣት ናብ ሕጊ ንምቕራብ ለይቲን ቀትሪን ከምዝሰርሕ ሚኒስቴር ሰላም ኣፍሊጡ።

ደላዪ ሰላም ህዝቢ ትኹረት ዝገበረ ኣብ ዝተፈላለዩ ክፋላት እዛ ሃገር ሃብትን ንብረትን ካብ ምዕናው ሓሊፉ ኣብ ልዕሊ ህይወት ሰብ ዋጋ ዘኽፍል ዘሎ ሽርሒ ጉጅለ ጥፍኣት ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት የጋጥም ኣሎ ኢሉ ኣብ ዘውፅኦ መግለፂ።ብመሰረት እዚ ልቢ ዘድሚዩ ኣጋጣሚታት የጋጥሙ ከምዘለዉ ሓቢሩ።

እቶም ብውሽጥን ወፃኢን ተወዲቦም ዝንቀሳቐሱ ሓይሊታት ጥፍኣት ሰላም ንምዝራግ፣ ህዝቢ ምስ ህዝቢ ንምግጫውን ሓድነት ንምፍራስን ፃዕሪ ይገብሩ ከምዘለዉ ገሊፁ።

መላእ ህዝቢ ነዚ ብምግንዛብ ምስ ሓይሊታት ፀጥታ ብምትሕብባር እቲ ፀገም ንምፍታሕ ክረባረብ ከምዝግባ'ውን ሓቢሩ።

ብዘጋጠመ ፀገም ፀጥታ ጉድኣት ንዝበፅሖም ወገናት ምፅንዕናዕ ተመኒዩ።

ኣብ ዝተፈላለዩ ክልላት ዘጋጠሙ ፀገማትን ኣብ ልዕሊ ዜጋታት ዝተፈፀሙ ኣሰቀቕቲ መጥቃዕቲታትን ብዝምልከት ተሓታትነት ንምርግጋፅ ስራሕቲ ምርመራ ይካየድ ከምዘሎ 'ውን ሓቢሩ።

ሚኒስቴር ሰላም፥ ዝተጀመሩ ሕጊ ናይ ምኽባር ስራሕቲ ተጠናኺሮም ከምዝቕፅሉ 'ውን ገሊፁ።

## ኣብ ትግራይ 150 ዜጋታት ብጥምየት ሞይቶም ዝብሃል ዘሎ ሓሶት እዩ ተባሂሉ

ኣዲስ ኣበባ(ኤፍ ቢ ሲ)፡-ኣብ ትግራይ 150 ዜጋታት ብጥምየት ሞይቶም ዝብሃል ዘሎ ሓሶት ኢዩ ክብል ብሄራዊ ኮሚሽን ስራሕ ኣመራርሓ ሓደጋን ድልውነትን ኣፍሊጡ።

ኮሚሽነር እቲ ኮሚሽን ኣይተ ምትኩ ካሳ ፣ ኣብ ትግራይ ዝቐርብ ዘሎ ሰብኣዊ ደገፍ ብዝተጠናኸረ መገዲ ይሳለጥ ከምዘሎ ተዛሪቦም።ይኹን'ንበር እወንታዊ ገፅታ እዛ ሃገር ዘይደልዩ ኣካላት በዝተፈላለዩ መራኸብቲ ሓፋሽ ብምጥቃም ‹‹ኣብ ትግራይ 150 ዜጋታት ብጥምየት ሞይቶም ብዝብል ዘጋውሕዎ ወረ ሓሶት ኢዩ›› ኢሎም።

ሞት ኣጋጢሙ ኣብ ዝተብሃለሉ ከባቢ ኮረም ወረዳ ኦፍላ ቅድም ክብል ፀገም ፀጥታ ኣለዎም ተባሂሎም ካብ ዝተረቑሑ ሽውዓተ ከባቢታት ዘየለን ካብ መፈለምትኡ ኣብቲ ከባቢ ዝተገብረ ምክፍፋል ሓገዝ ብዕዉት ኩነታት ዝተኻየደሉ ከምዝኾነ ከምዝተፃረየ'ውን ሓቢሮም።

ብዝተገበረ ምፅራይ ኣብ ወረዳ ኦፍላ ሓንቲ ኣዶ ብምኽኒያት ሕማም ከምዝሞታ ምርግጋፅ ከምዝተኽኣለን ካብዚ ወፃእ ብፀገም ኣቕርቦት ምግቢ ግና ዝሞተ ሰብ ከምዘየለን ተዛሪቦም።

ስለዚ ዕላማ እቲ ናይ ሓሶት ዜና ‹‹ኣወንታዊ ገፅታ እዛ ሃገር ንምፅላም ዝዓለመን ኣብ መሬት ዘሎ ሓቂ ዘየገናዘበን ናይ ባዕሉ ሕቡእ መልእኽቲ ዘለዎ ኢዩ››ኢሎም ክብል ግዜኢ ፀብፂቡ።

# «ሱዳን እትኽተሎ ዘላ ኣካይዳ ኣግባብነት ዘይብሉን መፃኢ ረብሓን ርክብን ክልቲኦን ሃገራት ኣብ ግምት ዘእተወ ኣይኮነን»

- ኣምባሳደር ይበልጣል ኣእምሮ
ኣብ ሱዳን ባዓል ሙሉእ ስልጣን ኣምባሳደር ኢትዮጵያ

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኣዲስ ኣበባ፡- ሱዳን ኣብዚ ሕዚ ሰዓት ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያ እትኽተሎ ዘላ ኣካይዳ ኣግባብነት ዝጎደሎን መፃኢ ረብሓን ርክብን ክልቲኦን ሃገራት ኣብ ግምት ውሽጢ ዘእተወ ኣይኮነን ክብሉ ኣብ ሱዳን በዓል ሙሉእ ስልጣን ኣምባሳደር ኢትዮጵያ ይበልጣል ኣእምሮ ገሊፆም።

ኣምባሳደር ይበልጣል ምስ ምስንዳእ ጋዜጣ ኣዲስ ዘመን ኣብ ዝገበርዎ ቓለ መሕትት ከምዝገለፅዎ፣ ኣብ ሱዳን ዝርከቡ ምሁራን፣ ሰብ ሞያ ከምኡ 'ውን ኣብ ናይ መንግስቲ ስልጣን ዘለዉ ሓለፍቲ ግድብ ህዳሰ ንህዝቢ ሱዳን ዝህቦ ጥቕሚ ልዑል እናሃለወ ብኣንፃሩ ግና ቕዋም መንግስቲ ሱዳን ግጉይ ኣካይዳ እዩ ዝኽተል ዘሎ።

ከም ገለፃ ኣምባሳደር ይበልጣል እቲ ግድብ ንሱዳናውያን ኣዝዩ ልዑል ረብሓ ኣለዎ። ገሊኦም ምሁራት እቲ ግድብ ልክዕ ኣስዋን ንግብፃውያን ዝህቦም ጥቕሚ፤ ኢትዮጵያ ንግድብ ህዳሰ ከትሃንፆ ከላ ረብሓ ሱዳናውያን ኣብ ግምት ውሽጢ ብምእታው እዩ። ሱዳናውያን ወፃኢ ከየውፅኡ ካብ ግድብ ህዳሰ ተጠቐምቲ ከምዝኾኑ ኣመልኪቶም።

መንግስቲ ሱዳን ሕዚ ዝኽተሎ ዘሎ ኣካይዳ ካብ መስመር ዝወፀን ካሊእ ዕላማ ዘለዎ ምዃኑ ምርዳእ ይከኣል እዩ ዝበሉ ኣምባሳደር ይበልጣል፣ እዚ ባህጊ ህዝቢ ተይኮነስ ድሌት ፖለቲከኛታት እታ ሃገር ከምዝኾነ ተዛሪቦም።

እቲ ግድብ ንሱዳን ብዙሕ ረብሓ ኣለዎ። መንግስቲ ሱዳን ነቲ ምስ ኢትዮጵያ ዘሎ ዘይምስምዕማዕ ብሰላም ክፈትሖ ኣለዎ።ኢትዮጵያ ጎንፂ ኣይትደልን እያ፤ እቲ ግድብ ንኹሉ ከምዝጠቅምን ጉዳይ ዶብ እውን እንተኾነ መንግስቲ ኢትዮጵያ ብሰላማዊ መገዲ ክፍታሕ እዩ ዝብል ቕዋም ሒዙ እናተንቀሳቐሰ ከምዝኾነ ሓቢሮም።



ፖለቲከኛታት እታ ሃገር ብምኽንያት ምምላእ ማይ ግድብ ህዳሰ 20 ሚልዮን ዝኾን ህዝቢ ሱዳን ኣብ ሓደጋ ክወድቕ እዩ ዝብል ሰፊሕ ግጉይ ሓበሬታ ዋላ እንተሃለወ፣ እቲ ህዝቢ ግና ቕድሚ ሕዚ ዝንገሮ ዝነበረ ረብሓ እቲ ግድብ ይርደኦ እዩ ኢሎም።

ሓደ ሓደ ሞያተኛታትን ጋዜጠኛታትን እታ ሃገር ትማሊ ግድብ ህዳሰ ንህዝቢ ሱዳን ዝጠቕም ምዃኑ ትዛረቡ ነይርኩም፣ ሕዚ ግና ስለ ጉድኣት ዝግለፀልና ዘሎ ብምንታይ ምኽንያት እዩ ብምባል ሰበ ስልጣን ሱዳን ነቐፌታታት እናበፅሑም እዩ ክብሉ እቶም ኣምባሳደር ገሊፆም።

መንግስቲ ሱዳን ቕዋም ለውጢ ከምፅእ ከሎ ካልእ ፖለቲካዊ ኣጀንዳ ከምዘሎን ቕዋሚ ረብሓታትን ክልቲኦም ህዝቢ ዘይምግንዛብ ከምዝኾነ ተዛሪቦም።

ምምላእ ማይ እቲ ግድብ ብዝምልከት ብወገን ሱዳን ኣብ እተፈላለየ ኣጋጣሚታት ዘልዕልዎ መንግስቲ ኢትዮጵያ ሓበሬታ ኣይሃበናን ክህበና'ውን ድሌት የብሉን ብምባል ክወቕሱ ከምዝረአዩን እዚ ወቐሳ ድማ ትኽክል ከምዘይኮነ ተዛሪቦም።

ድሕንነት እቲ ግድብ'ውን ኣብ ሓደጋ ክወድቕ ስለ ዝኽእል ቐያዲ ስምምዕ ክብፃሕ ኣለዎ ዝብል ቕዋም ከምዘለዋ ዝሓበሩ ኣምባሳደር ይበልጣል፤ይኹን'ምበር መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብዚ ጉዳይ እዚ ንሱዳን ዝሓቦ ሓበሬታ ኸም ዘየለን ድሕንነት እቲ ግድብ ብሰብ ሞያተኛታት እናተራጋገፀ ኩሉ ግልፅነት ብዝተመልኦ ኩነታት እናሰርሐ ከምዝኾነ ሓቢሮም። ቐፃሊ ካልኣይ ዙር ምምላእ ማይ ብዝምልከት ዝገልፅ ሓበሬታ ከምዝበፅሖምን እዚ ሱዳናውያን ብኣወንታዊ መልክዕ ክምልከትዎ ይግበኦም ክብሉ ኣተሓሳሲቦም።

# ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኣምሓራ እናተፈፀመ ንዘሎ መቕተልትን ምፍንቓልን ዘውግዙ ሰልፍታት ተኻይዶም

**ትርሓስ ፍቃዱ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ ዝተፈላለያ ከተማታት ክልል ኣምሓራ፤መንነት መሰረት ዝገበሩ መቕተልትን ምፍንቓላትን ዘውግዙ ሰልፍታት ኣብ ዝሓለፈ ሰሉስ ተኻይዶም።

እቶም ሰልፍታት ኣብ ከተማታት ባህርዳር፣ደብረማርቆስ፣ደሴ፣ሃይቅን ኮምቦልቻን ዝተገበሩ እንትኾውን፤እናተፈፀመ ንዘሎ ቕትለትን ምፍንቓልን ኣውጊዞም።

«እናሞተ ንዘሎ ኣምሓራይ ድምፀይ የስምዕ ኣለኹ፤ኣብ ልዕሊ ኣምሓሩ ዝፍፀም መቕተልትን ምፍንቓልን ጠጠው ይበል፣ኣብ ልዕሊ ኣምሓራ እናተፈፀመ ንዘሎ መቕተልትን ምፍንቓልን መንግስቲ ቐልጢፉ ጠጠው የብሎ፣ህፃናት ምቕታልን ከተማ ምፍራስን ጅግንነት ኣይኮነን»ዝብሉን ኻልኦት ነቲ ድርጊት ዘውግዙ መልእኽትታት በቶም ሰልፈኛታት ተመሓላሊፎም።

ዋና ዳይሬክተር ቤት ፅሕፈት ጉዳያት ኮምዩኒኬሽን ክልል ኣምሓራ ኣይተ ግዛቸው ሙሉነህ ሰሉስ ምሸት ኣብ ቤት ፅሕፈቶም ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃብዎ መግለፂ፤ኣፍቲ ዕለት ዕላማ ኣብተን ከተማታት ዝተኻየደ ሰልፊ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታን ግዜን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኣምሓራ እናበፅሐ ንዘሎ መንነት መሰረት ዝገበረ መጥቃዕቲ ጠጠው ንኽብል ንመንግስታት ዝሓትት እንትኾውን፤ብፍላይ ድማ ኣብዚ ሰሙን እዚ ኣብ ዞባ ሰሜን ሽዋ ኣጣየን ከባቢኣን ብፅንፈኛ ሓይሊ ኦነግ ሸኔ ንዝተኸፈለ ናይ ሂወት መስዋእትነትን ዝበፅሐ ልዑል ዝኾነ ናይ ንብረት ዕንወት ምኽንያት ብምግባር ዝተኻየደ ከምዝኾነ ገሊፆም።

ኣፍቲ ሰልፊ ዝተረኸበ ህዝቢ ሓዘኑ ኣምሪሩ ከምዝገለፀ ዝሓበሩ ኣይተ ግዛቸው፣ፀገም ህዝቢ ኣምሓራ ብሰልፊ ጥራሕ ዝፍታሕ ከምዘይኮነ ብምርዳእ፤ እቲ መንእሰይን መላእ ህዝብን ንዘለቐታዊ ፍታሕ ዓርሱ ከዳልው ይግበኦ ኢሎም እቶም ዋና ዳይሬክተር ገሊፆም።

ንነዊሕ እዋን እናተሰርሐ ንዝፀንሐ ኣምሓራ ናይ ምድኻም ስትራተጂ መሬት ዝሓዘ ከምዝኾነ ፀላእትና ደጋጊሞም እናነገሩና ይርከቡ ዝበሉ ኣይተ ግዛቸው፤ኣብዚ ሕዚ እዋን ክልል ኣምሓራ ብኹሉ ኣንፈት ብምኽባብን ብምውጣርን ሃገር ናይ ምብትታን ዕላማ ንምስኻዕ እናተንቀሳቐሰ ዝርከብ ሓይሊ ከም ዘሎ እቲ ሰልፈኛ ህዝቢ ይኹን መተሓባበርቲ ነዚ ክርድኡ ከምዘለዎም ኣረዲኦም።

እቲ ሰልፊ ብሰላም ተጀሚሩ ብሰላም ዝተጠናቐቐ እንትኸውን ንመተሓባበርትን ንተሳተፍትን ዘለዎም ኣኽብሮትን ምስጋናን ብሽም መንግስቲ እቲ ክልል ገሊፆም።

# «ኽእለት ዘለዎ ዜጋ ንብልፅግና ኢትዮጵያ» ዓውደ ርእይ ተኸፊቱ

**መሰረት ገ/ዮሃንስ**

ኣዲስ ኣበባ፡- «ኽእለት ዘለዎ ዜጋ ንኢትዮጵያ ብልፅግና » ብዝብል መሪሕ ቃል ብብርኪ ሃገርለኸ ንኻልኣይ ግዜ ቴክኒክን ሞያን ስልጠና ናይ ኽእለት፣ ቴክኖሎጅን ተግባራዊ ፅንዓትን ምርምርን ንሕንሕ ሲምፓዚየምን ኤግዚቢሽን ተኸፊቱ።

ኣብቲ ዕለት ዝተረኸቡ ሚኒስትር ሳይንስን ላዕለዎት ትምህርቲ ዶክተር ሳሙኤል ኡርቃቶ ከምዝበልዎ፣ ኣብ ዓለምና ኸዚ እንሪኦም ዘለና ዝሰልጠኑ ሃገራትን ቴክኖሎጂን ኢኮኖምያዊ ዕብየትን ሓይሊ ሰብ ብትምህትርን ስልጠናን ብምብልፃግን ፤ ቴክኖሎጂ ዝዘርግሑ እዮም።

ካብ ዝነበርዎ ድኽነት ብሓፂር ግዘ ተላቒቖም ኣብ ዓለምና ኣብ ስልጣነ ብርኪ ዝበፅሑ ከምኒ ቻይና ፤ደቡብ ኮርያ ፤ጃፓን ፤ታይዋን ዝኣመሰሉ ሃገራት ካብዚኣቶም እንማሃሮ ነገር እዞም ሃገራት ዘለዎም ሓይሊ ሰብ ብምጥቃምን ቴክኖሎጂ ብኣግባቡ በምጥቃም ተፈጥሮ ሃፍቶም ብምቅንጃው ካብ ድኽነትን ድሑር ኣተሓሳስባን ከምኡ'ውን ካብ ፀባብነት ብፍጥነት ብምውፃእ ንምብልፃግ ክኢሎም እዮም ዝበሉ ዶክተር ሳሙኤል ፤ዕብየት ስራሖም 'ውን ዘቕንእን ንሕና ትምህርቲ ክንወስደሉ ዝግባእ ጉዳይ እዩ ክብሉ ገሊፆም እዮም።

ኣብ ሃገርና ቴክኒክን ሞያን ትምህርቲ ስልጠና ስርዓት ብቅዓት ዘለዎ ፤ተለዓዓልነትን ንፈጠራ ስራሕ ድልው ዝኾነ ኣብ ከይዲ ባዕሉ እናጎልበተ ዝኸይድን ብቑዕን ብሞይኡ ዝተኣማመን ዜጋ ንምፍራይ እዩ፣ቴክኒክን ሞያን ስልጠና ትካልና ብተግባር ዜጋ ብምፍጣር ንኢንዱስትርን ንልምዓትን ዘድልይ ዝሰልጠነ ሓይሊ ሰብ ምፍራይ ተልእኾ ተዋሂብዎም እዩ ክብሉ ተዛሪቦም እዮም።

ቴክኒክን ሞያን ትምህርትን ስልጠናን ዘፈር ንልምዓት ኢንዱስትሪ ናብራ ዜጋታት ንምምሕያሽን ፍልፍል ስራሕ ዕድል ብምፍጣር ኣድላይ ከምዝኾነ ብምግንዛብ ብመንግስቲ ፍሉይ ትኹረት ዝተውሃበሉ ዘፈር ከምዝኾነ ዝገለፁ ዶክተር ሳሙኤል፣ብፍላይ ድማ ኸዚ ዝበፅሕናዮ ናይ ዕብየት ምዕራፍ ቴክኒክን ሞያ ትምህርትን ስልጠናን ንሃገር ብልፅግና ምስ ካልኦት ናይ ልምዓት ትልሚ በምውሃድ ናብ ተግባር ኣብ እንኣትወሉ እዋን ኢና ዘለና ኢሎም እዮም።

ኣብቲ ፕሮግራም ላዕለዎት ኣመራርሓን ስራሕ ሓለፍትን ካልኦት ዕዱማት ኣጋይሽ ዝተረኸቡ እንትኸውን ብናይቲ ዕለት ክቡር ጋሻ ዝተዳለወ ዓውደ ርእይ ተኸፊቱ እዩ።

# ኣርባዕተ ቋንቋታት...

ራእይን «ኣርቴፊሻል ኢንተለጀንስ (ሰብ ሰራሕ ምስትውዓል)ንኹሉ»ብዝብል መራሒ ሓሳብ ንኣርባዕተ ተኸታተልቲ መዓልቲ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ከምተኻየደ ኢንጅነር ወርቁ ኣፍሊጦም እዮም።እቲ መርሃ ግብሪ መዳርግቲ ኣካላት ምስቲ ማእኸል ብቅርበትን ምትሕብባርን ዝሰርሕሉ መገዲ ከምዘመቻቸዉ ተዛሪቦም እዮም።

እቲ ትካል ኣብ ዝተጣየሸሉ ሓፂር እዋን ምስ 10 ትካላት ንሓባር ሃገራዊ ሽቶ ተጣሚሩ ንምስራሕ ስምምዕነት ከምዝገበረ ዝጠቐሱ ኢንጅነር ወርቁ ፤ ሃገር ሃፍትን ሓይሊ ሰብን ብዝተጣመረን ብዝተወደበን መገዲ በምስራሕ ኣርተፊሻል ኢንተለጀንስ ዓቕሚ ብቑልጡፍን ብፅሬትን ተጠቃሚ ንምግባር ይሕግዝ እዩ ኢሎም እዮም።

ሚኒስትር ኢኖቬሽንን ቴክኖሎጂ ዶክተር ኣብርሃም በላይ፣ ሰብ ሰራሕ ምስትውዓል ሕብረተሰብ ግንዛበ ረኺቡ ኣብ ጥቕሚ ንከውዕሎ ምግባር ይግባእ ኢሎም ።ተግባራዊ ንምግባር መዳርግቲ ኣካላት ብሓባር ንክሰርሑን ጠቓሚ ሓሳባት ንከፈልፍሉ ከምዝግብኦም ኣተሓሳሲቦም እዮም።

እቲ ማእኸል ምስ ዝተፈላዩ ኣካላት ዝገበርዎ ናይ ምትሕብባር ስምምዕነት ናይቲ ዘፈር ልምዲ ንምስፋሕን ቴክኖሎጂ ኣብ ጥቕሚ ንምውዓል ከምዝሕግዞ ዝገለፁ ዶክተር ኣብርሃም፣ በምትሕብባር ተበፃሒነቱ ናይ ምስፋሕ ምንቅስቓስ ብኣርኣያነት ከምዝጥቀስ ተዛሪቦም እዮም።

እቲ ማእኸል እዋናዊ ሃገራዊ ኢኮኖሚ ህንፀት ብዲጅታል ኢኮኖሚ ብልፅግና ውሽጢ ዓቕሚ ንምፍጣር ፤ንምዕባይን ብቕልጡፍ ኣብ ጥቕሚ ንምውዓል ሃገራዊ ሓላፍነት ንክዋፃእ ተልእኾ ዝተውሃበ ምዃኑ ዶክተር ኣብርሃም ኣመልኪቶም እዮም።

ኣርተፊሻል ኢንተለጀንስ (ሰብ ሰራሕ ምስትውዓል) ማሽን ሰብ ሰራሕ ዝኾነ ናይ ምሕሳብ ኽእለት ብምጥቃም ወዲ ሰብ ምግንዛብ ክእለት ፤ሙሉእ ብሙሉእ ባዕሎም ኽኢሎም ብዘይ ምንም ናይ ሰብ ሓገዝ ስረሖም ምቅስቃስ ንክኽእሉ ናይ ምግባር ክእለት ዘምስል ምህንድስናን ስነጥበብ ሳይንስ ከምዝኾነ ተዛሪቦም እዮም። ወዲ ሰብ ፍልጠትን ልምድን ብምስልጣን ክሕግዝ ዝኽእል ቴክኖሎጂ ዘፈር ከምዝኾነ ወሲኾም ገሊፆም እዮም።

ማእኸል ኣርተፊሻል ኢንተለጀንስ ፌዴሪኢ ብቐዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ኣህመድ ሓሳብ ብቤት ምኽሪ ሚኒስትራት ደንቢ ቑፅሪ 463/2012 ዝተጣየሸን 10 መስከረም 2013 ዓ.ም ብዕሊ ተመሪቑ ስራሕ ዝጀመረ መንግስታዊ ትካል እዩ።

# « ንሕርሻ ትግራይ...

ንርከብ ዝበሉ እቶም ሓላፊ፣ መብዛሕትኡ ዝተኣተወ ቃል ተግባራዊ ንከይኸውን ይኽእል እዩ፣ ኮይኑ ግና ዘርኢን ማዳበርያ ንምቕራብ ምስቶም ክሕግዙና ዝኽእሉ ኣካላት ምትሕብባር ናብ ማሕረስ ንምእታው ክንፍትን ኢና ኢሎም።

እቲ ዝመፅእ ሓገዝ ግና ኣብዚ ኸዚ እዋን እንተይመፂኡ ምንም ጥቕሚ ከምዘይብሉን፣ ክሕግዝ ዝኽእል መንግስቲ ይኹን ትግራዋይ ማንም ሰብኣውነት ዝስመዖ ኣካል ኣብዚ እዋን ክበፅሐልና ይግባእ ክብሉ ፃውዒት ኣቕሪቦም እዮም።

ሓረስታይ ካብ መረበቱ ተመዛቢሉ ክሓርስ ከምዘይኽእል ዝፍለጥ እዩ ፤ሰላምን ምርግጋዕን ምምፃእ መንግስታዊ ሓላፍነት ከምዝኾነ ዝገለፁ ዶክተር ኣባዲ፣ማሕረስ ንምጀመር ገባር ናብ መረበቱ ብቕልጡፍ ተመሊሱ ማሕረስ ተዘይጀሚሩ ኣብ መፃኢ ዝገጥመና ፀገም ቀሊል ኣይኸውንን ኢሎም።

# «ናብ ሱዳን ዝተሰደዱ...

ሱዳን ከምዘይተሓባበረን እንድሕር ዘይተስማዕሚዑን ዘይተሓባቢሩን ድማ ምትግባሩ ኣይከኣልን ኢሎም።

ኮይኑ ግና ቕድሚ ሒደት መዓልትታት ምስ ናይ ሱዳን ወፃኢ ጉዳይ ሚኒስቴር ዋሃቢ ቓል ኣብዚ ጉዳይ እዚ ከምተዘራረቡን ክፍታሕ እዩ ዝብል ቓል ከምዝኣተውሎም እቶም ኣምባሳደር ተዛሪቦም።

ከም ገለፃ ኣምባሳደር ይበልጣል፣ ብዙሓት ገበነኛታት ኣብቲ መዕቖቢ ተመዛበልቲ ስለ ዘለዉ ንፁሃን ድማ ብናይ ሓሶት ፕሮፓጋንዳ ዝተበከልሉ ኩነታት እዩ ዘሎ።

ናብ ሃገሮም ንምምላስ ድጋፍ ሓቲቶም ኣወንታዊ መልሲ ዘይረኸቡ ተመዛበልቲ ናይ ባዕሎም መማረፂ ተጠቂሞም ብእግሮም ብገዳሪፍ መተማ መስመር ገይሮም ናብ ሃገሮም እናኣተዉ ከምዝኾኑ ብምጥቃም፣ ነዚኦም መንግስቲ ክትትል እናገበረሎም ከምዝኾነ ወሲኾም ሓቢሮም።

ንቐፃሊ እዞም ዜጋታት ብዛዕባ ሃገሮምን ከባቢኦምን ዝተማለአ ሓበሬታ ረኺቦም ናብ ሃገሮም ዝምለስሉ ኩነታት ንምምችቻው ተወሳኺ ስራሕ ከምዝሓትት እውን ተዛሪቦም።

ገበነኛታት ብዝምልከት ናብ ሱዳን ከምዝኣተዉን ነዚ ኣመልኪቱ ብወገን መንግስቲ ኢትዮጵያ ንመንግስቲ ሱዳን ሕቶ እናቐረበሉ ከምዝኾነን ክሳብ ሕዚ ብወገን መንግስቲ ሱዳን ኣወንታዊ መልሲ ከምዘይተረኸበ ገሊፆም።

ብምትሕብባር ኣካዳሚ ኣመራርሓ መለስ ዜናዊን ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ በቢሰሙን ዝዳለው ትምህርታዊ ፅሑፍ

# ኣብ ኣካዳሚ ኣመራርሓ መለስ ዜናዊ ፌዴሪሺ

## - ተምሃሮና ተመሪቖም ክወፁ ከለዉ ተወዳደርቲ መራሕቲ ፣ንቁሓትን ኣንበብትን ከምኡ'ውን ፀገም ፈታሕቲ ንክኾኑ ዝተፈሳለዩ መበረታትዒ ስርዓት ተዳልዩም እዩም

ትምህርቲ ኢኮኖምያዊ ፣ማሕበራዊን ፖለቲካውን ዓቕሚ ዜጋታት ብምጉልባት ዘላቒ ሰላም፣ዕብየትን ብልፅግናን ኣብ ቐፃሊ ንምርግጋፅ ዘኽእል ቑልፊ መሳርሒ እዩ።

ኣካዳሚና እዋኑ ብዝጠልቦ ኣመራርሓ ሳይንስ ኣተሓሳስባ ዝተሃነፁ ሃገር ንምምራሕ ተደላይ ፍልጠት ፣ክእለትን ኣመላኻኽታን ዘለዎም ኣመራርሓ ንምፍጣር ዝፅዕርን ፍሉይ ባህሪ ዘለዎ ሃገር ለኸ ትካል ኣመራራሓ እዩ።ኣብ ፌዴሪኢ ኣካዳሚ ኣመራርሓ መለስ ዜናዊ ጉዳያት ኣካዳሚ ዘፈር ቀንዲ ተግባር ነቶም ኣመራርሓ 3ይን 2ይን ዲግሪ ትምህርቲ ምሃብ እዩ።

እቲ ኣካዳሚ ኣብ 2011ዓ.ም ሓሙሽተ ካልኣይ ዲግሪ ትምህርቲ ፕሮግራም ኸፊቱ ብዝተፈላለዩ ሓላፍነት ብርኪ ዘለዉ 116 ኣመራርሓ ተቐቢሉ እናምህረ ፀኒሑ ናይቲ ኣካዳሚ ሴኔት ለጅስትሌሽን ኣማሊኦም ዝተረኸቡ 103 ተምሃሮ ብምምራቕ ክፍተት ኣመራርሓ ዓቕሚ ህንፀት ሃገርና ብምምላእ ሃገራዊ ግደኡ እናበርከተ ይርከብ።

ኣብዚ ኸዚ ሰዓት እቲ ኣካዳሚ ብሸሞንተ ክፍሊ ትምህርቲ ፣ብትሻዓንተ ማስተርን ብሰለስተ ፒ.ኤች.ዲ ፕሮግራም ትምህርት ኣብ ምሃብ ይርከብ።

ኣብ ትካልና ካብ ኣመራርሓን ስልጠናን ብተወሳኺ ብምርምር ዝተሓገዘ ግልጋሎት ምምኻር ብምሃብ ኩለመዳያዊ ዕብየት ብልፅግና ንምርግጋፅ እናተሰርሐ እዩ።መምህራና ካብ ምምሃር ምስትምሃር ጎኒ ንጎኒ ዝተፈላለዩ ፀገም ፈታሕቲ ምርምርን ግልጋሎት ማሕበረሰብ ስራሕቲ ብምስታፍ ሃገራዊ ግቡኦም ኣብ ምስራሕ ይርከቡ።

ኣብቲ ኣካዳሚ 27 ሓገዝቲ ፕሮፌሰራትን 3 ተሓባበርቲ ፕሮፌሰር ማዓርግ ዘለዎም መምህራን ኣብ ስራሕ ይርከቡ።ናይ መምህራንን ተምሃሮን ጥምርታ 1፡7እንትኸውን ላዕለዎት ትምህርቲ ትካል ኣግባብን ፅሬትን ዘውፅእ መዐቀኒታት ዘማለአ እዩ።

እቲ ኣካዳሚ ብሰለስተ ፕሮግራም ትምህርቲ ማለት እውን ብኣመራርሓ ፅንዓት ፣ፖሊሲ ፅንዓትን ዴቨሎፕመንት ኢኮኖሚክስ ብሓፈሻ 19 ፒ.ኤች.ዲ ተምሃሮ ካብ ኹሎም ክልላት ፣ከተማ ምምሕዳርን ካብ ፌደራል ትካላት ተቐቢሉ ኣብ ምምሃር ይርከብ።

ምምሃር ምስትምሃር ዘመን ትምህርቲ 2013 ካብ ዝፈልይዎ እቲ ቀንዲ ጉዳይ ብሃገርና ከምኡ'ውን ብዓለም ለኸ ብርኪ ኮቪድ-19 እዩ።ኾይኑ ግና ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ብዝተተለመሉ መገዲ ንክስራሕ ብበይነ-መረብ ዝተሓገዘ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ንክቕፅል መምህራንና ዓብይ ፃዕሪ ዝተገበረሉ እዋን እዩ ነይሩ።

ሃገራዊ ለውጢ ተኸቲሉ እቲ ኣካዳሚ ዝተፈላለዩ ዕረያ(ሪፎርም) ስራሕቲ ብስፍሓትን ብፅሬትን እናተሰርሐ ይርከብ።ብምኳኑ ኩሎም መምህራና ብሴኔት ሌጅስትሌሽንን ካሪኩለም ክለሳን ኹለንተናዊ ስራሕቲ ዕረያ ብንቕሓት ንክሳተፉ ተገይሩ እዩ።

**ሃገራዊ ለውጢ ተኸቲሉ እቲ ኣካዳሚ ዝተፈሳለዩ ዕረያ(ሪፎርም) ስራሕቲ ብስፍሓትን ብፅሬትን እናተሰርሐ ይርከብ።ብምኳኑ ኩሉም መምህራና ብሴኔት ሌጅስትሌሽንን ካሪኩለም ክለሳን ኹለንተናዊ ስራሕቲ ዕረያ ብንቕሓት ንክሳተፉ ተገይሩ እዩ።**



ዘፈር ጉዳያት ኣካዳሚ
ስሜነህ ቤሴ(ዶ/ር)ተሓባባሪ ፕሮፌሰር ኢኮኖሚክስ
ዳይሬክተር ዳይሬክቶሬት ጉዳያት ኣካዳሚ

ኣብ 2013 ዓ.ም እንቕበሎም ማስተርስን ፒኤችዲ ዲግሪ ተምሃሮ ብዝተማሓየሸ ሴኔት ሌጅስትሌሽን መሰረት ናይቲ ኣካዳሚ ፕሮግራማት ትሕዝቶ ካብ ሃገራዊ ለውጥን ብኽፍተት ክህሎት ኣመራርሓ መንፅር ምምሕያሽ ተገይሩ እዩ።ተምሃሮና ተመሪቖም እንትወፁ ተወዳዳርቲ መራሕቲ ፣ብቑዓትን ኣንበብትን ከምኡ'ውን ፀገም ፈታሕቲ ንክኾኑ ዝተፈላላዩ መበረታትዒ ስርዓት ዝተዳለወ እንትኾን ኣብ 2013 ዓ.ም ተግባራዊ ንምግባር ምድላው ተወዲኡ እዩ።ኣብቲ መበረታትዒ ምድላው ልዑል ውፅኢት ዘመዝገቡ ተመረቕቲ ተምሃሮ ኣመራርሓ ብምውድዳር ፒኤችዲ ስኮላርሽፕ ፕሮግራም ንክረኽቡ ስርዓት እናተዘርገሐ ይርከብ።

መምህራን ካብ ዝተፈላለዩ ትካላት ናይ ወፃኢ ፈንድ ኣብ ምድላይ ትኹረት ንክገብሩ ነዚ'ውን ምቹው ስርዓት ንክዝርጋሕ ተገይሩ እዩ።ካብ ስትራቴጂክ መዳርግቲ ኣካላት ክረኣኸሎ ኣካዳሚና ምስ ማሕበር ኢኮኖሚክስ ኢትዮጵያ ፣ዩኒቨርሲቲ ሲቪል ሰርቪስ ፣ዩኒቨርሲቲ ኣዲስ ኣበባ ከምኡ'ውን ኣብ ሃገረ ጀርመን ዝርከብ Khel university ን ምስ ካልኦት ናይ ሃገርና ላዕለዎት ትካላት ምርምር መረዳድኢ ሰነድ ብምፍርራም እናሰርሐ ይርከብ።


## አድራሻ

በሌ ሩዋንዳ ሸዋ የገበያ ማዕከል አጠገብ
ስልክ፦ 011 893 26 55
ፖ.ሣ.ቁ፦ 7254
Website http:// www.mzla.edu.et
Email info@mzla.edu.et
Face book www.facebook.com/meleszenawileadershipacademy

# ነፃ ሓሳብ

# ውዲት ዘይሰዓሮ ፕሮጀክት

መኣርግ ገ/ሄር

ዓብዩ ግድብ ህዳሰ ኣመልኪቱ ብሕብረት ኣፍሪካ ዝተኻየደ ዘተ ኢትዮጵያ፣ ሱዳንን ግብፅን ናይ ዝቕፅል ኩነታት ንምዝርራብ ሚኒስትራት ወፃኢ ጉዳይን ማይን ሰለስቲኣን ሃገራት ካብ 25-28 መጋቢት 2013 ዓ.ም ኣብ ኪንሻሳ ኮንጎ ኣኼባ ተገይሩ ነይሩ። እቲ ኣኼባ ብምኽንያት ኮቪድ ንነዊሕ እዋን ብኣካል እንተይተራኸቡ ድሕሪ ምፅንሖም ንመጀመርታ ግዜ እዩ ተኻይዱ ነይሩ። ፕሬዝደንት ዴሞክራቲክ ሪፐብሊክ ኮንጎ ዝኾኑ ፌሊክስ ሺኬሴዲ ኣብ ወርሒ ለካቲት 2013 ዓ.ም ናይ ኣቦ ወንበር ሕብረት ኣፍሪካ ቦታ ምስ ተረከቡ ንድሓር ዘካየድዎ ናይ መጀመርታ መድረኽ እዩ።

መድረኽ ኪንሻሳ ሰለስቲኦም ወፃኢ ጉዳይ ሚኒስትራት ምስ ፕሮጀክት ግድብ ህዳሰ ተተሓሒዙ ናይ ሃገሮም ቅዋም ዘቕረብሉ ነይሩ። ምክትል ቀዳማይ ሚኒስትርን ሚኒስትር ወፃኢ ጉዳይን ኢትዮጵያ ኣይተ ደመቀ መኮነን ቅዋም ኢትዮጵያ ኣመልኪቶም ኣብ ዝገበርዎ ዝርርብ ማይ ኣባይ ኣብ ጥቕሚ ክውዕል ዝኽእል ፍትሓውን ምኽንያታዊን ብዝኾነ መገዲ ምዃኑ ኣብሪሆም እዮም። ከምኡ'ውን ግድብ ህዳሰ ንኢትዮጵያ ጥራሕ ተይኮነስ ብሓፈሻ ንጎረባብቲ ሃገራት ናይ ሓባር ልምዓት ዕድል ዝኸፍትን ናይ ምትሕብባር ማእኸል ዝገበረ ምዃኑ ተዛሪቦም እዮም። ምምላእ ማይ ብዝምልከት ኣድላዪ ሓበሬታን ዳታን ንምልውዋጥ ኢትዮጵያ ድሉውቲ ምዃና ኣፍሊጦም። እቲ ዘተ ኣብ ምትሕብባርን ኩሉ ተዓዋታይ ክኸውን ዘኽእል ሓሳብ መሰረት ብምግባር ክካየድ ከምዝግበእ ኣተሓሳሲቦም።

በብግዚኡ ዝቀያየር ሓሳባት ሒዘን ዝቐርባ ግብፅን ሱዳንን ከም ልማደን ሓድሽ ሓሳባት ሒዘን እየን ቐሪበን። ክልቲኣን ሃገራት ካብ ሓደ ዝገብረን ንላዕሊ ዝፈላለያሉ እኳ እንተበዝሐ ንግዚኡ ምምላእ ማይ ግድብ ህዳሰ ሓደ ክኾኑ ገይርዎም እዩ። ክልቲኣን ሃገራት ንሓሳባት ሕድሕደን ብምድግጋፍን ኣብ ኢትዮጵያ ፅቕጢ ንምፍጣር ዝተፈላለየ ፃዕሪ ገይረን እየን። ኢትዮጵያ ኣብ ቐፃሊ ካልኣይ ዙር እትገብሮ ምምላእ ማይ «ንሕና እንተዘይ ፈቒድና ሓንቲ ንጣብ ማይ ክትንክዩ ኣይትኽእሉን ኢኹም» ብምባል እናተቓለሱና ይርከቡ።

መግለፂ ወፃኢ ጉዳይ ሚኒስትር ፌዴሪኢ ከምዘማላኸቶ ኣብ መድረኽ ኪንሻሳ ብክልቲኣን ሃገራት ካብ ዝቐረቡ ጉዳያት ዘተ እቲ ቕርፂ ክቕየርን ኣብ ርእሲ ሕብረት ኣፍሪቃ ብተወሳኺ ካልኦት ከም ኣሜሪካ፣ ሕብረት ኣውሮፓን ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ማዕረ ግደ ክህልዎም ዝሓትት እዩ ነይሩ። ብዘይካዚ እታ 86 ሚእታዊ ማይ ኣባይ እተቕርብ ኢትዮጵያ ናይ ገዛእ ርእሳ ሃብቲ ዘገድድ ውዕል ከይፈረመት ማይ ከትመልእ ከም ዘይብላ ትርር ዝበለ ቕዋም ሒዞም ቐሪቦም እዮም ። ብምኽንያት ምምላእ ማይ እቲ ግድብ ክልቲኣን ሃገራት ሕፅረት ማይ ከምዘጋጥመን ኣቕሪቦም እዮም።

ግብፅን ሱዳንን እቲ ዘተ ካብ ሕብረት ኣፍሪቃ ክወፅእን ብኻልኦት መማየጥቲ ንምጅማር ዝላዕለ ሃንቀውታ ኣለዎም። ግብፂ እቲ ዘተ ኻብ ሕብረት ኣፍሪቃ ንኽወፅእ እትገብር ቀንዲ ሃገር እኳ እንተኾነት መበገሲ እዚ ሓሳብ ብሱዳን ኣቢሉ ኽም ዝቐረበን ሓባራዊ ቕዋሞም ከም ዝኾነን ገሊፆም እዮም። ክልቲኣን ሃገራት «ሕብረት ኣፍሪካ ነዚ ፀገም እዚ ኽፈትሖ ኣይኽእልን» ብምባልን እቲ ሕብረት ብነፃነት ከይመርሕ ከምኡ'ውን ንሓላፍነቱ ብዘናሹ መልክዕ ምስ ካልኦት ተወሰኽቲ ብሓባር ኹይኖም ንኽመርሕዎ ፅቕጢ ክገብሩ ፀኒሖም እዮም።

እቲ ዘተ ካብ ሕብረት ኣፍሪካ ንኽወፅእን ብኻልኦት ኣካላት ንኽረኣን ከምኡ 'ውን ድጋፍ ንምርካብ ሰበ-ስልጣን ግብፂ ኣብ ተፈላለያ ሃገራት ዘይሮም እዮም። ይኹን እምበር ከም እኒ ጀርመን፣ ሩስያ፣ ጣልያን፣ፈረንሳይ፣ ኣሜሪካ ከምኡ'ውን ሕብረት ኣውሮፓ ዝኣመሰላ ሃገራት ነቲ ዘተ ብማዕረ ተጠቀምቲ ዝገብር ስርዓት ንኽቕፅል እንተዘይኮይኑ ካሊእ ንግብፂ ጥራሕ ዝጠቕም ዝተፈለየ ደገፍን ቕዋምን ኣየርአዩን። ግብፅን ሱዳንን ነቲ ካብ ሕብረት ኣፍሪካ ንኽወፅእ ዝደልይዎ ምኽንያት ኢትዮጵያ ቕድሚ ካልኣይ ዙር ምምላእ ማይ ምትግባሩ ዘገድድ ስምምዕ ንኽትበፅሕን ፅዕንቶ ብምሕዳር ዝሓሸ ድጋፍ ንምርካብ እዩ።

ሚኒስትር ማይን መስኖን ፌዴሪኢ ዶክተር ኢንጅነር ስለሺ በቀለ ንመራኸቢ ሓፋሽ ኣብ ዝሃብዎ መግለፂ፣ ግብፅን ሱዳንን ዝሓዝዎ ቕዋም ብፅሒት ማይ ዝግድብን ኣለና ዝብልዎ ክፍፍል ማይ ዘጠናኽርን ኣገዲድካ ንምፍራም ፅቕጢ ንምግባር ከምዝኾነ ተዛሪቦም እዮም። እዘን ክልተ ሃገራት ብምኽንያት ማይ ምምላእ እቲ ግድብ ህዝብና ንሓደጋ ተቓሊዑ እዩ ዝብል ሙግት ጌጋ ምዃኑ ኣስሚሮሙሉ እዮም። ነዚ መረጋገፂ ዝኸውን ኣብ ዝሓለፈ ክረምቲ ናይ መጀመርያ ዙር ምምላእ ማይ ኣብ መዓልቲ 90 ሚልዮን ኩቢክ ሜትር ማይ ካብ ታሕተዋይ ክፋል እቲ ግድብ መውፅኢ ማይ ይውሕዝ ከም ዝነበረ ኣብሪሆም እዮም። እቲ ግድብ ምስ መልአ ድማ ሱዳን ሕፅረት ማይ ዘይኮነስ ዝላዕለ ምዕልቕላቕ ማይ ኣጋጢምዋ ከምዝነበረ'ውን ኣዘኪሮም እዮም።

ምስ ጉዳይ ግድብ ተተሓሒዙ ናይ ነዊሕ ዓመታት ልምዲ ከምዘለዎም ዝዝረበሎም ነበር ሚኒስትር ማይን መስኖን ሱዳን ዶክተር ኡስማን ኣቱም ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ምስ ስካይ ኒውስ ኣረቢያ ኣብ ዝገበርዎ ፃኒሕት ከም ዝገለፅዎ፣ ካልኣይ ይኹን ሳልሳይ ዙር ማይ ምምላእ ግድብ ህዳሰ ንሱዳን ይኹን ንግብፂ ዋላ ሓንቲ ኣሉታዊ ፅዕንቶ ከሕድር ከምዘይኽእል ኣብሪሆም ነይሮም። እቲ ግድብ ነቲ ዝተተለመ ሓይሊ ኤሌክትሪክ እናፈልፈለ ማእኸላይ መጠን ፍሰት ማይ 48 ቢልዮን ሜትር ኪዩብ ማይ ዝኣክል ናብ ታሕተዎት ተፋሰስ ሃገራት ምስዳድ ከምዝከኣል ወሲኾም ገሊፆም እዮም። ግድብ ህዳሰ ጉድኣት ከስዕብ ይኽእል ተባሂሎም ዝተጠቐሱ ፀገማት መብዛሕትኦም ግጉይ ምዃኖም ዶክተር ኡስማን ተዛሪቦም እዮም።

ግድብ ህዳሰ ኣብ ተፋሰስ ሃገራት ፅዕንቶ ከምዘየሕድር እቲ ሓቂ ብተፈላለዩ ናይቲ ዘፈር ሰብ ሞያ ዝተዘርበ ዋላ ይኹን ግብፅን ሱዳንን ግና ኻልኣይ ዙር ምምላእ ማይ እቲ ግድብ « ንሕና እንተይደቐድና» ብዝብል ምፍርራሕ የስምዑ እዮም። ፕሬዝደንት ግብፂ ኣል-ሲሲ ኣብ ቐረባ ግዜ ብመራኸቢ ሓፋሽ ኣብዘመሓላላፍዎ መልእኽቲ ኣቓልቦ ብርክት ዝበሉ መራኸብቲ ሓፋሻት ዝሰሓበ ነይሩ። እቶም ፕሬዝደንት «ንጣብ ማይ ትኣክል ማይ ግብፂ ክውሰደና ኣይክእልን፤ እዚ ቀይሕ መስመር እዩ፤እንተዘይኮይኑ ድማ ኣብቲ ኸባቢ ካብ ዝሕሰብ ንላዕሊ ሓደገኛ ዘይምርግጋዕ ክፍጠር ይኽእል እዩ» ክብሉ ኣጠንቂቆም እዮም። ወፃኢ ጉዳይ ሚኒስትር ሳሚ ሽኩሪ'ውን እንተኾነ ካልኣይ ዙር ማይ ምምላእ እቲ ግድብ ንረብሓ ግብፂ ዝጎድእ እንተኾይኑ ሓያል ስጉምቲ ክንወስድ ኢና ኢሎም። ገለ ኻብቶም ፖለቲከኛታቶም'ውን ማይ ንምምላእ ዝቐረዩ መዓልትታት ትሕቲ 80 መዓልቲ ስለ ዝኾነ ግብፂ ኣብ ዝሓፀረ ግዝ ንውግእ ክትዳሎ ኣለዋ ብምባል ምዝራብ ጀሚሮም እዮም።

ብወገን ሱዳን ውግእ ተቐባልነት ከምዘይብሉ ሰበስልጣናት እታ ሃገር እናገለፁ ዋላ እንተኾኑ ብወገን ግብፂ ግና ምድፍፋእን ፅዕንቶን እናሓደሮም ምዃኑ ፅብፃባት እናሓበሩ እዮም። ወፃኢ ጉዳይ ሚኒስትር ሱዳን መርየም ኣል ሳድቕ ድሕሪ መድረኽ ኪንሻሳ ምስ ግድብ ህዳሰ ተተሓሒዙ ወታደራዊ ኣማራፂ ክህልዉ ይኽእሉ ዶ? ዝብል ካብ መራኸብቲ ሓፋሽ ንዝቐረበለን ሕቶ እንትምልሳ ፍፁም ወታደራዊ ኣማራፂ ቦታ የብሉን፤ መፍትሒ ክኸውን ኣይኽእልን ብምባል መልሲ ሂበን እየን። እንተኾነ ግና ግብፂ ሽቶታታ ንኽወቕዕ ምስ ሱዳን እናሰርሐት እንትትኸውን በዚ መሰረት መራሕቲ ኽልቲኣን ሃገራት ናብ ካይሮን ካርቱምን ብምምልላስ ብዙሕ ተዘራሪበን እየን። ኣብዚ ቐረባ ግዜ እዘን ክልተ ሃገራት እዚኣን ብሓባር ወታደራዊ ልምምድ ክሳዕ ምግባር ዝበፅሐ ትርኢት ገይረን እየን። ናይ ሓባር ስምምዕ 'ውን ተፈራሪመን እየን።

ፕሮጀክት ግድብ ህዳሰ ንሱዳን ከም ዘይጐድኣ የግዳስ ብዙሕ ቀጥባዊ ረብሓታት ከም ዝህቦም ናይ ባዕሎም ሙሁራት ዘረጋገፅዎ ሓቂ እዩ። ሚኒስትር ማይን መስኖን ሱዳን ዶክተር ያሲር ኣቡስ ቅድሚ ሓደ ዓመት ንመራኸብቲ ብዙሃን ኣብዝሃብዎ መብርሂ እቲ ግድብ ካብ ኢትዮጵያ ንላዕሊ ንሱዳን ከም ዝጠቅም ተገሊፁ ነይሩ። ኣሳራርሓ እቲ ግድብ ብዝምልከት ኻብ ዘመናዊ ግድባት ብዝበልፅ ዝላዓለ ክእለት ብዘለዎም መሃንድሳት ዝተሰርሐ ምዃኑ ብምጥቃም ቴክኒካዊ ፀገማት ከም ዘይብሉ ሓቢሮም ነይሮም። እቶም ሚኒስትር ሕዚ ቕዋሞም ቐይሮም ግብፂ እተስፋሕፍሖ ዘላ ሓሳብ ብምድጋፍን ኣብ ግብሪ ኣብ ምውዓል ሙኳኖም ከምኡ'ውን ኣብ ክልተ ቦታ እናረገፁ እዮም ብምባል ብዙሓት ሰባት ብትዕዝብቲ ይዛረቡ።

> **ግድብ ህዳሰ ኣብ ተፋሰስ ሃገራት ፅዕንቶ ከምዘየሕድር እቲ ሓቂ ብተፈላለዩ ናይቲ ዘፈር ሰብ ሞያ ዝተዘርበ ዋላ ይኹን ግብፅን ሱዳንን ግና ኻልኣይ ዙር ምምላእ ማይ እቲ ግድብ «ንሕና እንተይደፈቐድና» ብዝብል ምፍርራሕ የስምዑ እዮም።**

ግብፂ ፕሮጀክት ግድብ ህዳሰ ብኢትዮጵያውያን ገንዘብ ድጋፍ ምስርሑ ድቃስ ኣስኢንዋ እዩ። ኣይተሳኸዐላን'ምበር ኣብ እተፈላለየ እዋናት እቲ ግድብ ቅድሚ ማይ ምሓዙ ነቲ ግድብ ንምዕናው ትልሚ ከምዝነበራ ኣብተፈላለዩ እዋናት ዝገበረቶ ፈተነ የርድእ። ኣብ ሰነ 2013 ዓ.ም. ነበር ፕሬዝደንት ግብፂ መሓመድ ሙርሲ ምስ ፖለቲከኛታት እታ ሃገር ብምዃን ብዛዕባ ህንፀት እቲ ግድብ ዕፅው ኣኼባ ገይሮም ነይሮም። ቀንዲ ዕላማ እዚ ኣኼባ እዚ ግድብ ህዳሰ ብኸመይ ምትዕንቃፍ ከምዝካኣል እትዓግቶ ስትራተጂታት ምንዳፍ እዩ ነይሩ ።

ኣብቲ ዘተ ነቲ ግድብ ካብ ምፍራስ ጀሚሩ ኣብ ኢትዮጵያ ነንባዕሉ ጎንፂ ክፍጠር ከመይ ክግበር ከምዘለዎ ዝቐረበ እንትኸውን እንተይተፈለጠ ናይታ ሃገር ሚድያታት ንማሕበረሰብ ዓለም ቀጥታዊ ፈነወ ስለ ዘመሓላለፉ ስርሖም ንኽቃላዕ መገዲ ኸፊቱ እዩ። ዝተፈላለዩ መራኸቢ ብዙሃን «ፖለቲከኛታት ግብፂ ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያ ጥቕዓት ንኽፍፀም ዝገበርዎ ምስጢራዊ ዝርርብ ተቓሊዑ እዩ» ብምባል እዩ ነይሩ ተቐባቢሎም ዝፀብፀቡ። ኣብቲ እዋን ዘተ ኢትዮጵያ ከይትረጋጋዕ ናይ ምኽራር ቕዋም ምስ ዘለዎም ተናሕናሕቲ ፓርቲታት ፍሉይ ርክብ ብምፍጣርን ብምዝርራብን ህንፀት እቲ ግድብ ንምትዕንቃፍ ከም ዋና ስትራተጂ ዝተወሰደ ነይሩ።

ካልእ ስትራተጂ ኸዓ ግብፂ ኣብ ልዕሊ ግድብ ህዳሰ ናይ ነፋሪት መጥቃዕቲ ኽትፍፅም ድልውቲ ከም ዝኾነት ኣምሲልካ ግብረ-ሽበራ ዝተመልአ ወረታት ብምዝርጋሕ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ስግኣት ምፍጣር እዩ ነይሩ። እዚ ኹሉ ተገይሩ ውፅኢት እንተዘየፍርዩ እቲ ናይ መወዳእታ ኣማራፂ ነቲ ግድብ ምፍራስ እዩ ኢሎም እዮም። እቲ ግድብ ሕዚ ብቐጥታ ኽተፍርሶ ኣብ ዘይከኣለሉ ብርኪ ብምብፅሑ ዘይፍተን እኳ እንተኾነ እቲ ኣብ ገሊኡ ኸባቢታት ሃገርና ዝረአዘሎ ፕሮፓጋንዳታት ናይ ቐረባ እዋን ናይ ድሕንነት ፀገማትን ናይቲ ስትራተጂ ኣካል ምዃኑ ግን ክርሳዕ የብሉን።

ታሕተዎት ተፋሰስ ሃገራት ብፍላይ ድማ ግብፂ ኣብ ኣባይ ዝሰራሕ ንዝኾነ ዓይነት ምንቅስቓስ ኣበርቲዓ ብምቅዋም ብዙሕ ዓመታት ኣቑፂራ እያ። ፕሮጀክት ግድብ ህዳሰ ንኸይጅመር ብዙሕ ፃዕሪ ገይራ እያ፤ ምስ ተጀመረ ድማ ንምትዕንቓፍ ብዙሕ ፃዕሪ ገይራ እያ። ሕሉፍ ሓሊፉ 'ውን ግብፂ ኣብቲ ግድብ ዝካየደሉ ቦታ ቤት ፅሕፈት ብምኽፋት ነቲ ግድብ ንምምሕዳርን ሓፈሻዊ ንጥፈታታ ንምቍፅፃርን ሕቶ እስካብ ምቕራብ በፂሓ ነይራ እያ። ኣብ ኢትዮጵያ ዘተኰረ መልእኽቲ ዘማሓላልፉ ናይ ማሕበራዊ መራኸቢታት ገፅ ብምኽፋት እናሰርሐት ምዃና ኣብ ቐረባ ግዜ ዝዓፀወቶም ፌስ ቡክ ሓደ መርኣያ እዩ። ከም ፀብፃብ ቢቢሲ እዞም ናይ ፌስ ቡክ ኣካውንት ንባዕሎም ንምፍላጥ ክባሃል 525 ሽሕ ዶላር ወይ ብር 21 ሚልዮን ወፃኢ ገይሮም።

ኢትዮጵያ ማይ ምምላእ እተከናውኖ ካብ ካልእ ሃገር ዘይኰነስ ካብ ሃገራ እዩ። ከም ሓበሬታ ሚኒስቴር ማይን መስኖን እቲ ማይ ምምላእ ካብቲ ዝተተሓዘሉ መደብ ሓደ ዓመት ኣብ ዝደንጎየሉ እዋን ብምጉታቱ ምኽንያት ብቐጥታ ኻብ ዝረኽቦ ኣታዊ ልዕሊ ሓደ ቢልዮን ዶላር እዩ ዘስእን። ስለዚ ኢትዮጵያ ነቲ ብግብፅን ሱዳንን ኣቢሉ ንምትዕንቓፍ ዝግበር ውዲት ተቐባልነት ከም ዘይብሉ ኢትዮጵያ ፅኑዕ ቅዋማ ኣቐሚጣ እያ።

ፕሮጀክት ግድብ ህዳሰ ኣብ ውሽጢ ሃገር ይኹን ወፃኢ ዝነብሩ ኢትዮጵያውያን ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ዘተኣሳሰረ ኢሉ'ውን ኩሉ ካብ ጫፍ ክሳብ ጫፍ ህብረ ዜማ ክዝምሩ ዝገበረ ልዑል ናይ መልእኽቲ ምልክት እዩ ነይሩ። ኢትዮጵያውያን ፍልልያት እኳ እንተሃለዎም ብዛዕባ እቲ ግድብ ኣይወላውሉን እዮም። እቲ ቐዳማይ ዙር ምምላእ ማይ ኣብ ዝሓለፈ ሓምለ 2012 ዓ.ም ብዓወት ምስ ተተግበረ ኩሉ ህዝቢ ሓጎሱ ከምዝገለፆ ኣብ ዝመፅእ ክረምቲ ኻልኣይ ዙር ምምላእ ማይ ብዓወት ተተግቢሩ ልዑል ሓጐሱ ንምግላፅ ይዳሎ ኣሎ።

(ፍልፍል-ግዜኢ)




# ቻምፒዮን ሊግ ብር ሓደ ሚሊዮን ብር ክሽለም እዩ

**መሰረት ገ/ዮሃንስ**

ን2013 ዓ.ም ቤትኪንግ ንሕንሕ ዘመን ኣሸናፊ ክለብ ብር ሓደ ሚሊየን ሽልማት ክሽለም እዩ፡፡ኣብ ናይ ሎሚ ዘበን ንውድድር ተባሂሉ ዝተዳለወ ፍሉይ ፅዋዕ እናዳለወ ከምዝኾነ ናይቲ ኣክስዮን ማሕበር ፕሬዝዳንነት ሓለቓ ሚኢቲ ፍቃደ ማሞ ገሊፆም፡፡

2013 ኣሸናፊ ጋንታ ሽልማት ብዝምልከት ኢትዮጵያ ፕሪሚየር ሊግ ኣክስዮን ማህበር ኣብ ዝተውሃበ መግለፂ፣ ብምስሊ መሰል ስምምዕነት ናይ ቀጥታ ስርጭት ሽፋን ዝረኸበ ፕሪሚየር ሊግ ኢትዮጵያ መርሃ ግብሩ ንምውዳእ ሸሞንተ ንሕንሓት ይተርፍዎ፣በዚ ‘ውን ናይቲ ንሕንሕ ኣሸናፊ ኾይኑ ንዝወፅእ ጋንታ ብዝሰብሰቦ ነጥቢ ሽልማት ዝዋሃቦ እንትኸውን ን 2013 ዓ.ም ጥራሕ ዝተሓሰበ ገንዘብ ሽልማት ከምዝህሉ ሓለቓ ሚኢቲ ፍቃደ ማሞ ተዛሪቦም እዮም፡፡

እቶም ፕሬዝዳንት ከምዝበልዎ ኣብዚ ዓመት መወዳእታ ክለባት ዝሸለምዎ ገንዘብ ኣሎ፣ኣብዚ ዓመት ጥራሕ ቀዳማይ ንዝወፀ ጋንታ ብር ሓደ ሚሊየን ፣ኻልኣይ ንዝወፅእ ብር 700ሽሕ ሳልሳይ ንዝወፅእ ብር 500ሽሕ ብር ክንሽልም ኢና ኢሎም እዮም፡፡

ኣብ 2013 ዓ.ም ፕሪሚየር ሊግ ተዓዋታይ ንዝኸውን ጋንታ ፅዋእ ሽልማት ካብ ዝሓለፉ ዓወት ሽልማት ብዝተፈለየ ዝሸለም እንትኸውን ነዚ ተባሂሉ ‘ውን 80ሴ.ሜ ንውሓትን ካብ 15 ክሳብ 20 ኪ.ግ ክብደት ዘለዎ ፅዋዕ ናብ ደቡብ ኣፍሪካ ተላኢኹ እናተዳለወ ይርከብ፡፡እዚ ዓመት ንሕንሕ ዘመን ኣብ ሜዳ ፅቡቕ ምንቅስቓስ ዘርኣዩ ስፖርተኛታት ሽልማት ዝዋሃብ እንትኸውን ኣብዚ ዓመት ኾኾብ መረፃ ብዝምልከት ስልሳ ሚኢታዊ ካብ ኣሰልጣኒን ኣርባዓ ሚኢታዊ ድማ ብህዝቢ ተሰብሲቡ ከምዝውሰን ተገሊፁ እዩ፡፡ፅዋዕ እቲ ሊግ ሰለስተ ግዜ ብተኸታታሊ ሓደ ክለብ እንተወሰደ እውን እቲ ፅዋዕ ምቕራይ ከምዘይካኣል ተገሊፁ እዩ፡፡

ናይ ሎሚ ዓመት ፕሪሚየር ሊግ ንሕንሕ ዓሰርተ ሽድሽተ ክለባት ዝጀመርዎ እንተኾነ እውን ትግራይ ክልል ሰለስተ ክለባት ኣብቲ ክልል ብዝነበረ ወፍሪ ምኽባር ሕጊ ተደሓሒዙ ኣብቲ ንሕንሕ ክቕፅሉ ከምዘይኻኣሉ ዝፍለጥ እዩ፡፡እዚ ተኸቲሉ እቲ ፕሪሚየር ሊግ እናተሳተፉ ዝርከብ ዓሰርተ ሰለስተ ጋንታታት ካብቲ ሊግ ዝወርዱ ከምዘለዉ እናከራኸረ ፀኒሑ እዩ፡፡ ሓለቓ ሚኢቲ ፍቃደ ማሞ ቅድሚ ኸዚ ዝነበረ መግለፂ ካብቲ ሊግ ሰለስተ ጋንታታት ወሪዶም ሰለስተ ካብ ታሕተዋይ ሊግ ከምዝዓብዩ ምግላፆም ዝዝከር እንትኸውን ኣብዚ መግለፂ እውን ተረጋጊፁ እዩ፡፡

# ንኣትሌቲክ ዳያኑ ምብርትታዕ ሰናይ ጅማሮ

**መሰረት ገ/ዮሃንስ**

ዳያኑ ናይ ንሕንሕ ሚዛን ብምሕላውን ንሰዓርን ተስዓርን ጥራሕ ንዝግበር ንሕንሕ ፅቡቕን ተመልካቲ ሰሓቢ ናብ ዝኾን ንሕንሕ ምቕያር ዘለዎም ግደ ብቐሊሉ ዝረአ ኣይኮነን፡፡እቲ ስራሕ ኣፀጋሚ እንተኾነ'ውን ብዓርሰ ምትእምማን ናብ ስኬት ጫፍ ዝበፅሑ ኣፍልጦ ዘለዎም ደያኑ ውሑዳት ኣይኮኑን፡፡ኢትዮጵያ ብዳያኑ ብፅቡቕ ስማ ዝጥቀስን ተመራፂት ዝኾነት ሃገር ከምዝኾነት ዝፍለጥ እዩ፡፡ኾይኑ ግና ብዓለም ለኸ ዝምስከረሎም ብክውሶ እግሪ ዝተዋፈሩ ዳያኑ ጥራሕ እዮም፡፡ኣብ ካልእ ዘፈር ስፖርት ዘሎ ትኹረት ብዙሕ እንተይኾነ'ውን ኣትሌቲክስ ስፖርት ዳያኑ ግና ብኣህጉር ንሕንሓት ብቕዓቶም ከመስክሩ ኸኢሎም እዮም፡፡

ድሕሪ ንሕንሓት ስፖርት ብፍላይ ኣትሌቲክስ ሽልማት ክዋሃብ ዝረአ ንተወዳደርቲ ጥራሕ እዩ፡፡ኾይኑ ግና ዝኾነ ስፖርት ንሕንሕ ዕውት ብዝኾነ መልክዑ ንክካየድ ካብ ምግባር ኣንፃር ልዑል ግደ ዘለዎም ኣካላት ብዙሕ ኣይስታወሱን፡፡እዞም ኣካላት ሕግ ተግባራዊ ብምግባር ንክስራሕ ዝገብሩ ናይ ዳያኑ ስራሕ ብድሕሪት ዝግለፅ እዩ፡፡

ኢትዮጵያ ኣትሌቲክስ ፌዴሬሽን ዳያኑ ምስ ተወዳደርቲ ማዕረ ኣፍልጦ ዝሃበሉ መድረኽ ብምፍጣር ዝበረታታዕ ጅማሮ ኸፊቱ እዩ፡፡ኣብ ቀረባ ኣብ ዝተኸበረ መበል 50 ዓመት ምስረታ እቲ ሻምፒዮና ዝመርሑ ዳያኑ ብምውድዳር ኣፍልጦ ሂቡ እዩ፡፡እዚ ኣብ ካሊእ ዓለም ብዙሕ ዘይተለመደ ካብ ምኳኑ ንላዕሊ ብዙሕ ዓመት ንዘቑፀረ ስፖርት ኢትዮጵያ ቅድሚ ኸዚ ዘይተርአየ ብምኳኑ ብስፖርት ባዓልሞያ ዝተመስገነ ስራሕ ኾይኑ እዩ፡፡

ኣብ ኻልእ ንሕንሓት ዳያኑ ዝፍለዩ ብናይ ባዕሎም ኽዳን እንትኸውን ብሃገር ለኸ ኣትሌቲክስ ንሕንሕ ግና ንዳያኑ ተመሰሳሊ ኽዳን ብምድላውን ምሉእ ዕጥቂ ንክረኽቡ ገይሩ እዩ፡፡ኣብቲ ንሕንሕ ብዝተቐመጠ መስፈርቲ መሰረት ዳያኑ በምውድዳርን ሰዓርቲ ዝኾኑ ሰለስተ ኾኾብ ተመሪፆም ተሸሊሞም እዮም፡፡

ቅድሚ ኸዚ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝተኻየዱ መበል 13 ቻምፒዮና መናእሰይ ኣፍሪካ ከምኡ'ውን መበል 16 ቻምፒዮና ኣትሌቲክ ኣፍሪካ ዝመርሑ ኢትዮጵያውያን ዳያኑ ብቕዓቶም ተተመስከረ'ውን ኣፍልጦ ግና ክረኽቡ ኣይካኣሉን፡፡ስለዝኾነ ከምዚ ዓይነት ንኣትሌቲክስ ዳያኑ ኣፍልጦን ምሃብ ሰናይ ጅማሮ ክቕፅል ከምዘለዎ ብዙሓት ይስማዐምዑ እዮም፡፡

## መኣዲ ጥበብ

# ‹‹ድሽታ ግና›› - ዜማ ፍቕርን ሓድነትን

**ትርሓስ ፍቃዱ**

ሰላም መንበብቲ ዓምዲ ኪነጥበባት፤ከምቲ ኣብ ርእሲ ፅሑፍና ዝገለፅናዮ ስራሕቲ ኪነ ጥበብ ብፍላይ ድማ ሙዚቃ ኣብ ዓለም ንዘለዉ ሰባት መረዳድኢ ቋንቋን ስምዒቶም ብቐሊሉ ንምግላፅ ዝጥቀሙሉ ዓብዪ ህያብ እዩ፡፡

ሙዚቃ ቋንቋ ዓለም ኾይኑ እናሃለወ፤ብፍላይ ኣብ ሃገርና ኢትዮጵያ ዝርከቡ ዝተፈላለዩ ስልትታት ሳዕስዒትን ህርመት ሙዚቃን ከምኡ'ውን ባህላዊ ኣልባሳት ብሓቂ ዘኹርዑን ዘደንቑን እዮም፡፡እሞ ድኣ እዚ ኹሉ መኹርዒ ባህልን ሃፍቲ ተፈጥሮን እናሃለወና ኣብ ክንዲ ፍቕሪ፣ ታሕጓስ፣ብጥበብ ምንባር፤ኽፉእ ዜናን መስካሕክሒ ትርኢት ምርኣይና ንምንታይ ይኸውን?ኹሉ ግዘ እዩ ዝገርመኒ፡፡

ጥበብ ሙዚቃ ሓያልን መፋቐሪትን ከምኡ ድማ ናፅነት እተጎናፅፍ እያ፣ሰብ እተፍትው ፣ተፈጥሮ እተፍትው፣ንእንስሳት ከይተረፈ ርህራሀን ፍቕርን እትዕድል ኮታስ ብሓፂሩ ምስጢር ምንባር ብሩፍታ ወይድማ ብልዋም እተላብስ ፍልይቲ ዕድሎት እያ፡፡

ነዚ ድማ እዩ ሓንቲ ነፀላ ውፅኢት ጥበብ ሙዚቃ ልዕሊ ሙሉእ ዶክትሬት ሓይልን ስምዒትን ዝህልዋ፡፡ ከምቲ ዝፍለጥ ኣብ ሃገርና ዶክተር እናተብሃሉ ዝፅውዑ ኢሞራላዊ ዘረባን ገረወይና ዝኾነ ገበነኦም ብዘይ ሓንቲ ሰኸፈት ኣብ ቕድሚ ኽንደይ ዝዓብዩ ህፃናትን ሃገር ተረከብቲ መናእሰይን ቐሊፆም ኣርእዮምና እዮም፤ምቕላዕ ጥራሕ ዘይኮነ ዘርኣውነት ሰቢኾምን ፣ክብሪ ሰብ ካብ እንስሳ ክንእስ ገይሮሞን እዮም፡፡

ብኣንፃሩ ድማ ውሑዳት መፍቀርቲ ጥበብን ሰብኣውነት ዝተላበሱ ፈተውቲ ሰብን ሃገርን ድማ ብነፀላ ደርፊ ሰብ ከስተውዕል፣ ክሓስብ፣ንሕልንኡ ክነብርን፤ፈጣሪ ንኣዳም ፈጢሩ ንሄዋን ካብ ጎኒ ዓፅሙ ሰሪሑ መናብርቱን መፋቕርቱን ከምኡ'ውን መባዝሕቱን ከምዝገበራ፤ዘይዝንጋዕ መሰረት ከምዝኾነ ብጥበብ ሙዚቃ ስምዒት ሰብኣውነት ኣስሪፆምልና እዮም፡፡

ካብ ኣቶም ሓደ ድምፃዊ ታሪኩ ጋንካሲ እዩ፡፡እዚ ድምፃዊ ተወላዲ ብሄረሰብ ኣሪ እንትኸውን ኣብ ቐረባ እዋን ብናህም ሪከርድስ ዝተሓተመት ‹‹ድሽታ ግና›› ዝተብሃለት ነፀላ ዜምኡ ኣዝያ ተፈትያትሉን ኣድናቖት ዝረኸበላ እንትኸውን ናይዛ ሙዚቃ ስልቲ ቶን (ድምፂ) መሳጣይን፤ እቲ ባህላዊ ሳዕስዒት ድማ ንዓይንኻ ዝማርኽ እዩ፡፡




‹‹ድሽታ ግና›› ብብሄረሰብ ኣሪ ኣብ እዋን መለወጢ ሓዱሽ ዓመት ዝዝየም ዜማ ከምዝኾነ ዝዛረብ እቲ ደራፋይ፣ ኣብ ውሽጢ እዛ ደርፊ ዘለው ግጥምታት ቋንቋ ኣሪን ኣምሓርኛን ዓብዪ መልእኽቲ ዘመሓላልፉ እዮም፤ብፍላይ ምስቲ ሐዚ ዘለናሉ ፅንፊ ዝረገፀ ብሄርተኝነትን ኣፈላላይ ጥራሕ ዝነገሰሉ እዋን ፈውሲ ዝኸውን ዜማ እዩ፡፡

ድምፃዊ ታሪኩ ኣብዚ ሐዚ ዘለዎ ብርኪ ቅድሚ ምብፅሑ ዘሕለፎ ናይ ህይወት ውፃእ ውረድ እንትዛረብ፤ ኣብ ኣዲስ ኣበባ መዓልታዊ ስራሕ ንመዓልቲ ሽውዓተ ቕርሺ እናተኸፈሎ ንሽዱሽተ ዓመታት ይሰርሕ ከምዝነበረን እቲ ዝረኽቦ ገንዘብ ምስ ናብርኡ ዘይመጣጠን ብምኳኑ ኣዝዩ ይፅገም ከምዝነበረን እስካ ናብ ጎዳና ምውፃእ በፂሐ ነይረ ይብል፡፡

ድምፃዊ ታሪኩ ብ 1994 ዓ/ም ናብ ሓይሊ መከላኸሊ ሃገር ብምፅምባር ድምበር ሃገሩ ንምሕላው ኣብ ባድመ ዘሚቱን ካብዚ ሓሊፉ ድማ ወታደራዊ ታዕሊም ይህብ ከምዝነበረን ይዛረብ፡፡እዛ ደርፊ ቕድሚ ኽልተ ዓመት ዝደረፋ እንትኸውን ከም ብሓዱሽ ከምዝወፀት ይሕብር፡፡

ድምፃዊ ታሪኩ በዓል ሓዳርን ኣቦ ሓሙሽተ ቖልዑን እንትኸውን ኣብዚ ሐዚ እዋን ካብ ጂንካ ኣስታት 20 ኪሎ ሜትር ሪሒቓ እትርከብ መርጋ እትበሃል ጣብያ ምስ ስድርኡ ኣብ ስራሕቲ ግብርና ተዋፊሩ ከምዝርከብ ይዛረብ፡፡

እምበኣርኸስ ደቂ ሓደ ኣቦ ከምዝኾንና ብኸምዚ ዝስዕብ ግጥሙ ገይሩ የዘኻኽረናን የረዳኣናን፤ኣበይ ኣለኹም ብዓል ኽስቶ ናተይ ዘርኢ ይበልፅ ኽስቶባ ኽርዳድ ትብሉ ሰብ ኣስኳላ በሉ ተኣንገዱ ፈውስኹም እዚኣ እያ፡፡

እኔና አዳም አንድ አባቴ፣ (ሓደ ኣቦና ኣነን ኣዳምን)

አንቺና ሄዋን አንድ አጥንቴ፣ ( ዓፅመይ ኢኺ ንስኺ ሄዋን)

ታድያ ይገኔ የመጣሁት ይገኔ ምመለሰዉ አንድም ነገር የለም፣(እንታይ ...ድኣ....ሒዘ መፂአ ሒዘ ዝምለሶ ሓደ ነገር የለን)

ታድያ ምርጡ ዘር ፣ እንክርዳድ ማነው ያለው (እንታይ ድኣ ምሩፅ ዘርኢ መን'ዩ ኽርዳድ ዝበሎ)

ምነው ( እንታይ ጉዱ)

የምድር ስራ እንጂ የሚያስጠይቅ (ናይ ምድሪ ስራሕ'ምበር ዘሕትት)

በርሱ ፊት ስንቆም ዘር አያፀድቅ። (ኣብ ቕድሙኡ ጠጠው እንትንብል ዘርኢ ኣየፅድቕ)/2 ግዘ/

የሚያጥባት የለ የሚጠርጋት የለ (ዝሓፅባ የለ ዝፀርጋ የለ)

ሰማይን እያት አቤት ማማሯ፣(ከምይ ከም እትምዕርግ ሰማይ እንትሪአ)

ወይኔ ምድር (ወይኣነ ምድሪ)/2 ግዘ/

እኔ ካንቺ አንቺ ከኔ፣ ፍቅር ጠፋ (ኣነ ንዓኺ ንስኺ ንዓይ፣ፍቕሪ ጠፊኡ) /2 ግዘ/

ዘምበል ብለህ እያ፣ አንዱ አባቴ አዳም ወንድሜ(ደንን ኢልካ ርኣያ፣ሓደ ኣቦይ፣ኣዳም ሓወይ)/2 ግዘ/

እኔና ኣዳም አንድ አባቴ(ኣነን ኣዳምን ሓደ ኣቦና)

እኔና ሄዋን ኣንድ ኣጥንቴ (ኣነን ሂዋንን ሓደ ዓፅምና)

እኔ ከዛ መጣሁ (ኣነ ካብኡ መፂአ)

ኣንቺም ከዛ መጣሽ(ንስኺ ካብኡ መፂኢኺ)

ኣንተ ከዛ መጣህ (ንስኻ ካብኡ መፂኢኻ)

መሃል ምን ገባ?(ኣብ ማእኸልና እንታይ ኣተወ?)

ያ ባቢሎን እኛን በታተነን (እቲ ባቢሎን ንዓና በታቲኑ)

ይህው እስከ ዛሬ የእውነት ፍቅር ኣጣን(እንሄና ስጋብ ሎሚ፤ፍቅሪ ሓቂ ስኢና )

የሚዘፍን የለ የሚዘምር የለ(ዋላ ዝደርፍ የለ፤ዝዝምር የለ)

እንደው ምን ይሻላል(ብስሩኸ እንታይ ይሕሸና)

የምድር ስራ እንጂ የሚያስጠይቅ (ናይ ምድሪ ስራሕ'ምበር ዘሕትት)

በርሱ ፊት ስንቆም ዘር አያፀድቅ። (ኣብ ቕድኡሚኡ ጠጠው እንትንብል ዘርኢ ኣየፅድቕ)/3 ግዘ/

በሉ ጠጥዑሙ የሕስበና ዝሓለፈ ኽፍኣት ይኣኽለና መፃኢ ልዋም የሕስበና እናበልኹ እዛ ሰለስተ ዘለላ ግጥሚ ክብለልኩም፡፡

ጎይታ ሓደ እዩ ሕሰቡ ደጊምኹም

ሰብ ኣይተቃትሉ ንባዕልኹም ሞይትኹም

ኣቱም ብደውኹም ልሞትኹም፡፡

(ናየይ እያ ናባዕለይ )

ብቤት ሕትመት ብርሃንን ሰላምን ተሓቲሙ